# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 24 ዓመት ቑ.1 መቐለ
283/2009 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

24ኛ ዓመት ቁ.1 መቐለ
283/2009 ዓ/ም


**<u>ቑፅሪ ኣዋጅ 283/2009</u>**

**<u>ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ</u>**

ዕብየት ቁጠባ ሃገርና ምስ ዝበፅሓሉ ብርኪ ዝተጠዓዓመን ንዕብየት እቲ ቁጠባ ዝሕግዝ ዘመናውን ቅልጡፍን ስርዓት ምዝርጋሕ ስለዘድለየ፤

ስርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ ፍትሓውነት ዘለዎ ንክኸውንን ግብሪ ዘይኸፈሎም ኣታውታት ኣብ መርበብ ግብሪ ንክኣትዉ ኣድላዪ ብምዃኑ፤

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዓንቀፅ 49/3(ሀ) ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**<u>ምዕራፍ ሓደ</u>**

**<u>ሓፈሻዊ</u>**

**ዓንቀፅ 1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>**

እዚ ኣዋጅ " ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 283/2009" ተባሂሉ ይጥቀስ።

**ዓንቀፅ 2. <u>ትርጉም</u>**

ኣብ ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ትርጉም ዝተወሃቦ ቃል ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሉን ነዚ ኣዋጅ ዝተፈለየ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብ ኣዋጅ ምምምሕዳር

**<u>ኣዋጅ ቁጥር 283/2009</u>**

**<u>የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢ ግብር አዋጅ ተሻሽሎ የወጣ</u>**

የአገራችን የኢኮኖሚ ዕድገት ከደረሰበት ደረጃ ጋር የተጣጣመ እና የኢኮኖሚውን ዕድገት የሚያግዝ ዘመናዊና ቀልጣፋ የግብር ሥርዓት መዘርጋት በማስፈለጉ፣

የግብር አከፋፈሉ ሥርዓት ፍትሀዊነት ያለው እንዲሆን እና ግብር የማይከፈልባቸው ገቢዎች በግብር መረብ ውስጥ እንዲገቡ ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልል ህገመንግስት አንቀጽ 49/3(ሀ) መሰረት የሚከተለው አዋጅ አውጥቷል።

**<u>ምዕራፍአንድ</u>**

**<u>ጠቅላላ</u>**

**አንቀጽ1.<u>አጭር ርዕስ</u>**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 283 /2009" ተብሎ ይጠቀሳል።

**አንቀጽ 2.<u>ትርጉም</u>**

በግብር አስተዳደር አዋጁ ትርጉም የተሰጠው ቃል በዚህ አዋጅ ውስጥ ጥቅም ላይ የዋለ እንደሆነ ለዚህ አዋጅ የተለየ ትርጉም ካልተሰጠው በስተቀር በግብር አስተዳደር አዋጁ


ናይ ሓደ ዋጋ / የንዱ ዋጋ: 19.40

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ..ሳ / ነጋሪት ጋዜጣ ሳ.ቁ: 291

ግብሪ ዝተውሃበ ትርጉም ዝህልዎ ኮይኑ በዚ ኣዋጅ።

1/ " መጠን ገንዘብ" ብዓይነት ዝተገለፀ መጠን እውን ይሓውስ፤

2/ "ስራሕ ንግዲ" ማለት

ሀ) ብተኸታታሊ ወይ ድማ ንሓፂር እዋን ንትርፊ ዝሳለጥ ዝኾነ ኢንዱስትሪ ፣ ንግዲ ፣ ናይ ሞያ ወይ ስራሕቲ ፕሮፌሽናል እንትኸውን ተቖፃሪ ንቖፃሪ ዝህቦ ግልጋሎት ወይ ምክራይ ገዛ ኣይሓውስን፣

ለ) ብመሰረት ሕጊ ንግዲ ስራሕ ንግዲ እዩ ተባሂሉ ኣፍልጦ ዝተውሃቦ ካልእ ዝኾነ ስራሕ፣ ወይ

ሐ) ዕላማ እቲ ኩባንያ ዝኾነ ይኹን ምክራይ ህንፃ ዘይሓወሰ ዝኾነ ማሕበር ኣክስዮን ወይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ዝሰርሖ ዝኾነ ስራሕ፣

3/ "ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ" ማለት ኣብ ከይዲ ምስላጥ ስራሕ ንግዲ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ዝተትሓዘ ወይ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሃፍቲ እዩ፤

4/ "ኣታዊ ስራሕ ንግዲ" ማለት ኣብ ዓንቀፅ 22 እዚ ኣዋጅ ዝተውሃበ ትርጉም ይህልዎ፤

5/ "ምርካብ" ማለት

ሀ) ንኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግድን ክራይን ፡

(1) ሒሳቡ ብሜላ ኣታሓሕዛ ሒሳብ ተኸፉልን ተኣካብን ንዝሕዝ ከፋሊ ግብሪ ፣ ንምቕባል ዘኽእል መሰል ምርካብ፣

(2) ሒሳቡ ኣብ ምንቅስቓስ ጥረ ገንዘብ ዝተመስረተ ሜላ ኣታሕዛ ሒሳብ ንዝሕዝ ከፋሊ ግብሪ ምቕባል፣ ወይ

ለ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ንዝተወሰነ ዝኾነ ካልእ ግብሪ፣ ምቕባል እዩ፣

የተሰጠው ትርጉም የሚኖረው ሆኖ በዚህ አዋጅ።

1/ "የገንዘብ መጠን" በዓይነት የተገለፀ መጠንንም ይጨምራል፤

2/ "የንግድ ሥራ" ማለት፣

ሀ) በተከታታይ ወይም ለአጭር ጊዜ ለትርፍ የሚከናወን ማንኛውም የኢንዱስትሪ፣ የንግድ፣ የሙያ ወይም ፕሮፌሽናል ሥራ ሲሆን ተቀጣሪ ለቀጣሪው የሚሰጠውን አገልግሎት ወይም ቤት ማከራየትን አይጨምርም፣

ለ) በንግድ ሕግ መሠረት የንግድ ሥራ ነው ተብሎ እውቅና የተሰጠው ሌላ ማንኛውም ሥራ፣ ወይም

ሐ) ሕንጻ ማከራየትን ሳይጨምር የኩባንያው ዓላማ ምንም ቢሆን ማንኛውም የአክሲዮን ማህበር ወይም ኃላፊነቱ የተወሰነ የግል ማህበር የሚሠራው ማንኛውም ሥራ፤

3/ "የንግድ ሥራ ሀብት" ማለት የንግድ ሥራ በማከናወን ሂደት በሙሉ ወይም በከፊል የንግድ ሥራ ገቢ ለማግኘት የተያዘ ወይም ጥቅም ላይ የዋለ ሀብት ነው፤

4/ "የንግድ ሥራ ገቢ" በዚህ አዋጅ በአንቀጽ 22 የተሰጠው ትርጉም ይኖረዋል፤

5/ " ማግኘት" ማለት፣

ሀ) ለንግድ ሥራ እና ለኪራይ ገቢ ግብር፤

(1) በተከፋይና ተሰብሳቢ የሒሣብ አያያዝ ዘዴ ሒሳቡን ለሚይዝ ግብር ከፋይ፣ለመቀበል የሚያስችል መብት ማግኘት፣

(2) ሒሳቡን በጥሬ ገንዘብ እንቅስቃሴ ላይ በተመሠረተ የሒሳብ አያያዝ ዘዴ ለሚይዝ ግብር ከፋይ፣ መቀበል፣ ወይም

ለ) በዚህ አዋጅ መሠረት ለተጣለ ማንኛውም ሌላ ግብር፣ መቀበል ነው፤

6/ "ብፅሒት ትርፊ" ማለት ሓደ ትካል ንኣባላቱ ዘከፋፍሎ ትርፊ እንትኸውን ዝስዕቡ ይሓውስ፣

ሀ) ካፒታል እቲ ትካል ብኽፋል እንትኽንስ ነቲ ኣባል ብኣባልነቱ ተመላሲ ዝግበረሉ ካብ ውሽጢ ካፒታል ካብ ዝተቐነሰ ብሽሙ ካብ ዝተመዝገበ ዋጋ ጥቕሚ ኣባልነት ብላዕሊ ዝኾነ መጠን ገንዘብ፣

ለ) እቲ ትካል ብምኽንያት መሊሱ ብምሻጡ ወይ ብምዕፃዉ ወይ ኩባንያ ብምፍራሱ ወይ ሽርክና ብምቁራፁ ጥቕሚ ኣባልነት እንትስረዝ ነቲ ኣባል ተመላሲ ዝተገበረሉ ኣብ ውሽጢ ካፒታሉ ካብ ዝነበረ ብሽሙ ካብ ዝተመዝገበ ጥቕሚ ኣባልነት ብላዕሊ ዝኾነ መጠን ገንዘብ፣

ሐ) እቲ ትካል ንሓደ ኣባል ትካል ወይ ምስቲ ኣባል ርክብ ንዘለዎ ሰብ ትርፊ ናይ ምምቕቓል ውፅኢት ብዘስዕብ ልውውጥ ዕዳጋ ዘለቀሖ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ፣ ንሓደ ሃፍቲ ወይ ግልጋሎት ዝፈፀሞ ክፍሊት ዝቐረበ ዝኾነ ሃፍቲ ወይ ዋጋ ግልጋሎት ወይ ዝተገደፈ ዕዳ ልቓሕ፤

7/ " ተቖፃሪ" ማለት ዓርሱ ክኢሉ ዝሰርሕ ተቓራፂ ስራሕ ከይሓወሰ ኣብ ትሕቲ መሪሕነትን ቁፅፅርን ካልእ ሰብ ኮይኑ ግልጋሎት ንምሃብ ብቀዋምነት ወይ ብግዚያውነት ዝተቖፀረ ውልቀ ሰብ እንትኸውን ዳይሬክተር ትካል ወይ ኣብ መሪሕነት ትካል ሓላፍነት ዝተውሃቦ ካልእ ሰብ ከምኡውን ሹመኛን ናይ ህዝቢ ተመራፅን ሓዊሱ ሓላፊ ስራሕ መንግስትን የጠቓልል፤

8/ "ቆፃሪ" ማለት ንተቖፃሪ ዝቖፀረ ወይ ንተቖፃሪ መሃያ ዝኸፍል ሰብ እዩ፤

9/ " ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ" ብዓንቀፅ 13 እዚ ኣዋጅ ዝተውሃበ ትርጉም ይህልዎ፤

6/ "የትርፍ ድርሻ" ማለት አንድ ድርጅት ለአባላቱ የሚያከፋፍለው ትርፍ ሲሆን የሚከተሉትን ይጨምራል፤

ሀ) የድርጅቱ ካፒታል በከፊል ሲቀንስ ለአባሉ በአባልነቱ ተመላሽ የሚደረግለት ከካፒታሉ ውስጥ ከተቀነሰው በስሙ ከተመዘገበ የአባልነት ጥቅም ዋጋ በላይ የሆነው የገንዘብ መጠን፣

ለ) ድርጅቱ መልሶ በመሸጡ ወይም በመዘጋቱ ወይም ኩባንያው በመፍረሱ ወይም ሽርክና በመቋረጡ ምክንያት የአባልነት ጥቅም ሲሰረዝ ለአባሉ ተመላሽ የተደረገለት በካፒታሉ ውስጥ ከነበረው በስሙ ከተመዘገበ የአባልነት ጥቅም ዋጋ በላይ የሆነው የገንዘብ መጠን፣

ሐ) ድርጅቱ ለአንድ የድርጅት አባል ወይም ከአባሉ ጋር ግንኙት ላለው ሰው ትርፍ የማከፋፈል ውጤት በሚያስከትል ግብይት ያበደረው ማንኛውም የገንዘብ መጠን፣ ለአንድ ሀብት ወይም አገልግሎት የፈጸመው ክፍያ፣ የቀረበ ማንኛውም ሀብት ወይም አገልግሎት ዋጋ፣ ወይም የተተወ የብድር ዕዳ፤

7/ "ተቀጣሪ" ማለት ራሱን ችሎ የሚሠራን የሥራ ተቋራጭ ሳይጨምር በሌላ ሰው መሪነትና ቁጥጥር ሥር ሆኖ አገልግሎት ለመስጠት በቋሚነት ወይም በጊዜያዊነት የተቀጠረ ግለሰብ ሲሆን የድርጅት ዳይሬክተርን ወይም በድርጅቱ አመራር ውስጥ ኃላፊነት የተሰጠውን ሌላ ሰው እንዲሁም ተሿሚንና የሕዝብ ተመራጭን ጨምሮ የመንግሥት ሥራ ኃላፊን ያጠቃልላል፤

8/ "ቀጣሪ" ማለት ተቀጣሪን የቀጠረ ወይም ለተቀጣሪው ደመወዝ የሚከፍል ሰው ነው፤

9/ "ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ" በዚህ አዋጅ አንቀጽ 13 የተሰጠው ትርጉም ይኖረዋል።

10/ "ካብ ግብሪ ነፃ ዝኾነ ኣታዊ" ማለት ኣብ ሰደቓ "ረ" እዚ ኣዋጅ ካብ ግብሪ ነፃ ዝኾነ ኣታዊ እዩ፤

11/ "ብርክታት ኣቀራርባ ፀብፃብ ፋይናንስ" ማለት ብኣዋጅ ኣደላልዋን ኣቀራርባን ፀብፃብ ፋይናንስ ዝተደንገጉ ብርክታት ኣቀራርባ ፀብፃብ ፋይናንስ እዮም፤

12/ "ጠቕላላ ኣታዊ" ማለት ወፃኢታት ተቐናሲ ቅድሚ ምግባሮም ሓደ ሰብ ዝረኸቦ ኣብ ሰደቓ 'ለ' ወይ 'ሐ' ዝምደብ ጠቕላላ ኣታዊ እዩ፤

13/ " ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ" ማለት ብመሰረት ዓንቀፅ 36 እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ መዓድን ዘሎ መሰል ወይ ሓበሬታ መዓድን ይሓውስ፤

14/ "ኣታዊ" ማለት ስሩዕ ዘይኮነ ኣታዊ ሓዊሱ ካብ ዝኾነ ፍልፍል ብጥረ ገንዘብ ወይ ብዓይነት ዝተረኸበ ወይ ብዝኾነ ኣገባብ ንክፋሊ ግብሪ ዝተኸፈሎ፣ ብሽሙ ዝተትሓዘሉ ወይ ዝተቐበሎ ዝኾነ ቁጠባዊ ረብሓ እዩ፤

15/ "ዓርሱ ዝኸኣለ ተቛራፂ ስራሕ" ማለት ስርሑ ብኣብዝሓ ብዓርሱ ምምራሕን ምቁፅፃርን እኹል ስልጣን ብመሰረት ዝህቦ ውዕል ግልጋሎት ዝህብ ውልቀ ሰብ እዩ፤

16/ "ወለድ" ማለት ገንዘብ ንምጥቃም ወይ እዋን ክፍሊት ንምንዋሕ በብእዋኑ ወይ ብሓደሻዕ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ እንትኸውን ቅናስ ፣ ፕሪምየም ወይ ካልኦት ተመሳሰልቲ ክፍሊታት ይሓውስ፤

17/ "ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ" ማለት ንኣመራርሓ ስራሕ ወይ ምምሕዳራዊ ግልጋሎት ዝኽፈል መጠን ገንዘብ እንትኸውን ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ኣይሓውስን፤

10/ "ከግብር ነፃ የሆነ ገቢ"ማለት በዚህ አዋጅ ሠንጠረዥ "ረ" ከግብር ነፃ የሆነ ገቢ ነው፤

11/ "የፋይናንስ ሪፖርት አቀራረብ ደረጃዎች" ማለት በፋይናንስ ሪፖርት አዘገጃጀትና አቀራረብ አዋጅ የተደነገጉት የፋይናንስ ሪፖርት አቀራረብ ደረጃዎች ናቸው፤

12/ "ጠቅላላ ገቢ" ማለት ወጪዎች ተቀናሽ ከመደረጋቸው በፊት አንድ ሰው ያገኘው በሠንጠረዥ "ለ" ወይም "ሐ" ሥር የሚወድቅ ጠቅላላ ገቢ ነው፤

13/ "የማይንቀሳቀስ ሀብት" በዚህ ኣዋጅ አንቀጽ 36 በተደነገገው መሠረት በማዕድን ሀብት ላይ ያለን መብት ወይም የማዕድን መረጃን ይጨምራል፤

14/ "ገቢ" ማለት መደበኛ ያልሆነ ገቢን ጨምሮ ከማንኛውም ምንጭ በጥሬ ገንዘብ ወይም በዓይነት የተገኘ ወይም በማንኛውም መንገድ ለግብር ከፋዩ የተከፈለው፣ በስሙ የተያዘለት ወይም የተቀበለው ማንኛውም የኢኮኖሚ ጥቅም ነው፤

15/ "ራሱን የቻለ ሥራ ተቋራጭ" ማለት ሥራውን በአመዛኙ በራሱ የመምራትና የመቆጣጠር በቂ ሥልጣን በሚሰጠው ውል መሠረት አገልግሎት የሚሰጥ ግለሰብ ነው፤

16/ "ወለድ" ማለት ገንዘብን ለመጠቀም ወይም የክፍያ ጊዜን ለማራዘም በየጊዜው ወይም በአንድ ጊዜ የሚከፈል የገንዘብ መጠን ሲሆን ቅናሽን፣ ፕሪሚየምን ወይም ሌሎች ተመሳሳይ ክፍያዎችንም ይጨምራል፤

17/ "የሥራ አመራር ክፍያ" ማለት ለሥራ አመራር ወይም አስተዳደራዊ አገልግሎት የሚከፈል የገንዘብ መጠን ሲሆን ከመቀጠር የሚገኝ ገቢን አይጨምርም፤

18/. "**ትካል**" ማለት ኩባንያ፣ ማሕበር ሽርክና፣ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ትካል ፋይናንስ መንግስቲ ወይ ካሊእ ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ወፃኢ ሃገር ዝተመስረተ ትካል ሰባት እዩ፣

19/."**ኩባንያ** " ማለት ናይ ባዕሉ ሕጋዊ ሰውነት ዘለዎ ብመሰረት ንግዲ ሕጊ ኢትዮጵያ ስራሕ ንግዲ ንምስራሕ ዝተጣየሸ ትካል እንትኸውን ብመሰረት ሕጊ ካልእ ሃገር ዝተጣየሸ ትካል ንግዲ ዝሓውስ እዩ፣

20/ "**ሰብ**" ማለት ውልቀ ሰብ ፣ ትካል፣ መንግስቲ ፣ ኣካል ምምሕዳር መንግስቲ ወይ ዓለም ለኸ ትካል እዩ፣

21/ "**ምቕባል**" ዝስዕቡ የጠቓልል፡-

ሀ) ከፋሊ ግብሪ ብዘቕርቦ ሕቶ ወይ ብመሰረት ሕጊ ገንዘቡ ብሽም ከፋሊ ግብሪ ኣብ ጥቕሚ እንትውዕል፣

ለ) ንጥቕሚ እቲ ከፋሊ ግብሪ ተባሂሉ ገንዘቡ መሊሱ ኣብ ስራሕ እንትውዕል ወይ እንትጠራቐም ወይ ድማ ንመዕበዪ ካፒታል እንትውዕል፣

ሐ) ንጥቕሚ እቲ ከፋሊ ግብሪ ናብ ሒሳብ ባንኪ እንትኣቱ ወይ ናብ መሐለውታ ገንዘብ እንትዘዋወር፣ ወይ

መ) ብካልእ ብዝኾነ ኣግባብ ንቲ ከፋሊ ግብሪ ዝተተሓዘለ እንትኸውን፤

22/ "ሮያሊቲ" ማለት ካብዚ ስዒቦም ኣብ ዝተመልከቱ ንዝኾነ ዋኒን ብሓደ ግዜ ወይ በብእዋኑ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ እዩ፡-

ሀ) ዝኾነ ናይ ስነ-ፅሑፍ ፣ ስነ-ጥበብ ወይ መሰል ቅዳሕ ስራሕ ሳይንስ እንትኸውን ፣ ፊልምታት ንሬዲዮን ሲኒማቶግራፊ ፣ ቴሌቭዥን ወይ ንዝርገሐ ኢንተርኔት ዝውዕሉ ፊልምታትን ቴፓትን ምጥቃም ወይ ንምጥቃም

18/"**ድርጅት**" ማለት ኩባንያ፤ የሽርክ ማህበር፣ የመንግሥት የልማት ድርጅት ወይም የመንግሥት የፋይናንስ ድርጅት ወይም ሌላ በኢትዮጵያ ወይም በውጭ ሀገር የተመሠረተ የሰዎች ድርጅት ነው፤

19/."**ኩባንያ**" ማለት የራሱ ሕጋዊ ሰውነት ያለው በኢትዮጵያ የንግድ ሕግ መሠረት የንግድ ሥራ ለመሥራት የተቋቋመ ድርጅት ሲሆን በሌላ ሀገር ሕግ መሠረት የተመሠረተን የንግድ ድርጅት የሚጨምር ነው፣

20/ "**ሰው**" ማለት ግለሰብ፣ ድርጅት፣ መንግሥት፣ የመንግሥት የአስተዳደር አካል ወይም ዓለም አቀፍ ድርጅት ነው፣

21/ "መቀበል" የሚከተሉትን ያጠቃልላል፡-

ሀ)ግብር ከፋዩ በሚያቀርበው ጥያቄ ወይም በሕግ መሠረት ገንዘቡ በግብር ከፋዩ ስም ጥቅም ላይ ሲውል፣

ለ) ለግብር ከፋዩ ጥቅም ተብሎ ገንዘቡ መልሶ ሥራ ላይ ሲውል ወይም ሲጠራቀም ወይም ደግሞ ለካፒታል ማሳደጊያ ሲውል፣

ሐ) ለግብር ከፋዩ ጥቅም ወደ ባንክ ሂሳብ ውስጥ ሲገባ ወይም ወደ መጠባበቂያ ገንዘብ ሲዘዋወር፣

መ) በሌላ በማናቸውም መልኩ ለግብር ከፋዩ የተያዘለት ሲሆን፤

22."ሮያሊቲ" ማለት ከዚህ በታች ከተመለከቱት ለማንኛውም ጉዳይ በአንድ ጊዜ ወይም በየጊዜው የሚከፈል የገንዘብ መጠን ነው፡-

ሀ) ማንኛውንም የሥነ-ጽሑፍ፣ የሥነ-ጥበብ፣ ወይም የሳይንሳዊ ሥራ የቅጂ መብት ሲሆን፣ የሲኒማቶግራፊ ፊልሞችና ለሬድዮ ፣ ለቴሌቪዥን ወይም ለኢንተርኔት ሥርጭት የሚውሉ ፊልሞችና ፣ ቴፖችን መጠቀም ወይም

መሰል ምርካብ ይሓውስ፣

ለ) ካብ ፈነው ቴሌቭዥን ወይ ሬድዮ ወይ ምስ ዝርገሐ ኢንተርኔት ተታሓሒዙ ብሳተላይት ብኬብል ፣ ብኦፕቲክ ፋይበር ፣ ወይ ብካልእ ተመሳሳሊ ቴክኖሎጂ ዝመሓላለፍ ወይ ዝረአዩ ምስልታት ወይ ድምፅታት ወይ ምስልታትን ድምፅታት ምቕባል ወይ ንምቕባል ዘኽእል መሰል ምርካብ፣

ሐ) ዝኾነ መሰል ዋንነት ፈጠራ ፣ ፈጠራ ፣ ምልክት ንግዲ ፣ ንድፊ ወይ ሞዴል ፣ ፕላን ፣ ሚሽጥር ቀመር ወይ ከይዲ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ሃፍቲ ወይ ምጥቃም መሰል ወይ መሰል ምጥቃም ምርካብ፣

መ) ዝኾነ ኢንዱስትሪያዊ ፣ መሳርሒ ንግዲ ወይ ሳይንስ ምጥቃም ወይ ንምጥቃም መሰል ምርካብ ፣

ረ) ዝኾነ ተሞክሮ ንግዲ ፣ ሳይንስ ወይ ኢንዱስትሪ ዝምልከት ሓበሬታ ምጥቃም ወይ መሰል ምጥቃም ምርካብ፣

ሰ) ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ካብ ተራ ፊደል (ሀ ክሳብ ረ) ዝተዘርዘሩ ሃፍትታት ወይ መሰላት ምጥቃም ንኽከኣል ዝወሃብ ተወሳኺን ተቐፅላን ደገፍ፣

23) "ዓመት ግብሪ" ማለት፣

ሀ) ንውልቀ ሰብ እንትኾውን፣ እቲ በዓል መዚ መፍለጢ ፍቓድ ብፅሑፍ እንተዘይሂቡን ኣብቲ መፍለጢ ንዝተወሰኑ ቅድመ ኩነት ብምምላእ እቲ ውልቀ ሰብ ናይ ባዕሉ ዓመት ሒሳብ ዘይተጠቐመ እንተተረፉ ጥራሕ ፣ ካብ 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ ዘሎ እዋን ሓደ ዓመት እዩ፣

ለ)ንትካል እንትኾውን ዓመት ሒሳብ እቲ ትካል፣ ወይ

ሐ) ኣብ ዓንቀፅ 29 እዚ ኣዋጅ ዝተወሰነ

ለመጠቀም መብት ማግኘትን ይጨምራል፣

ለ) ከቴሌቪዥን ወይም ከሬድዮ ወይም ከኢንተርኔት ሥርጭት ጋር ተያይዞ በሳተላይት፣ በኬብል፣ በኦፕቲክ ፋይበር፣ ወይም በሌላ ተመሳሳይ ቴክኖሎጂ የሚተላለፉ ወይም የሚታዩ ምስሎችን፣ ወይም ድምፆችን ወይም ምስሎችና ድምፆች መቀበል ወይም ለመቀበል የሚያስችል መብት ማግኘት፣

ሐ) ማንኛውንም የፈጠራ ባለቤትነት መብት፣ ፈጠራ፣ የንግድ ምልክት፣ ንድፍ ወይም ሞዴል፣ ፕላን፣ የሚስጥር ቀመር ወይም ሂደት ወይም ሌላ ተመሳሳይ ሀብት ወይም መብት መጠቀም ወይም የመጠቀም መብት ማግኘት፣

መ) ማንኛውንም ኢንዱስትሪያዊ፣ የንግድ ወይም ሳይንሳዊ መሣሪያ መጠቀም ወይም ለመጠቀም መብት ማግኘት፤

ረ) ማንኛውንም ኢንዱስትሪያዊ፣ የንግድ ወይም ሳይንሳዊ ተሞክሮ የሚመለከት መረጃ መጠቀም ወይም የመጠቀም መብት ማግኘት፤

ሰ) በዚህ ንዑስ አንቀጽ ከፊደል ተራ (ሀ እስከ ረ) የተዘረዘሩትን ሀብቶች ወይም መብቶች መጠቀም እንዲቻል በተጨማሪነትና በተቀጽላነት የሚሰጥ ድጋፍ፤

23/ "የግብር ዓመት" ማለት፣

ሀ) ለግለሰብ ሲሆን፣ ባለሥልጣኑ በጽሑፍ ማስታወቅያ ፈቃድ ካልሰጠ እና በጽሑፍ ማስታወቅያው የተወሰኑትን ቅድመ-ሁኔታዎች በማሟላት ግለሰቡ የራሱን የሂሳብ ዓመት ካልተጠቀመ በስተቀር፣ ከሐምሌ 1 ቀን እስከ ሰኔ 30 ቀን ያለው የአንድ ዓመት ጊዜ ነው፤

ለ) ለድርጅት ሲሆን የድርጅቱ የሂሳብ ዓመት፤ወይም

ሐ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 29 የተወሰነው

መሰጋገሪ ዓመት ሒሳብ እዩ፣

24/ "ከፋሊ ግብሪ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ዘለዎ ሰብ እዩ፤

25/ "ክፍሊት ቴክኒክ" ማለት ንቴክኒካዊ ፣ ሞያዊ ፣ ወይ ንግልጋሎት ምምኽር ዝኽፈል ክፍሊት እንትኸውን ፣ ሰብ ሞያ ቴክኒክ ወይ ካልኦት ሰብ ሞያ ንምጥቃም ዝኽፈል ክፍሊት ይሓውስ፤

26/ " ኣቕሓ ንግዲ" ዝስዕቡ ይሓውስ

ሀ) ዝኾነ ዝፈረየ ፣ ዝተፈብረኸ ፣ ዝተገዝአ ወይ ንምፍራይ ፣ ንምሻጥ ወይ ንምልዋጥ ብዝኾነ ኩነታት ዝተረኸበ ኣቕሓ፣

ለ) ኣብ ከይዲ ምፍራይን ምፍብራኽን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዝኾነ ጥረ ኣቕሓ ወይ ሃላቒ ኣቕሓ፣ ወይ

ሐ) ንፅዕነት ወይ ንስራሕ ዘገልግል እንስሳ ከይሓወሰ ዝኾነ እንስሳ፣

27/ "ቀንዲ በዓል ዋንነት" ማለት ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ርክብ ብዘለዎ ትካል ወይ ትካላት ወይ ብውልቀ ሰባት ኣቢሉ ወይ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ውልቀሰብ ኣብ ዘይኮነ ትካል ዝተትሓዘ ጥቕሚ ዋንነት እዩ፣

28/ "ግብሪ ቀኒሱ ኣታዊ ክገብር ሓላፍነት ዝተውሃቦ ሰብ" ማለት ካብ ዝኽፈሎ ክፍሊት ብመሰረት ምዕራፍ ዓሰርተ እዚ ኣዋጅ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ እንትኸውን፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 86 እዚ ኣዋጅ ካብ ዝቕበሎ ክፍሊት ብዓርሱ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ሓላፍነት ንዘለዎ ሰብ እውን ይሓውስ፤

የመሸጋገሪያ የሂሳብ ዓመት ነው፤

24/ "ግብር ከፋይ" ማለት በዚህ አዋጅ መሠረት ግብር የመክፈል ግዴታ የተጣለበት ሰው ነው፤

25/ "የቴክኒክ ክፍያ" ማለት ለቴክኒካዊ፣ ሙያዊ፣ ወይም ለማማከር አገልግሎት የሚከፈል ክፍያ ሲሆን፣ የቴክኒክ ወይም ሌሎች ባለሙያዎችን ለመጠቀም የሚከፈል ክፍያን ይጨምራል፤

26/ "የንግድ ዕቃ" የሚከተሉትንም ይጨምራል፤

ሀ) ማንኛውም የተመረተ፣ የተፈበረከ፣ የተገዛ ወይም ለማምረት፣ ለመሸጥ ወይም ለመለወጥ በማናቸውም ሁኔታ የተገኘ ዕቃ፣

ለ) በማምረት ወይም በመፈብረክ ሂደት ውስጥ ጥቅም ላይ የሚውል ማንኛውም ጥሬ ዕቃ ወይም አላቂ ዕቃ፣ ወይም

ሐ) ለጭነት ወይም ለሥራ የሚያገለግሉ እንስሳትን ሳይጨምር ማንኛውም እንሰሳ፤

27/ "ዋና ባለቤትነት" ማለት በድርጅት ውስጥ በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ መንገድ ግንኙነት ባለው ድርጅት ወይም ድርጅቶች ወይም በግለሰቦች አማካኝነት ወይም በግለሰብ ባለቤትነት ሥር ባልሆነ ተቋም አማካኝነት የተያዘ የባለቤትነት ጥቅም ነው፤

28/ "ግብር ቀንሶ ገቢ የማድረግ ኃላፊነት የተጣለበት ሰው" ማለት ከሚከፍለው ክፍያ ላይ በዚህ አዋጅ ምዕራፍ አሥር መሠረት ግብር ቀንሶ የማስቀረት ኃላፊነት ያለበት ሰው ሲሆን፣ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 86 መሠረት ከሚያገኘው ክፍያ ላይ ግብር ራሱ ቀንሶ የማስቀረት ኃላፊነት ያለበትንም ሰው ይጨምራል፤

29/ "ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ" ማለት ብመሰረት ምዕራፍ ዓሰርተ እዚ ኣዋጅ ግብሪ ተቐኒሱ ዝተሓዘሉ ኣታዊ እዩ፤

30/ "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ትግራይ እዩ፤

31/ "ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ" ማለት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣

32/ "በዓል መዚ" ማለት በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ እዩ።

**ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስተይቲ እውን የካትት።

**ዓንቀፅ4. ብርኽታት ከፈልቲ ግብሪ**

1/ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ክበሃል ዝስዕቡ ብርኽታት ከፈልቲ ግብሪ ይህልዉ፡

ሀ) ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ሀ" ፣

(1) ትካል፣ ወይ

(2) ጠቕላላ ዓመታዊ ኣታዊኡ ብር 1,000,000.00 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾነ ካልእ ሰብ ፣

ለ) ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ለ" ዝበሃል ትካል ከይሓወሰ ጠቕላላ ዓመታዊ ኣታዊኡ ካብ ብር 1,000,000 ዝንእስ ነገር ግን ብር 500,000 ን ልዕሊኡን ዝኾነ፣

ሐ) ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ሐ" ዝበሃል ትካል ከይሓወሰ ጠቕላላ ዓመታዊ ኣታዊኡ ካብ ብር 500,000 ዝነኣሰ ሰብ እዩ።

2/ በዓል መዚ ከፋሊ ግብሪ ዘፍልጦ ግብሪ ወይ ዝረኸቦ ካልእ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ነቲ ዓመት ግብሪ ብርኪ ከፋሊ ግብሪ ዝተለወጠ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን።

3/ እቲ ባዓል መዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተን ንከፈልቲ ግብሪ ብርኪ

29/ "ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ" ማለት በዚህ አዋጅ ምዕራፍ አሥር መሠረት ግብር ተቀንሶ የሚያዝበት ገቢ ማለት ነው።

30/ "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ነው፤

31/ " ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ነው፣

32/ " ባለ ስልጣን" ማለት የትግራይ ክልል ገቢዎች ልማት ባለስልጣን ነው።

**አንቀጽ 3. የፆታ አገላለፅ**

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተገለፀ ሁሉ ሴትንም ያጠቃልላል።

**አንቀጽ 4. የግብር ከፋይ ደረጃዎች**

1/ ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም ሲባል የሚከተሉት የግብር ከፋይ ደረጃዎች ይኖራሉ።

ሀ) የደረጃ "ሀ" ግብር ከፋይ፣

(1) ድርጅት፣ ወይም

(2) ጠቅላላ ዓመታዊ ገቢው ብር 1,000,000 ወይም ከዚህ በላይ የሆነ ማንኛውም ሌላ ሰው፣

ለ) የደረጃ "ለ" ግብር ከፋይ የሚባለው ድርጅትን ሳይጨምር ዓመታዊ ጠቅላላ ገቢው ከብር 1,000,000 የሚያንስ ነገር ግን ብር 500,000 እና ከዚያ በላይ የሆነ

ሐ) ደረጃ "ሐ" ግብር ከፋይ የሚባለው ድርጅትን ሳይጨምር ዓመታዊ ጠቅላላ ገቢው ከብር 500,000 የሚያንስ ሰው ነው።

2/ ባለሥልጣኑ ግብር ከፋዩ የሚያሳውቀውን ግብር ወይም የሚያገኘውን ሌላ መረጃ መሠረት በማድረግ ለግብር ዓመቱ የግብር ከፋዩ ደረጃ የተለወጠ መሆን አለመሆኑን ይወስናል።

3/ ባለስለጣኑ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 የተመለከተውንና ግብር ከፋዮችን የደረጃ "ሀ"፣

"ሀ"፣ ብርኪ "ለ" ወይ ብርኪ "ሐ" ከፊልቲ ግብሪ ኢሉ ንምምዳብ ዘኽእሎ መጠን ጠቕላላ ዓመታዊ ኣታዊ ኣብ ቁጠባዊ መፅናዕቲ ተመስሪቱ እንተወሓደ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ዘሎ ግዜ ከማሓይሽ ኣለዎ፡፡

**ዓንቀፅ 5.** **ብቀዋምነት ዝሰርሕ ትካል**

1/ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፣ 3 ፣ 4 ን 5 ን እዚ ዓንቀፅ ሕልዋት ኮይኖም፣ "ብቀዋምነት ዝሰርሕ ትካል" ዝበሃል ዝኾነ ሰብ ስራሕቲ ንግዱ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ዘሳልጠሉ ቀዋሚ ቦታ ስራሕ ንግዲ እዩ፤

2/ ካብዚ ብታሕቲ ዝተዘርዘሩ ከም ብቀዋምነት ዝሰርሕ ትካል ይውሰዱ፡-

ሀ) ዋና ተግባሩ መራኸቢ እቲ ትካል ኮይኑ ካብ ዘገልግል ቤት ፅሕፈት ወፃኢ ምምሕዳራዊ ስራሕቲ ዝሳለጠሉ ቦታ ፣ ቤት ፅሕፈት ፣ ፋብሪካ ፣ መኽዝን ወይ ወርክሾፕ፣

ለ) ቦታ መፍረዪ መዓድን፣መፍረዪ ፀፀር ወይ ካልእ ኣለኻ ሃፍቲ ተፈጥሮ ወይ ስራሕ ምፍራይ ዝሳለጠሉ ቦታ፣

ሐ) ንሓደ ወይ ዝተተሓሓዙ ፕሮጀክታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንልዕሊ 183(ሓደ ሚእትን ሰማንያን ሰለስተን) መዓልትታት ንዝኾነ ግዜ ተቖፀርቲ ወይ ካልኦት ሰራሕተኛታት ብምምዳብ ግልጋሎት ምኽሪ ሓዊሱ ዝኾነ ካልእ ግልጋሎታት ዝህበሉ ቦታ፣

3/ ስራሕ ህንፀቱ ፣ ፕሮጀክቱ ፣ ምንቅስቓስ ስርሑ ንልዕሊ 183(ሓደ ሚእትን ሰማንያን ሰለስተን) መዓልትታት ዝፀንሕ ክሳብ ዝኾነ ስራሕ ህንፀት ዝካየደሉ ቦታ ፣ ህንፀት ፣ ምግጥጣም ወይ ፕሮጀክት ተኸላ ወይ ምስዚ ዝተተሓሓዙ ስራሕቲ ቁፅፅር ብቀዋምነት ዝሰርሕ ትካል ተገይሮም ይውሰዱ፡፡

የደረጃ "ለ" ወይም የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋይ ብሎ ለመመደብ የሚያስችለውን ዓመታዊ ጠቅላላ የገቢ መጠን በኢኮኖሚ ጥናት ላይ በመመስረት ቢያንስ በአምስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ማሻሻል አለበት፡፡

**አንቀጽ 5.** **በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት**

1/ የዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2፣ 3፣ 4 እና 5 ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ "በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት" የሚባለው ማናቸውም ሰው የንግድ ሥራውን በሙሉ ወይም በከፊል የሚያከናውንበት ቋሚ የንግድ ሥራ ቦታ ነው፡፡

2/ ከዚህ በታች የተዘረዘሩት በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት ተደርገው ይወሰዳሉ፡፡

ሀ) ዋንኛ ተግባሩ የድርጅቱ አገናኝ ሆኖ ከሚያገለግለው ጽሕፈት ቤት በስተቀር የአስተዳደር ሥራ የሚከናወንበት ቦታ ፣ ቢሮ ፣ ፋብሪካ ፣ መጋዘን ወይም ወርክሾፕ፣

ለ) የማዕድን ማምረቻ ሥፍራ፣ የግንባታ ጠጠር ማምረቻ፣ ወይም ሌላ ማናቸውም የተፈጥሮ ሀብት ፍለጋ፣ ወይም ማምረት ሥራ የሚከናወንበት ቦታ፣

ሐ) ለአንድ ወይም ለተያያዙ ፕሮጀክቶች በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ ከ183 (አንድ መቶ ሰማንያ ሶስት) ቀናት በላይ ለሆነ ጊዜ ተቀጣሪዎችን ወይም ሌሎች ሠራተኞችን በመመደብ የምክር አገልግሎትን ጨምሮ ሌሎች ማናቸውም አገልግሎቶች የሚሰጡበት ቦታ፤

3/ የግንባታው ሥራ፣ ፕሮጀክቱ ወይም የሥራ እንቅስቀሴው ከ183(አንድ መቶ ሰማንያ ሶስት) ቀናት በላይ የሚቆይ እስከሆነ ድረስ የህንፃ ግንባታ ሥራ የሚከናወንበት ሥፍራ፣ የግንባታ፣ የመገጣጠም ወይም የተከላ ፕሮጀክት ወይም ከእነዚህ ጋር የተገናኙ የቁጥጥር ሥራዎች በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት ተደርገው

4/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ን (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን ርእሱ ክኢሉ ዝሰርሕ ወኪል ብኣከያይዳ ስሩዕ ንግዲ ካብ ዘሳልጦ ተግባር ወፃኢ ዝኾነ ሰብ "ወካሊ" ተባሂሉ ዝፅዋዕ ካልእ ሰብ ወኪል ብምዃን ብሽም ካልእ ሰብ ዝሰርሕ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እቲ ወኪል ናይ ወካሊኡ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል እዩ ዝበሃል፤

ሀ) ብሽም ወካሊ ብቀዋምነት ውዕልታት ዝደራደር፣ወይ

ለ) ብሽም ወካሊ ኣቕሑት ንግዲ ንምርካብ ኣኪቡ ዝሕዝ እንተኾይኑ እዩ።

5/ በዚ ዓንቀፅ " ዓርሱ ክኢሉ ዝሰርሕ ወኪል" ማለት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር እቲ ዝወከሎ ሰብ ከይኮነ ዓርሱ ክኢሉ ዝሰርሕ ደላላ ወይ ኮምሽን ዝኽፈሎ ወኪል ወይ ካሊእ ወኪል እንትኸውን ናይ ንግዲ ወይ ፋይናንስ ርክቦም ዓርሶም ክኢሎም ካብ ዝሰርሑ ሰባት ዝተፈለየ ዝኾነ ብብሕታውነት ወይ ብዋናነት ንሓደ ሰብ ወኪል ብምዃን ንዝሰርሑ ኣይሓውስን።

**ዓንቀፅ 6. <u>ነባርነት</u>**

1/ ዝስዕቡ ነበርቲ ክልል ትግራይ እዮም።

ሀ) ነባሪ ዝኾነ ውልቀ ሰብ፣

ለ) ነባሪ ዝኾነ ትካል፣

ሐ) መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ፣

2/ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ን (4) እዚ ዓንቀፅ ሕልዋት ኮይኖም ሓደ ውልቀ ሰብ ኣብ ትግራይ ነባሪ እዩ ዝበሃል፦

ሀ)ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ትግራይ ቀዋሚ ኣድራሻ መንበሪ ዘለዎ፣

ለ)ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘለዎ ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ብመንግስቲ ክልል ትግራይ ወይ ነበርቲ

ይወሰዳሉ።

4/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) እና (2) የተደነገገው ቢኖርም ራሱን ችሎ የሚሠራ ወኪል በመደበኛ የንግድ ሥራ አካሄድ ከሚያከናውነው ተግባር በስተቀር ማናቸውም ሰው"ወካይ" ተብሎ ለሚጠራ ሌላ ሰው ወኪል በመሆን በሌላ ሰው ስም የሚሰራ በሚሆንበት ጊዜ ወኪሉ የወካዩ በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት ነው የሚባለው፤

ሀ) በወካዩ ስም በቋሚነት ውሎችን የሚደራደር፣ ወይም

ለ) በወካዩ ስም የንግድ ዕቃዎችን ለማስረከብ አከማችቶ የሚይዝ ከሆነ ነው።

5/ በዚህ አንቀጽ "ራሱን ችሎ የሚሠራ ወኪል" ማለት በሚወክለው ሰው ቁጥጥር ስር ሳይሆን ራሱን ችሎ የሚሠራ ደላላ ፣ የኮሚሽን ወኪል ወይም ሌላ ወኪል ሲሆን ፣ የንግድ ወይም የፋይናንስ ግንኙነታቸው ራሳቸውን ችለው ከሚሠሩ ሰዎች የተለየ የሆነውን በብቸኝነት ወይም በዋነኛነት ለአንድ ሰው ወኪል በመሆን የሚሠሩትን አይጨምርም።

**አንቀጽ 6. <u>ነዋሪነት</u>**

1/ የሚከተሉት የትግራይ ክልል ነዋሪዎች ናቸው፡

ሀ) ነዋሪ የሆነ ግለሰብ፣

ለ) ነዋሪ የሆነ ድርጅት፣

ሐ) የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግሥት

2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) እና (4) እንደተጠበቁ ሆነው፤ አንድ ግለሰብ በትግራይ ነዋሪ ነው የሚባለው፡-

ሀ) በክልሉ ውስጥ ቋሚ የመኖሪያ አድራሻ ያለው፣

ለ) የኢትዮጵያ ዜግነት ያለውና በክልሉ መንግስት ወይም በክልሉ ነዋሪ የሆኑ ተቋማት

እዚ ክልል ዝኾኑ ትካላትን ተመዲቡ ዝሰርሕ፣

ሐ) ኣብዚ ክልል ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ጊዜ ብዘይ ምቁራፅ ወይ ብምምልላስ ንልዕሊ 183 (ሓደ ሚእትን ሰማንያን ሰለስተን) መዓልትታት ዝነበረ ውልቀ ሰብ፣

3/ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ "ዝተትሓዘ ዓመት ግብሪ" ተባሂሉ ዝጥቀስ ንሓደ ዓመት ግብሪ ነባሪ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግብሪ ነባሪ ዘይኮነ እንተነይሩ በቲ ዝተትሓዘ ዓመት ግብሪ ከምነባሪ ኮይኑ ዝቑፀር ንፈለማ እዋን ኣብ ክልልና ምንባር ካብ ዝጀመረሉ እዋን እዩ፣

4/ ሓደ ውልቀሰብ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ብዝተትሓዘ ዓመት ግብሪ ነባሪ ኮይኑ፣ ኮይኑ ግና ብዝቕፅል ዓመት ግብሪ ነባሪ ዘይኮነ እንተኾይኑ፣ በቲ ዝተትሓዘ ዓመት ግብሪ ከም ነባሪ ኮይኑ ዝቑፀር እቲ ውልቀ ሰብ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ ክልል ትግራይ ዝነበረሉ ቅድሚ ዘሎ እዋን እዩ፣

5/ ሓደ ትካል ኣብ ክልል ትግራይ ነባሪ እዩ ዝበሃል፡-

ሀ) ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተጣየሸ ወይ ዝተመስረተ እንተኾይኑ፣

ለ)ወሳኒ ዝኾነ ኣመራርሓ ዝህበሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይ ዘለዎ እንተኾይኑ እዩ።

6/ኣብ ክልል ትግራይ ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ ኣብ ክልልና ነባሪ ዝኾነ ትካል እዩ።

7/ ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ዝበሃል ዝኾነ ኣብ ክልል ትግራይ ነባሪ ዘይኮነ ሰብ እዩ።

**ዓንቀፅ 7. <u>ፍልፍል ኣታዊ</u>**

1/ ሓደ ተቖፃሪ ካብ ቑፃር ዝረኸቦ ኣታዊ ካብ ትግራይ ዝፈልፈለ እዩ ዝበሃል፡-

ሀ) ክፍሊት ዝፍፀመሉ ቦታ ኣብ ግምት ከይኣተወ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ካብ ዝሳለጥ

ከኢትዮጵያ ውጭ ተመድቦ የሚሰራ፣

ሐ) በክልሉ ውስጥ በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ ሳያቋርጥ ወይም በመመላለስ ከ183 (አንድ መቶ ሰማንያ ሶስት) ቀናት በላይ የኖረ ግለሰብ፣

3/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት "የተያዘው የግብር ዓመት" ተብሎ ለሚጠቀሰው ለአንድ የግብር ዓመት ነዋሪ የሆነ ግለሰብ ባለፈው የግብር ዓመት ነዋሪ ያልሆነ እንደሆነ በተያዘው የግብር ዓመት እንደነዋሪ ሆኖ የሚቆጠረው ለመጀመሪያ ጊዜ ትግራይ ክልል ውስጥ መኖር ከጀመረበት ቀን አንስቶ ነው፣

4/ አንድ ግለሰብ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት በተያዘው የግብር ዓመት ነዋሪ ሆኖ፤ ነገር ግን በሚቀጥለው የግብር ዓመት ነዋሪ ያልሆነ እንደሆነ ፤ በተያዘው የግብር ዓመት እንደ ነዋሪ ሆኖ የሚቆጠረው ግለሰቡ ለመጨረሻ ጊዜ ትግራይ ክልል ውስጥ ከኖረበት ቀን በፊት ላለው ጊዜ ነው፣

5/ አንድ ድርጅት በትግራይ ክልል ነዋሪ ነው የሚባለው፡-

ሀ) በክልሉ ውስጥ የተቋቋመ ወይም የተመሠረተ እንደሆነ፣

ለ) ወሳኝ የሆነ አመራር የሚያካሂድበት ሥፍራ በክልሉ ውስጥ ያለው እንደሆነ፣ ነው።

6/ በትግራይ ክልል ነዋሪ የሆነ ኩባንያ በትግራይ ክልል ነዋሪ የሆነ ድርጅት ነው።

7/ ነዋሪ ያልሆነ ሰው የሚባለው ማንኛውም በትግራይ ክልል ነዋሪ ያልሆነ ሰው ነው።

**አንቀጽ 7. <u>የገቢ ምንጭ</u>**

1/አንድ ተቀጣሪ ከመቀጠር የሚያገኘው ገቢ በክልሉ የመነጨ ነው የሚባለው፡-

ሀ) ክፍያው የሚፈጸምበት ሥፍራ ግምት ውስጥ ሳይገባ ክልሉ ውስጥ ከሚከናወን የቅጥር

ግልጋሎት ቁፃር ዝተረኸበ ኣታዊ፣ ወይ

ለ) ግልጋሎት እቲ ቁፃር ኣብ ዝኾነ ይፈፀም ብመንግስቲ ትግራይ ወይ ብሽም መንግስቲ ትግራይ ንተቑፃሪ ክፍሊት እንተተፈፂሙ፤

2/ ብቀዋምነት ብዝሰርሐሉ ትካሉ ኣቢሉ ካብቲ ክልል ወፃኢ ዝረኸቦ ኣታዊ ከይሓወሰ ፣ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ኣብ ውሽጢ ክልል ዘፍርዮ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝተረኸበ ኣታዊ ይኸውን።

3/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተረኸበ እዩ ዝበሃል፡-

ሀ) ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቀዋምነት ኣብ ዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ካብ ዘካይዶ ስራሕ ንግዲ ዝተረኸበ ኣታዊ፣

ለ) ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቀዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ምስ ዘማሓላልፎም ኣቕሑት ወይ ሸቐጣት ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ዝኾኑ ኣቑሑት ወይ ሸቐጣት ኣብ ውሽጢ ትግራይ ብምምሕልላፍ ዝረኸቦ ኣታዊ፣

ሐ) ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቀዋምነት ዝሰርሕ ትካል ምስ ዘሳልጦም ዝኾኑ ስራሕቲ ንግዲ ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ዝኾኑ ካልኦት ስራሕቲ ምንቅስቓሳት ንግዲ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ብምስላጥ ዝረኸቦ ኣታዊ።

4/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1)፣ (2) ን (3) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ እንተሃለወ እውን ፣ ዝስዕቡ ኣታውታት ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይ ዝፈልፈሉ እዮም።

ሀ) ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ትካል ንሓደ ሰብ ዝኸፍሎ ብፅሒት ትርፊ፣

ለ) ዝስዕቡ ሃፍትታት ብምክራይ ዝርከብ

አገልግሎት የተገኘ ገቢ፣ ወይም

ለ) የቅጥር አገልግሎቱ የትም ቢከናወን በክልሉ መንግሥት ወይም በክልሉ መንግሥት ስም ክፍያው ለተቀጣሪው ከተፈፀመ፣

2/ በቋሚነት በሚሠራ ድርጅቱ አማካኝነት ከክልሉ ውጪ የሚያገኘውን ገቢ ሳይጨምር፤ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው በክልሉ ውስጥ የሚያፈራው የንግድ ሥራ ገቢ ከክልሉ ውስጥ የተገኘ ገቢ ይሆናል።

3/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው የንግድ ሥራ ገቢ ትግራይ ክልል ውስጥ የተገኘ ነው የሚባለው፡-

ሀ) ነዋሪ ያልሆነ ሰው በቋሚነት በሚሰራ ድርጅት አማካኝነት ትግራይ ክልል ውስጥ ከሚያካሂደው የንግድ ሥራ የተገኘ ገቢ ሲሆን፣

ለ) በክልሊ ውስጥ ነዋሪ ያልሆነው ሰው በቋሚነት በሚሰራ ድርጅት አማካኝነት ከሚያስተላልፋቸው ዕቃዎች ወይም ሸቀጦች ጋር አንድ ዓይነት ወይም ተመሳሳይ የሆኑ እቃዎችን ወይም ሸቀጦችን ትግራይ ክልል ውስጥ በማስተላለፍ የሚያገኘው ገቢ፤

ሐ) በክልልሉ ውስጥ ነዋሪ ያልሆነው ሰው በቋሚነት የሚሰራ ድርጅት ከሚያከናውናቸው ማናቸውም የንግድ ሥራዎች ጋር አንድ ዓይነት ወይም ተመሳሳይ የሆኑ ሌሎች የንግድ እንቅስቃሴዎችን በክልሉ ውስጥ በማከናወን የሚያገኘው ገቢ፤

4/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1)፣(2) እና (3) የተመለከተው ቢኖርም፣ የሚከተሉት ገቢዎች ትግራይ ክልል ውስጥ የመነጩ ገቢዎች ናቸው።

ሀ) በክልሉ ነዋሪ የሆነ ድርጅት ለአንድ ሰው የሚከፍለው የትርፍ ድርሻ፣

ለ)የሚከተሉትን ሀብቶች በማከራየት የሚገኝ

ኣታዊ፡-

(1) ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ፣ ወይ

(2) ብመሰረት ዓንቀፅ 55 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝርከብ ዝንቀሳቐስ ሃፍቲ፣

ሐ)ዝስዕቡ ሃፍትታት ብምትሕልላፍ ዝርከብ ኣታዊ፡-

1. ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ፣
2. ልዕሊ 50% ብዝኸውን ዋጋ እቲ ሃፍቲ ዘለዎ ጥቕሚ ብቀጥታ ወይም ብተዘዋዋሪ መንገዲ ብሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾነ ዝተዛመዱ ትካላት ዝተትሓዘ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ዘሎ ጥቕሚ፣
3. ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ ዘውፀአ ኣክስዮን ወይ ቦንድ፣

መ) ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝርከብ ኢንሹራንስ ዝተኣተወሉ ንስግኣት ሓደጋ ዝኸፈል ዕርቡን መድሕን፤

ረ) ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ካብ ዝሳለጥ ምንቅስቓስ መዘናግዒ ወይ ስፖርታዊ ዝርከብ ኣታዊ፤

ሰ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈሎ ወለድ ፣ ሮያሊቲ ፣ ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ቴክኒክ ብዝምልከት፡-

1. ነባሪ ክልል ትግራይ ዝኾነ ሰብ ብቀዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብ ወፃኢ ሃገር ወይ ካብ ክልሉ ወፃኢ ዘውፀአ ወፃኢ ከይሓወሰ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ነባሪ ንዝኾነ ሰብ ዝፍፅሞ ክፍሊት፣

ገቢ፡-

(1) በክልሉ ውስጥ የሚገኝ የማይንቀሳቀስ ሀብት፣ ወይም

(2) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 55 መሠረት ግብር የሚከፈልበት በክልሉ ውስጥ የሚገኝ የሚንቀሳቀስ ሀብት፣

ሐ) የሚከተሉትን ሀብቶች በማስተላለፍ የሚገኝ ገቢ፡-

1. በክልሉ ውስጥ የሚገኝ የማይንቀሳቀስ ሀብት፣

2. ከ50% በላይ በሚሆነው በሀብቱ ዋጋ ላይ ያለው ጥቅም በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ መንገድ በአንድ ወይም ከአንድ በላይ በሆኑ የተዛመዱ ድርጅቶች የተያዘ በሚሆንበት ጊዜ በክልሉ ውስጥ በሚገኝ የማይንቀሳቀስ ሀብት ላይ ያለ ጥቅም፣

3. በክልሉ ነዋሪ የሆነ ኩባንያ ያወጣው አክሲዮን ወይም ቦንድ፤

መ)በክልሉ ውስጥ የሚገኝ መድን ለተገባለት አደጋ (ስጋት) የሚከፈል የመድን አረቦን፣

ረ) በክልሉ ውስጥ ከሚከናወን የመዝናኛ ወይም ስፖርታዊ እንቅስቃሴ የሚገኝ ገቢ፣

ሰ) በዚህ አዋጅ መሠረት ግብር የሚከፈልበትን ወለድ ፣ ሮያሊቲ ፣ የሥራ አመራር ክፍያ ወይም የቴክኒክ አገልግሎት ክፍያ በሚመለከት፡-

1. በክልሉ ነዋሪ የሆነው ሰው በቋሚነት በሚሰራ ድርጅት አማካኝነት ውጭ ሀገር ለሚያካሂደው የንግድ ሥራ ያወጣውን ወጪ ሳይጨምር ፣ በክልሉ ነዋሪ ለሆነ ሰው የሚፈጽመው ክፍያ፣

2. ነባሪ ክልል ትግራይ ዘይኮነ ሰብ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ብዘለዎ ብቀዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ንዘካይዶ ስራሕ ንግዲ ዝፍፅሞ ክፍሊት፤

5/ ካብ ውሽጢ እዚ ክልል ዘይመንጨወ ዝኾነ ኣታዊ ኣታዊ ካልእ ክልል ወይ ወፃኢ ሃገር እዩ።

**ዓንቀፅ 8. ወሰን ተፈፃምነት**

1/ እዚ ኣዋጅ ኣብ ነበርቲ እዚ ክልል ዝኾኑ ሰባትን ካልእ ክልልን ከምኡውን ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለምን ዝረኽብዎ ኣታዊ ተፈፃሚ ይኸውን፤

2/ ነበርቲ እዚ ክልል ዘይኮኑ ሰባት ብዝምልከት እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝኸውን ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ብዝረኽብዎ ኣታዊ እዩ።

**ዓንቀፅ 9. ሰደቓታት ኣታዊ**

1/ በዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ኣታዊ ግብሪ ብመሰረት ዝስዕቡ ሰደቓታት ይኽፈል፡-

ሀ) ሰደቓ " ሀ" ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ፣

ለ) ሰደቓ " ለ" ካብ ገዛ ክራይ ዝርከብ ኣታዊ፣

ሐ) ሰደቓ " ሐ" ካብ ስራሕ ንግዲ ዝርከብ ኣታዊ፣

መ) ሰደቓ " መ" ካብ ካልኦት ኣታውታት፣

ረ) ሰደቓ "ረ" ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ ዝኾኑ ኣታውታት፣

2/ ድንጋገ ዓንቀፅ 60(2) እዚ ኣዋጅ ሕሉው ኮይኑ፣ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ዓመት ግብሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰደቓ ካብ ዝምደቡ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ኣታዊ ዝረክብ እንተኾይኑ ኩሎም ኣታውታት ተጠሚሮም ኣብ ትሕቲ እቲ ሰደቓ ግብሪ ዓመት ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 10. ግቡእ ምኽፋል ግብሪ**

ዝኾነ ኣታዊ ዝረክብ ሰብ ብመሰረት እዚ

2. በትግራይ ክልል ነዋሪ ያልሆነ ሰው በትግራይ ውስጥ ባለው በቋሚነት የሚሰራ ድርጅት አማካኝነት በትግራይ ወስጥ ለሚያካሂደው የንግድ ሥራ የሚፈጽመው ክፍያ፣

5/ ከክልሉ ውስጥ ያልመነጨ ማንኛውም ገቢ የሌሌ ክልል ወይም የውጭ ሀገር ገቢ ነው።

**አንቀጽ 8. የተፈጻሚነት ወሰን**

1/ ይህ አዋጅ በክልሉ ውስጥ ነዋሪ የሆኑ ሰዎች በክልሉ ውስጥ እና ሌሎች ክልሎች እንዲሁም በማናቸውም ሌላ የዓለም ክፍል በሚያገኙት ገቢ ላይ ተፈጻሚ ይሆናል።

2/ በክልሉ ውስጥ ነዋሪ ያልሆኑ ሰዎችን በተመለከተ አዋጁ ተፈጻሚ የሚሆነው በክልሉ ውስጥ በሚያገኙት ገቢ ላይ ነው።

**አንቀጽ 9. የገቢ ሠንጠረዦች**

1/ በዚህ አዋጅ የተደነገገው የገቢ ግብር በሚከተሉት ሠንጠረዦች መሠረት ይከፈላል።

ሀ) ሠንጠረዥ "ሀ" ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ፣

ለ) ሠንጠረዥ "ለ" ከቤት ኪራይ የሚገኝ ገቢ፣

ሐ) ሠንጠረዥ "ሐ" ከንግድሥራ የሚገኝ ገቢ

መ) ሠንጠረዥ"መ" ሌሎች ገቢዎች

ረ) ሠንጠረዥ "ረ" ከገቢግብር ነፃ የሆኑ ገቢዎች፣

2/ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 60(2) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ በአንድ ሠንጠረዥ ውስጥ ከሚወድቁ ከተለያዩ የገቢ ምንጮች ገቢ ያገኘ እንደሆነ ሁሉም ገቢዎች ተጣምረው በዚያው ሠንጠረዥ ሥር የዓመቱን ግብር ይከፍላል።

**አንቀጽ 10. የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ**

ማንኛውም ገቢ የሚያገኝ ሰው በዚህ አዋጅና

ኣዋጅን ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪን ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ኣለዎ።

## ምዕራፍ ኽልተ

## ሰደቓ "ሀ"፣ ካብ ቑፃር ዝርከብ ኣታዊ

ዓንቀፅ 11. ብቑፃር ካብ ዝርከብ ኣታዊ ዝትከል ግብሪ

1/ ኣብ ዓንቀፅ 80 እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ፣ ዝኾነ ተቖፃሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቑፃር ካብ ዝረኽቦ ጠቕላላ ወርሓዊ ወይ ክፋል ወርሒ ጠቕላላ ኣታዊ ብመሰረት ዓንቀፅ 12 እዚ ኣዋጅ ዝተወሰኑ ምጣነታት ብሕድሕድ ወርሒ ግብሪ ይኸፍል፤

2/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ኣብ ልዕሊ ካብ ቁፃር ዝርከብ ወርሓዊ ኣታዊ ዝትከል ኣታዊ ግብሪ ተቖፃሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዝተቐበሎ ጠቕላላ ወርሓዊ ኣታዊ ብመሰረት ዓንቀፅ 12 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝኸውን ምጣነ መሰረት ብምግባር ይስላሕ፤

3/ ተቖፃሪ ካብ ቁፃር ዝረኽቦ ኣታዊ ንምርካብ ዘውፅኦ ዝኾነ ወፃኢ ብተቐናሲ ክተሓዘሉ ኣይኽእልን፤

4/ ንኣፈፃፅማ እዚ ሰደቓን ዓንቀፅ 82 እዚ ኣዋጅን እንትበሃል፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰን ጳጉሜን ዝኽፈል ኣታዊ ቁፃር ተደሚሩ ከም ማሃያ ሓደ ወርሒ ግብሪ ይኽፈለሉ፤

5/ ኣብ ልዕሊ ሓደ ተቖፃሪ ድንጋገ ዓንቀፅ 79(1) እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ እንተኾይኑ ብቑፃር ካብ ዝተረኽበ ኣታዊኡ ዝኽፈሎ ግብሪ ናይ መወዳእታ ይኸውን። እቲ ቖፃሪ ብመሰረት ዓንቀፅ 82 ካብ ተቖፃሪ ዝድለ ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ዘትረፈ እንተኾይኑ ግብሪ ከምዝተኽፈለ ይቑፀር።

በግብር አስተዳደር አዋጅ መሠረት ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

## ምዕራፍ ሁለት

## ሠንጠረዥ "ሀ"፤ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ

አንቀጽ 11. ከመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ ግብር ስለመጣል

1/ በዚህ አዋጅ በአንቀጽ 80 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ማናቸውም ተቀጣሪ በአንድ ወር ውስጥ ከመቀጠር ከሚያገኘው ጠቅላላ የወር ወይም የወሩ ከፊል ገቢ ላይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 12 በተወሰኑት መጣኔዎች መሠረት በእያንዳንዱ ወር ግብር ይከፍላል።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት ከመቀጠር በሚገኝ ወርሀዊ ገቢ ላይ የሚጣለው የገቢ ግብር ተቀጣሪው በአንድ ወር ውስጥ በተቀበለው ጠቅላላ ወርሃዊ ገቢ ላይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 12 መሠረት ተፈጻሚ የሚሆነውን መጣኔ መሠረት በማድረግ ይሰላል።

3/ ተቀጣሪው በመቀጠር የሚገኘውን ገቢ ለማግኘት የሚያወጣው ማንኛውም ወጪ በተቀናሽ ሊያዝለት አይችልም።

4/ ለዚህ ሠንጠረዥና ለዚህ አዋጅ አንቀጽ 82 አፈጻፀም ሲባል፤ በነሐሴና በጳጉሜ ወራት የሚከፈለው የቅጥር ገቢ ተደምሮ እንደ የአንድ ወር ደመወዝ ግብር ይከፈልበታል።

5/ በአንድ ተቀጣሪ ላይ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 79(1) ድንጋጌ ተፈጻሚ የተደረገ እንደሆነ በመቀጠር በተገኘው ገቢ ላይ ተቀጣሪው የከፈለው ግብር የመጨረሻ ይሆናል። ቀጣሪው በአንቀጽ 82 መሠረት ከተቀጣሪው የሚፈለገውን የገቢ ግብር ቀንሶ ያስቀረ እንደሆነ ግብሩ እንደተከፈለ ይቆጠራል።

**ዓንቀፅ 12. ካብ ቛፃር ንዝርከብ ኣታዊ ተፈፃሚ ዝኾውን ምጣነ**

ካብ ቛፃር ንዝርከብ ኣታዊ ዝትከል ግብሪ ተፈፃሚ ዝኾኑ ምጣነታት ዝስዕቡ እዮም፡

| በቢ ወርሒ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ብብር | ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ተፈፃሚ ዝኾውን ምጣነ |
|---|---|
| 0- 600 | 0% |
| 601- 1,650 | 10% |
| 1,651-3,200 | 15% |
| 3,201-5,250 | 20% |
| 5,251-7,800 | 25% |
| 7,801-10,900 | 30% |
| ልዕሊ 10,900 | 35% |

**ዓንቀፅ 13.ካብ ቛፃር ዝርከብ ኣታዊ**

1/ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ (2) ን (3) ን እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ካብ ቁፃር ዝርከቡ ኣታውታት ዝበሃሉ ዝስዕቡ እዮም።

ሀ) ሰራሕተኛ ምስ ሕሉፍ ፣ ሕዚ ዘሎ ወይ ንመፃኢ ካብ ዝህሉ ቛፃር ዝተተሓሓዘ ዝተቐበሎ ማሃያ ፣ ዓስቢ ፣ ኣበል ፣ ሓረነት ፣ ኮሚሽን ፣ ውህብቶ መተባብዒ ፅቡቕ ኣፈፃፅማ ስራሕ ወይ ካልእ ክፍሊት ዋጋ ግልጋሎት፣

ለ) ናይ ዝሓለፈ ፣ ሕዚ ወይ መፃኢ ቁፃር ኣመልኪቱ ሰራሕተኛ ብዓይነት ዝቕበሎ ዋጋ ጥቕማ ጥቕሚ፣

ሐ) እቲ ተቖፃሪ ካብ ስራሕ እንትቕነስ፣ ስርሑ እንትለቅቕ ወይ ስርሑ ንክለቅቕ ንምትእትታው ዝኸፈል ገንዘብ ሓዊሱ ብምኽንያት ምቁራፅ ውዕል ስራሕ

**አንቀጽ 12. በመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ ተፈጻሚ የሚሆኑ መጣኔዎች**

ከመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ ለሚጣለው ግብር ተፈጻሚ የሚሆኑት መጣኔዎች የሚከተሉት ናቸው፡-

| በየወሩ ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ በብር | ከመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ ተፈጻሚ የሚሆን መጣኔ |
|---|---|
| 0-600 | 0% |
| 601-1,650 | 10% |
| 1,651-3,200 | 15% |
| 3,201-5,250 | 20% |
| 5,251-7,800 | 25% |
| 7,801-10,900 | 30% |
| ከ10,900በላይ | 35% |

**አንቀጽ 13. ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ**

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) እና (3) ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው ፣ ከመቀጠር የሚገኙ ገቢዎች የሚባሉት የሚከተሉት ናቸው።

ሀ) ሠራተኛው ካለፈው፣ አሁን ካለው ወይም ወደፊት ከሚመጣው ቅጥር ጋር በተያያዘ የተቀበለው ደመወዝ፣ ምንዳ፣ አበል፣ ጉርሻ፣ ኮሚሽን፣ የመልካም ሥራ አፈፃፀም ማበረታቻ ስጦታ ወይም ሌላ የአገልግሎት ዋጋ ክፍያ፣

ለ) ያለፈን፣ የአሁኑን ወይም የወደፊትን ቅጥር አስመልክቶ ሠራተኛው የሚቀበለው የዓይነት ጥቅማ ጥቅም ዋጋ፣

ሐ)ተቀጣሪው ከስራ ሲቀነስ ፣ ስራዉን ሲለቅ ወይም ስራዉን እንዲለቅ ለማግባባት የሚከፈል ገንዘብን ጨምሮ የስራ ውል በመቋረጡ ምክንያት በፈቃደኝነት ፣ በስምምነት ወይም በዳኝነት

ብፍቓደኝነት፣ ብስምምዕነት ወይ ብመሰረት ውሳነ ጻይነት ዝተቐበሎ ዝኾነ መጠን ገንዘብ።

2/ ካብ ቁፃር ዝተረኸበ ኣታዊ ካብ ግብሪ ነፃ ንዝተገበረ ኣታዊ ኣይሓውስን።

3/ ዝኾነ ቖፃሪ ተቖፃሪ ክኸፍሎ ዝግባእ ግብሪ ካብ ኣታዊ እቲ ተቖፃሪ ከይቐነሰ ቆፃሪ ባዕሉ ብሙሉእ ወይ ብኸፋል ዝኸፈለሉ እንተኾይኑ፣ በቲ ቖፃሪ ዝተኸፈለ መጠን ግብሪ ተቖፃሪ ካብ ቁፃር ዝረኸቦ ግብሪ ዝኸፈሎ መጠን ገንዘብ ተደሚሩ ግብሪ ይስላሕ፤

4/ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ካብ ማሃያ ወፃኢ ካልእ ብዓይነት ዝወሃብ ጥቕማ ጥቕሚ ዋጋ ዝውሰነሉን ግብሪ ዝኸፈለሉን ኩነታት ኣመልኪቱ ደንቢ የውፅእ።

## ምዕራፍ ሰለስተ

## ሰደቓ " ለ" ካብ ክራይ ገዛ ዝርከብ ኣታዊ

ዓንቀፅ 14.ካብ ክራይ ገዛ ንዝርከብ ኣታዊ ግብሪ ምትካል

1/ ገዛ ብምክራይ ኣታዊ ዝረክብ ሰብ ብመሰረት ዓንቀፅ 15 እዚ ኣዋጅ ብዝተመልከተ ምጣነ ወይ ምጣነታት ብሕድሕድ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ግብሪ ክራይ ገዛ ይኸፍል፤

2/ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ካብ ክራይ ገዛ ዝረኸቦ ኣታዊ ዝኸፍሎ ግብሪ ኣብ ዓንቀፅ 15 እዚ ኣዋጅ ዝተመልከቱ ምጣነታት ግብሪ ዝኸፈሎ ዓመታዊ ኣታዊ ተፈፃሚ ብምግባር ይስላሕ፤

3/ እዚ ሰደቓ ብመሰረት ዓንቀፅ 55 እዚ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ክራይ ዝኸፈለሉ ኣታዊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

ውሳኔ መሰረት የተቀበለው ማንኛዉም የገንዘብ መጠን

2/በመቀጠር የሚገኝ ገቢ ከግብር ነፃ የተደረገን ገቢ አይጨምርም።

3/ ማንኛውም ቀጣሪ ተቀጣሪው መክፈል የሚኖርበትን ግብር ከተቀጣሪው ገቢ ላይ ሳይቀንስ ራሱ ለተቀጣሪው በሙሉ ወይም በከፊል የከፈለለት እንደሆነ ፣ በቀጣሪው የተከፈለው የግብር መጠን ተቀጣሪው ከመቀጠር ከሚያገኘው ግብር በሚከፈልበት የገንዘብ መጠን ላይ ተደምሮ ግብሩ ይሰላል።

4/ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ከደመወዝ ሌላ በዓይነት የሚሰጡ ጥቅማጥቅሞች ዋጋ የሚወሰንበትንና ግብር የሚከፈልበትን ሁኔታ አስመልክቶ ደንብ ያወጣል።

## ምዕራፍ ሦስት

## ሠንጠረዥ "ለ" ከቤትኪራይ የሚገኝ ገቢ

አንቀጽ 14. በቤት ኪራይ ገቢ ላይ ግብር ስለመጣል

1/ ቤት በማከራየት ገቢ የሚያገኝ ሰው በዚህ አዋጅ አንቀጽ 15 በተመለከተው መጣኔ ወይም መጣኔዎች መሠረት በእያንዳንዱ የግብር ዓመት የቤት ኪራይ ገቢ ግብር ይከፍላል።

2/ በግብር ዓመቱ አንድ ግብር ከፋይ ከቤት ኪራይ በሚያገኘው ገቢ ላይ የሚከፈለው ግብር በዚህ አዋጅ አንቀጽ 15 ሥር የተመለከቱትን መጣኔዎች ግብር በሚከፈልበት ዓመታዊ ገቢ ላይ ተፈፃሚ በማድረግ ይሰላል።

3/ ይህ ሠንጠረዥ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 55 መሠረት የኪራይ ገቢ ግብር ለሚከፈልበት ገቢ ተፈጻሚነት አይኖረውም።

**ዓንቀፅ 15. <u>ምጣነታት ኣታዊ ግብሪ ክራይ</u>**

1/ ኣብ ኣታዊ ክራይ ትካል ተፈፃሚ ዝኸውን ምጣነ ግብሪ 30 % እዩ፣

2/ ኣብ ኣታዊ ክራይ ውልቀ ሰባት ተፈፃሚ ዝኾኑ ምጣነታት ዝስዕቡ እዮም።

| ግብሪ ዝኽፈሎ ዓመታዊ ኣታዊ ክራይ ብብር | ምጣነ ግብሪ ኣታዊ ክራይ |
|---|---|
| 0-7,200 | 0% |
| 7,201-19,800 | 10% |
| 19,801-38,400 | 15% |
| 38,401-63,000 | 20% |
| 63,001-93,600 | 25% |
| 93,601-130,800 | 30% |
| ልዕሊ □130,800 | 35% |

**አንቀጽ 15. <u>የኪራይ ገቢ ግብር መጣኔዎች</u>**

1/በድርጅቶች የኪራይ ገቢ ላይ ተፈጻሚ የሚሆነው የግብር መጣኔ 30 በመቶ ነው፣

2/በግለሰቦች የኪራይ ገቢ ላይ ተፈጻሚ የሚሆኑት መጣኔዎች የሚከተሉት ናቸው፣

| ግብር የሚከፈልበት ዓመታዊ የኪራይ ገቢ በብር | የግብር መጣኔ |
|---|---|
| 0-7,200 | 0% |
| 7,201-19,800 | 10% |
| 19,801-38,400 | 15% |
| 38,401-63,000 | 20% |
| 63,001-93,600 | 25% |
| 93,601-130,800 | 30% |
| ከ 130,800 | 35% |

**ዓንቀፅ 16. <u>ግብሪ ዝኽፈለሉ ኣታዊ ክራይ</u>**

1/ ናይ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ክራይ እቲ ዓመት ግብሪ እዩ ዝበሃል ከፋሊ ግብሪ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመት ግብሪ ገዛ ብምክራይ ካብ ዝረኸቦ ጠቕላላ ዓመታዊ ኣታዊ ንከፋሊ ግብሪ ዝተፈቐደ ጠቕላላ ወፃኢ ተቐናሲ ተገይሩ ዝተርፍ ኣታዊ እዩ፤

2/ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ን (4)ን እዚ ዓንቀፅ ሕሉዋት ኮይኖም፣ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ገዛ ብምክራይ ዝረኽቦ ጠቕላላ ኣታዊ ዝስዕቡ ይሓውስ፦

ሀ) ወሰኽ ዋጋ ክራይ ገዛ ወይ ተመሳሳሊ ክፍሊታት ሓዊሱ ፣ ብመሰረት ውዕል ክራይ ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ዝረኽቦ ዝኾነ መጠን ገንዘብ፣

ለ) ብመሰረት ውዕሊ ክራይ ተካራዪ ንኣካራዪ ብምውካል ኣብቲ ዓመት ግብሪ ንካልኦት ዝኸፍሎም ክፍሊታት፣

**አንቀጽ 16. <u>ግብር የሚከፈልበት የኪራይ ገቢ</u>**

1/ የአንድ ግብር ከፋይ ግብር የሚከፈልበት የግብር ዓመቱ የኪራይ ገቢ ነው የሚባለው ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ ውስጥ ቤት በማከራየት ካገኘው ጠቅላላ ዓመታዊ ገቢ ላይ ለግብር ከፋዩ የተፈቀደው ጠቅላላ ወጪ ተቀናሽ ተደርጎ የሚቀረው ገቢ ነው።

2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) እና (4) እንደተጠበቁ ሆነው፣ አንድ ግብር ከፋይ በግብር ዓመቱ ቤት በማከራየት የሚያገኘው ጠቅላላ ገቢ የሚከተሉትን ይጨምራል፦

ሀ)የኪራይ ዋጋ ጭማሪን ወይም ተመሳሳይ ክፍያዎችን ጨምሮ፣ በኪራይ ውሉ መሠረት ግብር ከፋዩ በዓመቱ የሚያገኛቸው ማናቸውም የገንዘብ መጠን፣

ለ) በኪራይ ውሉ መሠረት ተከራዩ አከራዩን በመወከል በግብር ዓመቱ ለሌሎች የሚከፍላቸው ክፍያዎች፤

ሐ) ከፋሊ ግብሪ ጉድኣቱ ንምስትኽኻል ዘይተጠቐመሉን ኣብ ልዕሊ ገዝኡ ንዝበፅሕ ጉድኣት መስተኻኸሊ ንክኸውን ዝሓዞን ኣብቲ ዓመት ግብሪ ንከፋሊ ግብሪ ኣታዊ ዝተገበረ ዝኾነ ቦንድ ፣ ውሕስና ወይ ተመሳሳሊ መጠን ገንዘብ ፣

መ) ንከፋሊ ግብሪ ካብ ዝኽፈሎ ክራይ ብተወሳኺ ብመሰረት ውዕሊ ክራይ ተካራዪ ንሕድሳት እቲ ገዛ ወይ መማሓየሺ ዘውፅኦ ገንዘብ።

3/ እቲ ከፋሊ ግብሪ ገዝኡ ዘካረዮ ምስ ኣቕሑቱ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ፣ ዝረኸቦ ጠቕላላ ኣታዊ ካብቶም ኣቕሑ ክራይ ዝተረኸበ ኣታዊ እውን የጠቓልል፤

4/ እቲ ከፋሊ ግብሪ ገዛ ብምክራይ ዝረኸቦ ጠቕላላ ኣታዊ ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ ንዝኾነ ኣታዊ ኣይሓውስን፤

5/ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ መዝገብ ሒሳብ ናይ ምሓዝ ግቡእ ዘይብሉ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ኣብ ዝስለሐሉ እዋን ዝስዕቡ ወፃኢታት ብተቐናሲ ይተሓዙ፡-

ሀ) ግብሪ ከይሓወሰ ንመሬት ወይ ምስቲ ዝተኻረየ ገዛ ብዝተሓሓዘ እቲ ከፋሊ ግብሪ ንመንግስቲ ወይ ንከተማ ምምሕዳር ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመት ግብሪ ዝኸፈሎም ክፍሊታት፣

ለ) ንመሐደሲ ገዛውቲ ፣ ንኣቕሑት ገዛን መሳርሕን ፣ መፀገንን ንመተክኢ እርጋንን ዝኸውን ካብ ክራይ ገዛ ፣ ኣቕሑት ገዛን መሳርሕን ዝርከብ ጠቕላላ ገንዘብ ሓምሳ ሚእታዊ፣

6/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 5 እዚ ዓንቀፅ ብዝኾነ ምኽንያት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ መዝገብ ሒሳብ ናይ ምሓዝ ግቡእ ንዘለዎም ከፈልቲ

ሐ)ግብር ከፋዩ ጉዳቱን ለማስተካከል ያልተጠቀመበት እና በቤቱ ላይ ለሚደርሰው ጉዳት ማስተካከያ ይሆን ዘንድ የያዘው እና በግብር ዓመቱ ለግብር ከፋዩ ገቢ የተደረገው ማንኛውም ቦንድ ፣ ዋስትና ወይም ተመሳሳይ የገንዘብ መጠን፤

መ) ለግብር ከፋዩ ከሚከፈለው ኪራይ በተጨማሪ በኪራዩ ውል መሠረት ተከራዩ ራሱ ለቤቱ እድሳት ወይም ማሻሻያ የሚያወጣው ገንዘብ፤

3/ ግብር ከፋዩ ቤቱን ያከራየው ከዕቃዎች ጋር በሚሆንበት ጊዜ፣ ያገኘው ጠቅላላ ገቢ ከዕቃዎቹ የተገኘውን የኪራይ ገቢም ያጠቃልላል።

4/ ግብር ከፋዩ ቤት በማከራየት የሚያገኘው ጠቅላላ ገቢ ከገቢ ግብር ነጻ የሆነን ገቢ አይጨምርም።

5/ በአንድ የግብር ዓመት የሂሳብ መዝገብ የመያዝ ግዴታ የሌለበት ግብር ከፋይ ግብር የሚከፈልበት ገቢ በሚሰላበት ጊዜ የሚከተሉት ወጪዎች በተቀናሽ ይያዛሉ፡-

ሀ) ግብርን ሳይጨምር ለመሬቱ ወይም ከተከራየው ቤት ጋር በተገናኘ ግብር ከፋዩ ለመንግሥት ወይም ለከተማ አስተዳደር በግብር ዓመቱ ውስጥ የከፈላቸው ክፍያዎች፣

ለ) ለቤቶች ፣ ለቤት ዕቃና መሣሪያ ማደሻ ፣ መጠገኛና ለእርጅና መተኪያ የሚሆን ከቤት ፣ ከቤት ዕቃ እና ከመሳሪያ ኪራይ ከሚገኘው ጠቅላላ ገንዘብ ላይ ሃምሳ በመቶ፣

6/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 5 ድንጋጌ በማናቸውም ምክንያት በዚህ አዋጅ መሠረት የሂሣብ መዝገብ የመያዝ ግዴታ ላለባቸው ግብር

ግብሪ ተፈፃሚ ክኸውን ኣይክእልን፤

7/ መዝገብ ሒሳብ ዝሕዝ ከፋሊ ግብሪ በቲ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ኣብ ዝስለሓሉ እዋን ኣታዊኡ ንምርካብ ዝወፀን ብከፋሊ ግብሪ ዝተኸፈለ ኣድላዪ ዝኾነ ወፃኢ ተቐናሲ ዝግበር እንትኸውን ፣ እዚ ወፃኢ ዝስዕቡ ይሓውስ ፡-

ሀ) ክራይ ገዛ ዝዓረፈሉ መሬት፣

ለ) ወፃኢ ዕገና፣

ሐ)ተቐናሲ እርጋን ገዛ ፣ ኣቕሑት ገዛን መሳርሕታትን፣

መ) ወለድን ዕርቡን መድሕንን፣

ረ) ግብሪ ከይሓወሰ ንመሬቱ ወይ ምስ ዝተኻረዮ ገዛ ብዝተተሓሓዘ ከፋሊ ግብሪ ንመንግስቲ ወይ ንምምሕዳር ከተማ ዝኸፈሎም ክፍሊታት።

## ዓንቀፅ 17. ተካርዮም መካረይቲ

1/ ተኻርዩ መካረዩ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ዝረኸቦ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ እዩ ዝበሃል ተኻርዩ መካረዩ ኣብ ልዕሊ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተቐበሎ ጠቕላላ ኣታዊ ክራይ ንዋና መካረዩ ዝኸፍሎ ክራይ ከምኡውን ነቲ ኣታዊ ንምርካብ ዘውፅኦም ካልኦት ኣድለይቲ ወፃኢታት ምስ ተቐነሱ ዝተርፍ ገንዘብ እዩ።

2/ ተኻርዩ ዝተካረዮ ገዛ መሊሱ ንክካርዮ ዝፈቅድ በዓል ዋና ገዛ ተኻርዩ ግብሪ ከይከፈለ እንተተረፉ ከክንድኡ ኮይኑ ግብሩ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 18. ምፍላጥ ሓድሽ ዝካረ ገዛ

1/ ንክራይ ዝስራሕ ሓድሽ ገዛ ተሰሪሑ ምስ ተፈፀመ ወይ ምስተኻረየ ፣ ካብ ክልቲኦም ብዝቐደመ በዓል ዋና ገዛን ተቋራፂ ስራሕን ህንፀት እቲ ገዛ ዝተፈፀመ ወይ ዝተኻረየ ምዃኑ ካብ ክራይ እቲ ገዛ ብዝርከብ ኣታዊ

ከፋዮች ተፈፃሚ ሊሆን አይችልም።

7/ የሂሳብ መዝገብ የሚይዝ ግብር ከፋይ በግብር ዓመቱ ግብር የሚከፈልበት ገቢ በሚሰላበት ጊዜ ገቢውን ለማግኘት የወጣና በግብር ከፋዩ የተከፈለ አስፈላጊ የሆነ ወጪ ተቀናሽ የሚደረግ ሲሆን፣ ይህም ወጪ የሚከተሉትን ይጨምራል፡-

ሀ)ቤቱ ያረፈበት መሬት ኪራይ፣

ለ)የጥገና ወጪ፣

ሐ) የቤቱ፣ የቤት ዕቃዎችና የመሣሪያዎች የእርጅና ቅናሽ፣

መ)ወለድና የመድን አረቦን፣

ረ) ግብርን ሳይጨምር ለመሬቱ ወይም ከተከራየው ቤት ጋር በተገናኘ ግብር ከፋዩ ለመንግሥት ወይም ለከተማ አስተዳደር የከፈላቸው ክፍያዎች፣

## አንቀጽ 17. የተከራይ አከራዮች

1/ የተከራይ አከራይ በግብር ዓመቱ ያገኘው ግብር የሚከፈልበት ገቢ ነው የሚባለው የተከራይ አከራዩ በግብር ዓመቱ ከተቀበለው ጠቅላላ የኪራይ ገቢ ላይ ለዋናው አከራይ የሚከፍለው ኪራይ እንዲሁም ገቢውን ለማግኘት ያወጣቸው ሌሎች አስፈላጊ ወጪዎች ከተቀነሱ በኋላ የሚቀረው ገንዘብ ነው።

2/ ተከራይ የተከራየውን ቤት መልሶ እንዲያከራይ የሚፈቅድ የቤት ባለቤት ተከራዩ ግብሩን ሳይከፍል ቢቀር ስለእርሱ ሆኖ ግብሩን የመክፈል ኃላፊነት ይኖርበታል።

## አንቀጽ 18. የሚከራይ አዲስ ቤትን ስለማሳወቅ

1/ ለኪራይ የሚሰራ ቤት ተሰርቶ እንዳለቀ ወይም ቤቱ እንደተከራየ ፣ ከሁለቱ በሚቀድመው ጊዜ የቤቱ ባለቤትና የቤቱ ሥራ ተቋራጭ የቤቱ ግንባታ የተጠናቀቀ ወይም የተከራየ መሆኑን ከቤቱ ኪራይ በሚገኘው ገቢ ላይ የሚፈለገውን

ዝድለ ግብሪ ክኸፍል ዘለዎ ሰብ ሽም ፣ ኣድራሻን መፍለዪ ቑፅሪ ከፋሊ ግብሪ ፣ እቲ ገዛ ንዝርከበሉ ጣብያ ምምሕዳር ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ክፍልጡ ኣለዎም፤

2/ ጣብያ ምምሕዳር ብመሰረት ዝቐርበሉ መፍለጢ ንዝተረኸበ መረዳእታ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ንበዓል መዚ ክገልፅ ኣለዎም።

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ሰደቓ "ሐ" ካብ ስራሕ ንግዲ ዝርከብ ኣታዊ

## ክፍሊ ሓደ

## ካብ ስራሕ ንግዲ ኣብ ዝርከብ ኣታዊ ግብሪ ምትካል

**ዓንቀፅ** 19. **ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ግብሪ ምትካል**

1/ ድንጋገ እዚ ምዕራፍ ሕልው ኮይኑ ፣ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ዘለዎ ሰብ ኣብ ሕድሕድ ዓመት ግብሪ ብመሰረት ዓንቀፅ 20 እዚ ኣዋጅ ዝተመልከተ ምጣነ ወይ ምጣነታት ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ይኸፍል፤

2/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ዝኸፍሎ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝሰላሕ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ዓመት ግብሪ ዝረኸቦ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ኣብ ዓንቀፅ 20 እዚ ኣዋጅ ዝተመልከተ ምጣነ ወይ ምጣነታት ተፈፃሚ ንክኾኑ ብምግባር እዩ።

**ዓንቀፅ** 20. **ኣብ ልዕሊ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ተፈፃሚ ዝኾኑ ምጣነታት**

1/ ኣብ ልዕሊ ትካል ተፈፃሚ ዝኸውን ምጣነ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ሰላሳ ሚኢታዊ (30%) እዩ፤

2/ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ሰብ ተፈፃሚ ዝኸውን ምጣነ ብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝስዕቡ እዮም፦-

ግብር መክፈል ያለበትን ሰው ስም ፣ አድራሻና የግብር ከፋይ መለያ ቁጥር፣ ቤቱ ለሚገኝበት የቀበሌ አስተዳደር በ 15 ቀን ውስጥ ማስታወቅ አለበት።

2/ የቀበሌው አስተዳደር በማስታወቂያው መሠረት የተገኘውን መረጃ በ 15 ቀን ውስጥ ለባለሥልጣኑ መግለጽ አለበት።

## ምዕራፍ አራት

## ሠንጠረዥ"ሐ፣ ከንግድ ሥራ የሚገኝ ገቢ

## ክፍል አንድ

## ከንግድ ሥራዎች በሚገኝ ገቢ ላይ ግብርን ስለመጣል

**አንቀጽ** 19. **በንግድ ሥራ ገቢ ላይ ግብርን ስለመጣል**

1/ በዚህ ምዕራፍ የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፤ በግብር ዓመቱ ግብር የሚከፈልበት ገቢ ያለው ሰው በእያንዳንዱ የግብር ዓመት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 20 በተመለከተው መጣኔ ወይም መጣኔዎች መሠረት የንግድ ስራ ገቢ ግብር ይከፍላል።

2/ አንድ ግብር ከፋይ በአንድ የግብር ዓመት የሚከፍለው የንግድ ሥራ ገቢ ግብር የሚሰላው በዚህ አዋጅ አንቀጽ 20 የተመለከተው መጣኔ ወይም መጣኔዎች በግብር ከፋዩ የግብር ዓመት ግብር የሚከፈልበት ገቢ ላይ ተፈፃሚ እንዲሆኑ በማድረግ ነው።

**አንቀጽ** 20. **በንግድ ሥራ ገቢ ላይ ተፈጻሚ የሚሆኑ መጣኔዎች**

1/በድርጅት ላይ ተፈጻሚ የሚሆነው የንግድ ሥራ ገቢ የግብር መጣኔ ሰላሳ በመቶ (30%) ነው።

2/ በግለሰብ ላይ ተፈጻሚ የሚሆኑ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር መጣኔዎች የሚከተሉት ናቸው።

3/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ደቀቕቲ ትካላት ንግዲ ግብሪ ዝኸፍሉ ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከቱ ምጣነታት ይኸውን፤

| ካብ ስራሕ ንግዲ ዝርከብ ግብሪ ዝኽፈሎ ዓመታዊ ኣታዊ ብብር | ምጣነ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ |
|---|---|
| 0-7,200 | 0% |
| 7,201-19,800 | 10% |
| 19,801-38,400 | 15% |
| 38,401-63,000 | 20% |
| 63,001-93,600 | 25% |
| 93,601-130,800 | 30% |
| ልዕሊ 130,800 | 35% |

4/ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ "ደቀቕቲ ትካላት ንግዲ" ማለት ኤጀንሲ ልምዓት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላትን ውሕስና ምግቢ ከተማታትን ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ብዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 278/2008 ዝተውሃበ ትርጉም ይሕዝ።

**ዓንቀፅ 21. <u>ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ</u>**

1/ ግብሪ ዝኽፈሎ ዓመታዊ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ግብሪ እዩ ዝበሃል ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ ስራሕ ንግዲ ዝተረኽበ ጠቕላላ ኣታዊ ንከፋሊ ግብሪ ዝተፈቐዱ ወፃእታት ተቐናሲ ድሕሪ ምግባር ዝርከብ መጠን ኣታዊ እዩ።

2/ ብካልኦት ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ፣ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንብን በዓል መዚ ብዘውፅኦም መምርሕታትን ዝተመልከቱ ሕልዋት ኮይኖም ፣ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ዝውሰን ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ብርኪ ኣቀራርባ

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ድንጋጌ ቢኖርም ጥቃቅን የንግድ ድርጅቶች ግብር የሚከፍሉት በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) ሥር በተመለከቱት መጣኔዎች መሠረት ይሆናል።

| ከንግድ ሥራ የሚገኝ ግብር የሚከፈልበት ዓመታዊ ገቢ በብር | የንግድ ሥራ ገቢ የግብር መጣኔ |
|---|---|
| 0-7,200 | 0% |
| 7,201-19,800 | 10% |
| 19,801-38,400 | 15% |
| 38,401-63,000 | 20% |
| 63,001-93,600 | 25% |
| 93,601-130,800 | 30% |
| ከ130,800 በላይ | 35% |

4/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም "ጥቃቅን የንግድ ድርጅቶች" ማለት የትግራይ ክልል የጥቃቅን እና አነስተኛ ድርጅቶች ልማት እና የምግብ ዋስትና ኤጀንሲ ለማቋቋም በወጣው አዋጅ ቁጥር 278/2008 የተሰጠውን ትርጉም ይይዛል።

**አንቀጽ 21.<u>ግብር የሚከፈልበት የንግድ ሥራ ገቢ</u>**

1/ የአንድ ግብር ከፋይ ግብር የሚከፈልበት ዓመታዊ የንግድ ሥራ ገቢ ነው የሚባለው ከንግድ ሥራ ከተገኘ ጠቅላላ የግብር ዓመቱ ገቢ ላይ ለግብር ከፋዩ የተፈቀዱት ወጪዎች ተቀናሽ ከተደረጉ በኋላ የሚገኘው የገቢ መጠን ነው።

2/ በዚህ አዋጅ ሌሎች ድንጋጌዎች የክልሉ ስራ ኣስፈፃሚ ምክር ቤት የሚያወጣቸው ደንቦች እና ባለስልጣኑ የሚያወጣቸው መመሪያዎች የተመለከቱት እንደተጠበቁ ሆነው፣ የአንድ ግብር ከፋይ ግብር የሚከፈልበት የግብር ዓመቱ ገቢ የሚወሰነው ግብር ከፋዩ በፋይናንስ ሪፖርት

ፀብፃብ ፋይናንስ ብዝዳሎ መግለፂ ትርፍን ክሳራን ወይ ኣታዊ ተመስሪቱ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 22. ኣታዊ ስራሕ ንግዲ**

1/ ካልኦት ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ሕልዋት ኮይኖም ፤ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ዝስዕቡ ይሓውስ፦

ሀ) ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ከይሓወሰ ከፋሊ ግብሪ ኣቕሑቱ ብምምሕልላፍ ከምኡ እውን ብምሃብ ግልጋሎታት ዝረኸቦ መጠን ገንዘብ ሓዊሱ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ ስራሕ ንግዲ ዝረኸቦ ጠቕላላ መጠን ገንዘብ፣

ለ) ንንግዲ ዝውዕል ኣቕሓ ከይሓወሰ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ብምትሕልላፍ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝርከብ መጠን ገንዘብ፣

ሐ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ነቲ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ከፋሊ ግብሪ ተገይሩ ዝውሰድ ዝኾነ ካልእ መጠን ገንዘብ፣

2/ ካብ ስራሕ ንግዲ ዝርከብ ኣታዊ ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ ንዝተገበረ ኣታዊ ኣይሓውስን፤

3/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ፣ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1(ለ) እዚ ዓንቀፅ ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝካተት ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ብምትሕልላፍ ዝርከብ ኣታዊ ካብ መዝገብ ዋጋ እቲ ሃፍቲ ብላዕሊ ዝኾነ እቲ ሃፍቲ ኣብዝተማሓላለፈሉ እዋን ካብ ዝተማሓላለፈ ሃፍቲ ዝተረኸበ ኣታዊ እዩ።

4/ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ብመሰረት ዓንቀፅ 56 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈሎ እንተኾይኑ፦

ሀ) ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1(ለ) እዚ ዓንቀፅ ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝካተት ሃፍቲ ብምትሕልላፍ ዝርከብ ኣታዊ ንሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝተገበረ ወፃኢ ካብ ዝተፃረየ መዝገብ

አቀራረብ ደረጃዎች መሠረት በሚያዘጋጀው የትርፍና ኪሳራ ወይም የገቢ መግለጫ ላይ በመመስረት ይሆናል።

**አንቀጽ 22.የንግድ ሥራ ገቢ**

1/ የዚህ አዋጅ ሌሎች ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፤ በአንድ የግብር ዓመት የአንድ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ከፋይ የንግድ ሥራ ገቢ የሚከተሉትን ይጨምራል፦

ሀ)ከመቀጠር የሚገኝ ገቢን ሳይጨምር ግብር ከፋዩ ዕቃዎችን በማስተላለፍ እንዲሁም አገልግሎቶችን በመስጠት የሚያገኘውን የገንዘብ መጠን ጨምሮ በግብር ዓመቱ ከንግድ ሥራ ያገኘው ጠቅላላ የገንዘብ መጠን፣

ለ) ለንግድ የሚውል ዕቃን ሳይጨምር በግብር ዓመቱ የንግድ ሥራ ሀብትን በማስተላለፍ የሚገኝ የገንዘብ መጠን፤

ሐ)በዚህ አዋጅ መሠረት ለግብር ዓመቱ የግብር ከፋዩ ገቢ ተደርጎ የሚወሰድ ሌላ ማንኛውም የገንዘብ መጠን፤

2/ ከንግድ ሥራ የሚገኝ ገቢ ከገቢ ግብር ነፃ የተደረገን ገቢ አይጨምርም።

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1(ለ) መሠረት በንግድ ሥራ ገቢ ውስጥ የሚካተተው የንግድ ሥራ ሀብትን በማስተላለፍ የሚገኝ ገቢ ከንግድ ሥራ ሀብቱ የመዝገብ ዋጋ በላይ የሆነው የንግድ ሥራ ሀብቱ በሚተላለፍበት ጊዜ ከተላለፈው ሀብት የተገኘው ገቢ ነው።

4/ አንድ የንግድ ሥራ ሀብት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 56 መሠረት ግብር የሚከፈልበት ከሆነ፦

ሀ) በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1(ለ) መሠረት በንግድ ሥራ ገቢ ውስጥ የሚካተተውን የንግድ ሥራ ሀብትን በማስተላለፍ የሚገኘውን ገቢ ለንግድ ሥራው ሀብት የተደረገው ወጪ

ዋጋ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝበለፀ መጠን ገንዘብ እንትኸውን፣

ለ) ካብ ወፃኢ.ኡ ብላዕሊ ዝርከብ ጥቕሚ ብመሰረት ዓንቀፅ 56 ግብሪ ይኽፈሎ።

**ዓንቀፅ 23. <u>ተቐናሲ ዝግበሩ ወፃእታት</u>**

1/ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ሕልዋት ኮይኖም፣ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ከፉሊ ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ንምውሳን ብተቐናሲ ዝተሓዙ ወፃእታት ዝስዕቡ ይሓውስ፡-

ሀ) ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝተኻተቱ ኣታውታት ንምርካብ ፣ ነቲ ስራሕ ንግዲ ውሕስና ንምሃብን ስራሕ ንግዲ ንምቕፃልን በቲ ከፉሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ዝተፈፀሙ ኣድለይቲ ዝኾኑ ወፃእታት፣

ለ) ብመሰረት ብርክታት ኣቀራርባ ፀብፃብ ፋይናንስ ዝተመልከተ ዝተሰልሐ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ብከፉሊ ግብሪ ንዝተሸጠ ኣቕሓ ንግዲ ዝወፀ ወፃኢ፣

ሐ)ብመሰረት ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ዝውሰን ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ዋግኦም ዝቕነስ ኣብ ስራሕ ዝወዓሉ ሃፍትታትን ግዙፋዊ ህላዎት ንዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕ ንግዲ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ዝሕሰብ ጠቕላላ ተቐናሲ እርጋን፣

መ) ከፉሊ ግብሪ ኣቕሓ ንግዲ ከይሓወሰ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ እንተማሓላልፍ ዝገጥሞ ክሳራ፣

ረ) ነቲ ዓመት ግብሪ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ንከፉሊ ግብሪ ብተቐናሲ ዝፍቀድ ካልእ ዝኾነ ወፃኢ፣

2/ ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ ዋግኡ ዝቕንስ ሃፍቲ እንተዘይኮይኑ ፣ ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ ኣብ ዝተማሓላለፈሉ እዋን ንዝበፅሕ ክሳራ ዓንቀፅ 56 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝኸውን እንተኾይኑ ፣

ከንግድ ሥራው ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ የሚበልጠው የገንዘብ መጠን ሲሆን፣

ለ) ከወጪው በላይ በሚገኘው ጥቅም ላይ በአንቀጽ 56 መሠረት ግብር ይከፈልበታል።

**አንቀጽ 23. <u>ተቀናሽ የሚደረጉ ወጪዎች</u>**

1/ የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ በግብር ዓመቱ የግብር ከፋዩን ግብር የሚከፈልበት ገቢ ለመወሰን በተቀናሽ የሚያዙት ወጪዎች የሚከተሉትን ይጨምራሉ፡-

ሀ) በንግድ ሥራው ገቢው ውስጥ የተካተቱትን ገቢዎች ለማግኘት፣ ለንግዱ ስራ ዋስትና ለመስጠትና የንግድ ሥራውን ለማስቀጠል በግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ ውስጥ የተደረጉ አስፈላጊ የሆኑ ወጪዎች፤

ለ) በፋይናንስ ሪፖርት አቀራረብ ደረጃዎች በተመለከተው መሠረት የተሠላ በግብር ዓመቱ በግብር ከፋዩ ለተሸጠ የንግድ ዕቃ የወጣ ወጪ፤

ሐ)በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 በሚወሰነው መሠረት የንግድ ስራ ገቢን ለማግኘት ሥራ ላይ የዋሉ ዋጋቸው የሚቀንስ ሀብቶች እና ግዙፋዊ ህልዎት ለሌላቸው የንግድ ስራ ሀብቶች በግብር ዓመቱ የሚታሰበው ጠቅላላ የእርጅና ቅናሽ፣

መ) ግብር ከፋዩ የንግድ ዕቃን ሳይጨምር በግብር ዓመቱ የንግድ ሥራ ሀብትን ሲያስተላለፍ የሚገጥመው ኪሳራ፣

ረ) ለግብር ዓመቱ በዚህ አዋጅ መሠረት ለግብር ከፋዩ በተቀናሽነት የሚፈቀድ ሌላ ማናቸውም ወጪ፣

2. ግብር የሚከፈልበት ሃብት ዋጋው የሚቀንስ ሀብት ካልሆነ በስተቀር፣ ግብር የሚከፈልበት ሃብት በሚተላለፍበት ጊዜ ለሚደርስ ኪሳራ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 56 ተፈጻሚ የሚሆን ሲሆን፣ የዚህ

ንኡስ ዓንቀፅ 1(መ) እዚ ዓንቀፅ ግን ተፈፃሚ ኣይኸውንን፣

3/ ንኣፈፃፅማ ንኡስ ዓንቀፅ 1(መ) እዚ ዓንቀፅ፣ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ኣብ ምምሕልላፍ ዝበፅሕ ክሳራ ዝበሃል እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝተማሓላለፈሉ እዋን ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ሃፍቲ እቲ ሃፍቲ ካብ ዝተሓላለፈሉ ዋጋ ብዝበልፆ መጠን ገንዘብ እዩ።

**ዓንቀፅ 24.** __**ወፃኢ ወለድ**__

1/ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ፤ ከፋሊ ግብሪ ዝወሰዶ ልቓሕ ወይ ካልእ ዕዳ ወይ ዝገበሮ ስምምዕነት ኣታዊ ስራሕ ንግዱ ንምርካብ ክሳብ ዘውዐሎ ምስ እዚ ብዝተተሓዘ ዝኸፈሎ ወለድ ዓመት ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ኣብ ዝውሰነሉ እዋን ከምወፃኢ ይተሓዘሉ፤

2/ ንዝስዕቡ ወፃእታት ተቐናሲ ኣይፍቀድን፦

ሀ) እቲ ወለድ ኣብ መንጎ ብሄራዊ ባንክን ባንክታት ንግድን ብዝተገበረ ልቓሕ ካብ ዝሕሰብ ምጣነ ወለድ ካብ 2% ዝበልፅ እንተኾይኑ ብተቐናሲ ኣይተሓዝን፤ ይኹን እምበር እቲ ወለድ፣

1. ብብሄራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ኣፍልጦ ንዝተውሃቦ ትካል ፋይናንስ ፣ ወይ
2. ኣብዚ ክልል ንዝርከቡ ሰባት ልቓሕ ንክህብ ዝተፈቐደሉ ባንክ ወፃኢ ሃገር ፣ ዝተኸፈለ ወይ ዝኸፈል እንተኾይኑ ብተቐናሲ ይተሓዝ።

ለ) ኣታዊ ወለድ ርክብ ብዘለዎ ሰብ ኣብ ኣታዊ ሰደቓ "መ" እንተዘይተኻቲቱ ፣ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ትግራይ ነባሪ ንዘኾነን ርክብ ንዘለዎ ሰብ ዝኸፈሎ ወይ ዝኸፍሎ ወለድ።

አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ(1)(መ) ግን ተፈጻሚ አይሆንም።

3/ ለዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1(መ) አፈጻፀም፤ የንግድ ስራ ሀብትን በማስተላለፍ የሚደርስ ኪሳራ የሚባለው ሀብቱ በተላለፈበትት ጊዜ የሀብቱ የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ሀብቱ ከተላለፈበት ዋጋ በሚበልጠው የገንዘብ ልክ ነው።

**አንቀጽ 24.** __**የወለድ ወጪ**__

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 እንደተጠበቁ ሆነው፤ ግብር ከፋዩ የወሰደውን ብድር ወይም ሌላ ዕዳ ወይም ያደረገውን ስምምነት የንግድ ሥራ ገቢውን ለማግኘት ተግባር ያዋለው እስከሆነ ድረስ ከዚህ ጋር በተያያዘ የተከፈለው ወለድ የግብር ከፋዩ የግብር ዓመቱ ግብር የሚከፈልበት ገቢ በሚወሰንበት ጊዜ እንደወጪ ይያዝለታል።

2/ ለሚከተሉት ወጪዎች ተቀናሽ አይፈቀድም፡

ሀ) ወለዱ በብሔራዊ ባንክ እና በንግድ ባንኮች መካከል በተደረገ ብድር ከሚታሰብ የወለድ መጣኔ 2% የሚበልጥ ከሆነ በተቀናሽ አይያዝም፤ ነገር ግን ወለዱ፣

1. በኢትዮጵያ ብሔራዊ ባንክ ዕውቅና ለተሰጠው የፋይናንስ ተቋም፣ ወይም
2. በክልሉ ለሚገኙ ሰዎች ብድር እንዲሰጥ ለተፈቀደለት የውጭ ሀገር ባንክ የተከፈለ ወይም የሚከፈል ከሆነ በተቀናሽ ይያዛል።

ለ)የወለዱ ገቢ ግንኙነት ባለው ሰው የሰንጠረዥ "መ" ገቢ ውስጥ ካልተካተተ በስተቀር፣ አንድ ግብር ከፋይ በክልሉ ነዋሪ ለሆነ ግንኙነት ላለው ሰው የከፈለው ወይም የሚከፍለው ወለድ።

**ዓንቀፅ 25. ንዕላማ ምግባረ ሰናይ ዝግበሩ ውህብቶታት**

1/ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ኣብ ዝውሰነሉ እዋን ከፋሊ ግብሪ ዝገበሮ ውህብቶ ተቐናሲ ዝግበር እቲ ውህብቶ ንዝስዕቡ ዝተገበረ እንተኾይኑ፡-

ሀ) ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ንዝተመልከተ ትካል ገባሪ ሰናይ እቲ ክልል ወይ ማሕበር ፣ ወይ

ለ) ብመሰረት መንግስቲ ዝገበሮ ፃውዒት ንልምዓት ፣ ንምኽባር ልኡላውነትን ግዝኣት ሓድነት ሃገርን ፣ ሰብ ሰራሕ ወይ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ወይ ተዛማቲ ሕማም ንምክልኻል ወይ ንተመሳሳሊ ፃውዒት ምላሽ ንማሃብ ዝተገበረ እንተኾይኑ እዩ፤

2/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ንከፋሊ ግብሪ ዝፍቀዶ ጠቕላላ ተቐናሲ ካብ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ግብሪ እቲ ዓመት ካብ 10 %( ዓሰርተ ሚእታዊ) ክበልፅ የብሉን፣

3/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ " ትካል ገባሪ ሰናይ " ወይ "ማሕበር " ማለት ኣብዚ ክልል ስራሕቲ ገባሪ ሰናይ ንክሰርሕ ብክልል ኣፍልጦ ዝተውሃቦ ትካል ገባሪ ሰናይ ወይ ማሕበር ኮይኑ ብኣዋጅ ትካላት ገባሪ ሰናይን ማሕበራትን ቁፅሪ ኣዋጅ 621/2001 ዝተውሃቦ ትርጉም ይሓውስ ።

**ዓንቀፅ 26. ተቐናሲ እርጋን**

1/ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ከፋሊ ግብሪ ንምውሳን ከፋሊ ግብሪ ኣታዊኡ ንምርካብ ብግብሪ ዓመቱ ኣብ ጥቕሚ ንዘውዕሎምን ዋግኦም ንዝቐንሱ ሃፍትታትን ግዙፋዊ ህላዎት ንዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕ

**አንቀጽ 25. ለበጎ አድራጎት ዓላማ የሚደረጉ ስጦታዎች**

1/ የግብር ከፋዩ ግብር የሚከፈልበት የግብር ዓመቱ ገቢ በሚወሰንበት ጊዜ ግብር ከፋዩ ያደረገው ስጦታ ተቀናሽ የሚደረገው ስጦታው ለሚከተሉት የተደረገ ሲሆን ነው፡-

ሀ) በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) ለተመለከቱት በክልሉ የሚገኙ የበጎ አድራጎት ድርጅቶች ወይም የትግራይ ክልል ማኅበር፣ ወይም

ለ) መንግሥት ባደረገው ጥሪ መሠረት ለልማት፣ የሀገሪቱን ሉዓላዊነትና የግዛት አንድነት ለማስከበር፣ ሰው ሰራሽ ወይም የተፈጥሮ አደጋ ወይም ወረርሽኝ ለመከላከል ወይም ለተመሳሳይ ጥሪዎች ምላሽ ለመስጠት የተደረገ ከሆነ፣ ነው።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት ለግብር ከፋዩ የሚፈቀደው ጠቅላላ ተቀናሽ ከግብር ከፋዩ ግብር የሚከፈልበት የግብር ዓመቱ ገቢ ከ 10% (አሥር በመቶ) መብለጥ የለበትም።

3/ ለዚህ አንቀጽ አፈጻጸም " የበጎ አድራጎት ድርጅቶች ወይም ማኅበር ማለት በክልሉ የበጎ አድራጎት ስራ እንዲሰራ በክልሉ እውቅና የተሰጠው የበጎ አድራጎት ድርጅት ወይም ማህበር ሆኖ በበጎ አድራጎት ድርጅቶችና ማህበራት አዋጅ ቁጥር 621/2001 የተሰጠው ትርጉም ይጨምራል።

**አንቀጽ 26. የእርጅና ቅናሽ**

1/ የግብር ከፋዩን በግብር ዓመቱ ግብር የሚከፍልበትን ገቢ ለመወሰን ግብር ከፋዩ ገቢውን ለማስገኘት በግብር ዓመቱ ጥቅም ላይ ላዋላቸው እና ዋጋቸው ለሚቀንስ ሀብቶች እና ግዙፋዊ ሀልዎት ለሌላቸው የንግድ ሥራ ሀብቶች

ንግዲን ዋግኦም ብዝቐነሰ መጠን ገንዘብ ልክዕ ተቐናሲ እርጋን ንምግባር ይፍቀደሉ፤

2/ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ሕሉዋት ኮይኖም ዋግኦም ንዝቕንስ ሃፍትታትን ግዙፋዊ ህላዎትን ንዘይብሎም ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ በቢ ግብሪ ዓመቱ ዝግበር ተቐናሲ እርጋን ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ ይውሰን፤

3/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዱ ንምርካብ ዋግኦም ዝቕንሱ ሃፍትታቱ ወይ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍትታቱ ዓመት ሙሉእ ዘይተጠቐመ እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝግበር ተቐናሲ እርጋን ዝስላሕ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ኮይኑ ፣ ሃፍቲ እቲ ንግዲ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዓለሉ ዓመት ሒሳብ ተመጣጣኒ ብዝኾነ መልክዑ ድሕሪ ምቕናሱ እዩ።

4/ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ዋግኡ ዝቕንስ ሃፍትን ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ብኸፋል ኣታዊ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ንምርካብ ብኸፋል ድማ ንካልእ ግልጋሎት ዝተጠቐመሉ እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝግበር ተቐናሲ እርጋን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ዝግበር መስተኻኸሊ ኣብ ውሽጢ ግምት ኣትዩ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) ኣታዊ ስራሕ ንግዱ ንምርካብ ብዝዋዓሎ መጠን ዝስላሕ ይኸውን።

5/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግብሪ ዋግኡ ንዝቕንስ ሃፍትን ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግድን ብኸፋል ኣታዊ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ንምርካብ ብኸፋል ድማ ንካልእ ግልጋሎት ምስ ተጠቐመሉ እዚ ሃፍቲ

ዋጋቸው በቀነሰው የገንዘብ መጠን ልክ የእርጅና ቅናሽ ለማድረግ ይፈቀድለታል።

2/ የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆኖ፣ ዋጋቸው ለሚቀንስ ሀብቶች እና ግዙፋዊ ሀልዎት ለሌላቸው የንግድ ስራ ሀብቶች በየግብር ዓመቱ የሚደረገው የእርጅና ቅናሽ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል።

3/ አንድ ግብር ከፋይ በግብር ዓመቱ በሙሉ የንግድ ስራ ገቢውን ለማግኘት ዋጋቸው የሚቀንስ ሀብቶችን ወይም ግዙፋዊ ሀልዎት የሌላቸውን ሀብቶች ያልተጠቀመ እንደሆነ በዚህ አንቀጽ መሠረት የሚደረገው የእርጅና ቅናሽ የሚሰላው በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት ሆኖ፣ የንግድ ሀብቱ ጥቅም ላይ ያልዋለበት ዓመት ሂሣብ ተመጣጣኝ በሆነ መልኩ ከተቀነሰ በኋላ ነው።

4/ አንድ ግብር ከፋይ በአንድ የግብር ዓመት ውስጥ ዋጋው የሚቀንስ ሀብት እና ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው ሀብት በከፊል የገቢ ግብር የሚከፈልበትን ገቢ ለማግኘት በከፊል ደግሞ ለሌላ አገልግሎት የተጠቀመበት እንደሆነ በዚህ አንቀጽ መሠረት የሚደረገው የእርጅና ቅናሽ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) መሠረት የሚደረገው ማስተካከያ ከግምት ውስጥ ገብቶ በንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት የንግድ ስራ ገቢውን ለማግኘት በዋለው መጠን የሚሰላ ይሆናል።

5/ አንድ ግብር ከፋይ በአንድ የግብር ዓመት ውስጥ ዋጋው የሚቀንስን ሀብት እና ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ስራ ሀብት በከፊል የገቢ ግብር የሚከፈልበትን ገቢ ለማስገኘት በከፊል ደግሞ ለሌላ አገልግሎት ከተጠቀመበት በኋላ

በቲ ዓመት ግብሪ ዘማሓላለፎ እንተኾይኑ ብዓንቀፅ 23(1)(ለ) ወይ 23(1)(መ) እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ መጠን ትርፊ ወይ ክሳራ ዝስላሕ ስራሕ ንግዱ ዘጋጠሞ መጠን ትርፊ ወይ ክሳራ ንኣታዊ እቲ ስራሕ ንግዲ ብዝነበሮ መጠን ኣስተዋፅኦ ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝተኸፈለ ይኸውን።

6) ዋግኦም ዝቕንሱ ሃፍትታት ወይ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕቲ ንግዲ ንተቐናሲ እርጋን ምሕሳብ ዝጅምር እቲ ሃፍቲ ነቲ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ንግልጋሎት ድሉው ካብ ዝኾነሉን ግልጋሎት ምሃብ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ጀሚሩ እንተኸውን ፣ በቲ ከፋሊ ግብሪ ዝተሃነፀ ህንፃ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ተቖፃፃሪ ኣካል ንቲ ከፋሊ ግብሪ ምዝዛም ህንፀት እቲ ህንፃ ዘረጋግፀሉ ወረቐት ምስክር ካብ ዝሃበሉ ዕለት ዝቐደመ ክኸውን ኣይኽእልን።

7/ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓንቀፅ፡-

ሀ) "ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕ ንግዲ" ማለት ብመሉእ ወይ ብኽፋል ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ዝውዕሉ ዝስዕቡ ሃፍትታት እዮም።

1. መሰል ቅዳሕ ፣ ፓተንት ፣ ዲዛይን ወይ ሞዴል ፣ ፕላን ምስጢራዊ ቀመር ወይ ከይዲ ኣሰራርሓ ፣ ምልክት ንግዲ ወይ ንዝተወሰነ ዘበን ጥራሕ ዘገልግል ካልእ ተመሳሳሊ ሃፍቲ፣
2. ዝርዝር ዓማዊል ፣ መስመር ፈነወ ወይ ፍሉይ ሽም ፣ ምልክት ወይ ስእሊ ወይ ንዝተወሰነ ዘበን ጥራሕ ዘገልግል ካልእ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሜላ ንግዲ፣
3. ልዕሊ ሓደ ዓመት ኮይኑ ንዝተወሰነ

ይህንን ሀብት በዚያው የግብር ዓመት ውስጥ ያስተላለፈው እንደሆነ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 23(1)(ለ) ወይም 23(1)(መ) የተደነገገው የትርፍ ወይም የኪሳራ መጠን የሚሠላው የንግድ ሥራው ያጋጠመው የትርፍ ወይም የኪሳራ መጠን ለንግድ ሥራው ገቢ በነበረው አስተዋጽኦ መጠን ሚዛናዊ በሆነ መንገድ እየተከፋፈለ ይሆናል።

6/ ዋጋቸው የሚቀንስ ሀብቶች ወይም ግዙፋዊ ሀልዎት የሌላቸው የንግድ ሥራ ሀብቶች የእርጅና ቅናሽ መታሰብ የሚጀምረው ሀብቱ የንግድ ሥራ ገቢውን ለማስገኘት ለአገልግሎት ዝግጁ ከሆነበትና አገልግሎት መስጠት ከጀመረበት ቀን አንስቶ ሲሆን፣ በግብር ከፋዩ የተገነባ ህንፃ በሚሆንበት ጊዜ ተቆጣጣሪው አካል ለግብር ከፋዩ የህንፃው ግንባታ መጠናቀቁን የሚያረጋግጥ የምስክር ወረቀት ከሰጠበት ቀን በፊት ሊሆን አይችልም።

7/በዚህ አንቀጽ ውስጥ፣

ሀ) "ግዙፋዊ ሀልዎት የሌላቸው የንግድ ስራ ሃብቶች" ማለት በሙሉ ወይም በከፊል የንግድ ስራ ገቢን ለማስገኘት የሚውሉ የሚከተሉት ሀብቶች ናቸው።

1. የቅጅ መብት፣ ፓተንት፣ ዲዛይን ወይም ሞዴል፣ ፕላን፣ ምስጢራዊ ቀመር ወይም የአሠራር ሂደት፣ የንግድ ምልክት፣ ወይም ለተወሰነ ዘመን ብቻ የሚያገለግል ሌላ ተመሳሳይ ሀብት፣
2. የደንበኞች ዝርዝር ፣ የሥርጭት መስመር ወይም የተለየ ስም ፣ ምልክት ወይም ስዕል ወይም ለተወሰነ ዘመን ብቻ የሚያገለግል ሌላ ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ዘይቤ፣
3. ከአንድ ዓመት በላይ ሆኖ ለተወሰነ ጊዜ

እዋን ዘገልግል ካብ ውዕል ዝፍልፍል መሰል (ወፃኢ.ኡ ኣቐዲሙ ዝተኸፈሎ እውን ሓዊሱ)፣

4. ዝኾነ ግዙፋዊ ህላዎት ዘለዎ ዝንቀሳቐስ ኮነ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ንምርካብ ዝወፀ ወፃኢ ከይሓወሰ ፣ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ጥቕሚ ንዝህብ ወፃኢ፤

ለ) “ዋግኡ ዝቕንስ ሃፍቲ” ማለት ዝስዕቡ ኩነታት ዘማልእ ግዙፋዊ ህላዎት ዘለዎ ዝንቀሳቐስ ሃፍቲ ወይ ኣብ ልዕሊ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ዝግበር ምምሕያሽ እዩ።

1. ካብ ሓደ ዓመት ዝበልፅ ግልጋሎት ዘመን ዘለዎ፣
2. ብምኽንያት እርጋን ወይ ግዚኡ ብምሕላፉ ዋግኡ ክቕንስ ዝኽእል፣
3. ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ፣

ሐ) “ኣብልዕሊ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ዝግበር ምምሕያሽ” ማለት ገዛ ወይ ካልእ ኣካል እቲ ገዛ ዝኾውን ወይ ምስቲ ገዛ ንሓዋሩ ዝተተሓሐዘ ኣብ ልዕሊ እቲ ገዛ ዝግበር ዝኾነ ወሰኽ ወይ ለውጢ እንትኾውን ንመንገዲ ፣ መጋቢ መንገዲ ፣ መዕረፊ መኪና ፣ ሓፁር ወይ መንደቕ ይሓውስ።

**ዓንቀፅ 27. <u>ምስግጋር ክሳራ</u>**

1/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንዝፍቀድ ተቐናሲ ከይሓወሰ ፣ ነቲ ዓመት ግብሪ ተቐናሲ ዝግበር ወፃኢ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ዓመት ግብሪ ዝረኸቦ ጠቕላላ ኣታዊ እንተበሊፁ ብሕልፊ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ከፋሊ ግብሪ ዝበፅሖ ክሳራ ይኸውን፤

2/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት

የሚያገለግል ከውል የሚመነጭ መብት (ወጪ.ው አስቀድሞ የተከፈለንም ጨምሮ)፣

4.ማንኛውንም ግዙፋዊ ህልዎት ያለውን የሚንቀሳቀስም ሆነ የማይንቀሳቀስ ሃብት ለማግኘት የወጣን ወጪ ሳይጨምር፣ ከአንድ ዓመት በላይ ጥቅም የሚሰጥ ወጪ፤

ለ) “ዋጋው የሚቀንስ ሀብት” ማለት የሚከተሉትን ሁኔታዎች የሚያሟላ ግዙፋዊ ሀልዎት ያለው የሚንቀሳቀስ ሀብት ወይም፣ በማይንቀሳቀስ ንብረት ላይ የሚደረግ ማሻሻያ ነው።

1. ከአንድ ዓመት የሚበልጥ የአገልግሎት ዘመን ያለው፣
2. በእርጅና ወይም ጊዜው በማለፍ ምክንያት ዋጋው ሊቀንስ የሚችል፤
3. በከፊል ወይም በሙሉ የንግድ ሥራ ገቢ ለማግኘት ጥቅም ላይ የዋለ፤

ሐ) "በማይንቀሳቀስ ሀብት ላይ የሚደረግ ማሻሻያ" ማለት ቤት ወይም ሌላ የቤቱ አካል የሚሆን ወይም ከቤቱ ጋር ለዘለቄታው የተያያዘ በቤቱ ላይ የሚደረግ ማንኛውም ጭማሪ ወይም ለውጥ ሲሆን መንገድን፣ መጋቢ መንገድ፣ የመኪና ማቆሚያ አጥር ወይም ግንብን ይጨምራል።

**አንቀጽ 27.<u>ኪሳራን ስለማሸጋገር</u>**

1/ በዚህ አንቀጽ መሠረት የሚፈቀደውን ተቀናሽ ሳይጨምር፣ ለግብር ዓመቱ ተቀናሽ የሚደረገው ወጪ ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ ካገኘው ጠቅላላ ገቢ ከበለጠ በብልጫ የታየው የገንዘብ መጠን ግብር ከፋዩ የደረሰበት ኪሳራ ይሆናል።

2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ

ግብሪ ክሳራ እንተጋጢምዎ ፣ ብግብሪ ዓመቱ ዘጋጠሞ ክሳራ ንቀፃሊ ዓመት ግብሪ ክሰጋግሮ ይኽእል፣ ስለዝኾነ ድማ ከፋሊ ግብሪ ናይ ቐፃሊ ዓመት ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ኣብ ዝስለሐሉ እዋን እቲ ዝተሰጋገረ ክሳራ ብተቐናሲ ይተሓዘሉ።

3/ ከፋሊ ግብሪ ክሳርኡ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሙሉእ ብሙሉእ ክቕንስ ዘይካኣለ እንተኾይኑ እቲ ዘይተቐነሰ ክሳራ ንዝቕፅል ዓመት ግብሪ ምስግጋርን መጠን ዝተኸሓሓሰ ገንዘብ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ በቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተረኸበ ጠቕላላ ኣታዊ ብምቕናስ ክሳርኡ ሙሉእ ብሙሉእ ተቐናሲ ተገይሩ ክሳብ ዝውዳእ ምስግጋር ዝኽእል እንተኸውን ፣ ኮይኑ ግና ከፋሊ ግብሪ ዝበፅሖ ክሳራ እቲ ክሳራ ካብ ዝተርአየሉ ዓመት መወዳእታ ጀሚሩ ካብ ዝቑፀሩ ሓሙሽተ ዓመት ግብሪ ብላዕሊ ምስግጋር ኣይኽእልን፤

4/ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ኣብ ክሳራ ዝወደቐሎም ክልተ ዓመታት ዘለዉን ሕድሕድ ክሳራ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተሰጋገረ እንተኾይኑ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ካልእ ዝኾነ ተወሳኺ ክሳራ ንኽሰጋግር ክፍቀደሉ ኣይኽእልን።

5/ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ክሳራ ክሰጋግር ዝኽእል ብመሰረት ኣብ ደንቢ ኣታዊ ግብሪ ዝተመልከተ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 28. ተቐናሲ ዘይግበሩ ወፃኢታትን ክሳራን**

1/ ብዘይካ ድንጋገ እዚ ኣዋጅ ዝስዕቡ ወፃእታት ብተቐናሲ ኣይተሓዙን፡-

ኪሳራ ካጋጠመው፣ በግብር ዓመቱ የደረሰውን ኪሳራ ለሚቀጥለው የግብር ዓመት ለማሸጋገር ይችላል፤ ስለሆነም የግብር ከፋዩ የሚቀጥለው ዓመት ግብር የሚከፈልበት ገቢ በሚሰላበት ጊዜ የተሸጋገረው ኪሳራ በተቀናሽነት ይያዛል።

3/ ግብር ከፋዩ ኪሳራውን በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት ሙሉ በሙሉ መቀነስ ያልቻለ እንደሆነ ያልተቀነሰውን ኪሳራ ለሚቀጥለው የግብር ዓመት ማሸጋገር እና የተካካሰውን የገንዘብ መጠን በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) በተገለጸው መሠረት በዚያው የግብር ዓመት ከተገኘው ጠቅላላ ገቢ ላይ በመቀነስ ኪሣራው ሙሉ በሙሉ ተቀናሽ ተደርጐ እስከሚያልቅ ድረስ ማሸጋገር የሚችል ሲሆን፣ ነገር ግን ግብር ከፋዩ የደረሰበትን ኪሣራ ኪሣራው ከተከሰተበት ዓመት መጨረሻ ጀምሮ ከሚቆጠሩ አምስት የግብር ዓመታት በላይ ማሸጋገር አይችልም።

4/ ግብር ከፋዩ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት ለኪሳራ የተዳረገባቸው ሁለት ዓመታት ያሉእና እያንዳንዱ ኪሳራ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት የተሸጋገረ እንደሆነ ግብር ከፋዩ በንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት ሌላ ማንኛውንም ተጨማሪ ኪሳራ እንዲያሸጋግር ሊፈቀድለት አይችልም።

5/ ግብር ከፋዩ በዚህ አንቀጽ መሠረት ኪሳራ ሊያሸጋግር የሚችለው በገቢ ግብር ደንቡ በተመለከተው መሠረት ይሆናል።

**አንቀጽ 28. ተቀናሽ የማይደረጉ ወጪዎች እና ኪሳራዎች**

1/ በዚህ አዋጅ ከተደነገገው በስተቀር የሚከተሉት ወጪዎች በተቀናሽ አይያዙም፡-

ሀ) ኣብ ዓንቀፅ 23(1)(ሐ) እዚ ኣዋጅ ብዝተደንገገ ኩነታት እንተዘይኮይኑ ባህሪ ካፒታልነት ዘለዎም ወፃኢታት፣

ለ) ብመሰረት ኣክስዮን ኩባንያ ወይ ማሕበራት ሽርክና ዝኾነ ካፒታል ንምዕባይ ዝወፅእ ወፃኢ፣

ሐ) ልዕሊ 15% (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚእታዊ) ወርሓዊ ማሃያ ተቖፃሪ ብድሌት ዝግበር መዋፅኦ ጡረታ ወይ ፕሮቪደንት ፈንድ፣

መ) ብፅሒት ኣክስዮንን ክፍፍል ትርፍን፣

ረ)ብመሰረት ውዕሊ መድሕን ፣ ካሕሳ ወይ ውሕስና ዝተመለሰ ወይ ክምለስ ዝኽእል ወፃኢ ወይ ክሳራ፣

ሰ) ንዝኾነ ሕጊ ወይ ውዕል ብምጥሓስ ዝቕመጥ ቅፅዓት ገንዘብ ወይ ዝኽፈል ካሕሳ፣

ሸ) ከፋሊ ግብሪ ብመዝገብ ሒሳቡ ዝሕዞ ብእዋኑ ወፃኢ ዘይተገበረ ኮይኑ ግን ኣብ መፃኢ ዓመት ግብሪ ንዝኽሰቱ ወፃኢታት ወይ ክሳራታት መሐለውታ ምእንታን ክኸውን ዝተሓዝ ገንዘብ ወይ መሐለውታ ሒሳብ፣

ቀ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ወይ ብሕጊ ግብሪ ወፃኢ ሃገር ዝተኸፈለ ኣታዊ ወይ ተመሳሲ ዝግበር ግብሪ ተወሳኺ እሴት ግብሪ ፣

በ) ቤት ፅዮኡ ወኪሉ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ንዝርከብ ተቖፃሪ ካብ ቁፃር ካብ ዝርከብ ኣታዊ ተቖፃሪ ልዕሊ 10% ( ዓሰርተ ሚኢታዊ) ዝኽፈል ኣበል ሓላፍነት፣

ተ) ብዘይካ ዝስዕቡ ንመዘናግዒ ዝወፅእ ወፃኢ፣

1. ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ግብሪ ምሃብ ግልጋሎት መዘናግዒ እንተኸውን፣ ወይ
2. ብዓል መዚ ብመምርሒ ተቐናሲ ንኽግበር ብዝፈቕዶ ልክዕ ኣብ ምውፃእ መዓድን ፣

ሀ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 23(1)(ሐ) በተደነገገው አኳኋን ካልሆነ በስተቀር የካፒታልነት ባህርይ ያላቸው ወጪዎች፣

ለ) የኩባንያ አክሲዮን ወይም የሽርክና ማህበር መሠረት የሆነውን ካፒታል ለማሳደግ የሚወጣ ወጪ፣

ሐ) ከተቀጣሪው የወር ደመወዝ 15% (አሥራ አምስት መቶኛ) በላይ በፍቃደኝነት የሚደረግ የጡረታ ወይም የፕሮቪደንት ፈንድ መዋጮ ፣

መ) የአክሲዮን ድርሻ እና የትርፍ ድርሻ ክፍፍል፣

ረ) በመድን፣ በካሳ ወይም በዋስትና ውል መሠረት የተመለሰ ወይም ሊመለስ የሚችል ወጪ ወይም ኪሳራ፣

ሰ) ማንኛውንም ሕግ ወይም ውል በመጣስ የሚጣል የገንዘብ ቅጣት ወይም የሚከፈል ካሳ፣

ሸ) ግብር ከፋዩ በሂሳብ መዝገቡ የሚይዘው በወቅቱ ወጪ ያልተደረገ ነገር ግን ለወደፊት በግብር ዓመቱ ለሚከሰቱ ወጪዎች ወይም ኪሳራዎች መጠባበቂያ ይሆን ዘንድ የሚያዝ ገንዘብ ወይም የመጠባበቂያ ሂሣብ፣

ቀ) በዚህ አዋጅ ወይም በውጭ ሀገር የግብር ሕግ መሠረት የተከፈለ የገቢ ግብር ወይም ተመላሽ የሚደረግ የተጨማሪ እሴት ግብር፣

በ) መሥሪያ ቤቱን ወክሎ በተለያዩ ቦታዎች ለሚገኝ ተቀጣሪ ከተቀጣሪው ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ 10% (አሥር በመቶ) በላይ የሚከፈል የኃላፊነት አበል፣

ተ) ከሚከተሉት በስተቀር ለመዝናኛ የሚወጣ ወጪ፣

1. የግብር ከፋዩ የንግድ ሥራ የመዝናኛ አገልግሎት መስጠት ሲሆን፤ወይም
2. ባለስልጣኑ በመመሪያ ተቀናሽ እንዲደረግ በሚፈቅደው ልክ በማዕድን ማውጣት፣

| | |
|---|---|
| ማኑፋክቸሪንግ ወይ ኣብ ስራሕ ሕርሻ ዝተዋፈረ ቆፃሪ ሰራሕተኛታቱ ንምዝንጋዕ ዘውፅኦ ወፃኢ | በማኑፋክቸሪንግ ወይም በግብርና ሥራ የተሠማራ ቀጣሪ ሠራተኞቹን ለማዝናናት የሚያወጣው ወጪ፤ |
| ቸ) ኣብ ዓንቀፅ 25 እዚ ኣዋጅ ካብ ዝተመልከተ ወፃኢ ዝወሃብ ውህብቶ ወይ ረድኤት፣ | ቸ)በአንቀጽ 25 ከተመለከተው ውጪ የሚደረግ ስጦታ ወይም እርዳታ፤ |
| ነ) ከፋሊ ግብሪ ንውልቁ ዘውፅኦ ወፃኢ፣ | ነ) ግብር ከፋዩ ለራሱ የሚያወጣው የግል ወጪ፤ |
| ኘ) ከፋሊ ግብሪ ሓደ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ርክብ ንዘለዎ ሰብ እንተማሓላልፍ ዝበፅሖ ክሳራ፣ | ኘ) ግብር ከፋዩ አንድን የንግድ ስራ ሀብት ግንኙነት ላለው ሰው ሲያስተላልፊ የሚደርስ ኪሳራ፣ |
| አ) ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ ተቐናሲ ዘይግበሩ እዮም ዝተብሃሉ ወፃእታት፣ | አ) የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ተቀናሽ የማይደረጉ ናቸው የተባሉ ወጪዎች፣ |
| 2/ ብዚ ዓንቀፅ " መዘናግዒ" ማለት ንዝኾነ ሰብ ዝቐርብ ምግቢ ፣ መስተ ፣ ትምባኾ ፣ መዕረፊ ፣ መዘናግዒ ወይ ዝኾነ ዓይነት መስተንግዶ እዩ። | 2/በዚህ አንቀጽ "መዝናኛ" ማለት ለማንኛውም ሰው የሚቀርብ ምግብ፣ መጠጥ፣ ትንባሆ፣ ማረፊያ፣ መደሰቻ ወይም ማናቸውም ዓይነት መስተንግዶ ነው። |
| **ክፍሊ ክልተ**<br>**ኣታሓሕዛ ሒሳብ ግብሪ** | **ክፍል ሁለት**<br>**የግብሪ ሂሳብ አያያዝ** |
| **ዓንቀፅ 29. ዓመት ሒሳብ** | **አንቀጽ 29. የሂሳብ ዓመት** |
| 1/ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ዝስዕቡ ከፈልቲ ግብሪ ተፈፃሚ ይኸውን፦ | 1/ ይህ አንቀጽ በሚከተሉት ግብር ከፋዮች ላይ ተፈጻሚ ይሆናል፦ |
| ሀ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 2(21)(ሀ) ንዓመት ግብሪ ብዝተውሃቦ ትርጉም ናይ ባዕሉ ዓመት ሒሳብ ከም ዓመት ግብሪ ገይሩ ንኽጥቀም ፍቓድ ንዝተውሃቦ ከፋሊ ግብሪ ውልቀ ሰብ፣ | ሀ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 2(21)(ሀ) ለግብር ዓመት በተሰጠው ትርጉም መሠረት የራሱን የሂሳብ ዓመት እንደ ግብር ዓመት አድርጎ እንዲጠቀም ፈቃድ ለተሰጠው ግለሰብ ግብር ከፋይ፣ |
| ለ) ትካል፣ | ለ)ድርጅት |
| 2/ እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ንዝኾነሉ ከፋሊ ግብሪ ዓመት ሒሳብ እዩ ዝበሃል ዓመታዊ ሚዛን ሒሳብ ፋይናንስ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ዝዕፀወሉ እዋን ዝፍፀም ዓሰርተ ኽልተ ኣዋርሕ እዩ። | 2/ይህ አንቀጽ ተፈጻሚ ለሚሆንበት ግብር ከፋይ የሂሳብ ዓመት ነው የሚባለው የግብር ከፋዩ ዓመታዊ የፋይናንስ ሂሳብ ሚዛን በሚዘጋበት ጊዜ የሚጠናቀቀው የአሥራ ሁለት ወራት ጊዜ ነው። |

3/ ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ካብቲ በዓል መዚ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ፍቓድ ከይረኸበን እቲ በዓል መዚ ዘቐምጦም ቅድመ ኩነታት ከየማለአን ዓመት ሒሳቡ ክቕይር ኣይኽእልን።

4/ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ምስ ዝተውሃቦ ፍቓድ ዝተተሓሐዘ ዝኾነ ቅድመ -ኩነት ከየማለአ ዝተረፈ እንተኾይኑ ፣ በዓል መዚ ብፅሑፍ መጠንቀቕታ ብምሃብ ዝሃቦ ፍቓድ ክስርዞ ይኽእል።

5/ ዓመት ሒሳብ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (3) ወይ (4) እዚ ዓንቀፅ ዝተለወጠ እንተኾይኑ እቲ ለውጢ ቅድሚ ምግባሩ ኣብ ዘሎ ዓመት ግብርን ሓድሽ ዓመት ግብርን ኣብ ዝጅምረሉ እዋን መንጎ ዘሎ እዋን "መሰጋገሪ ዓመት" ተባሂሉ ዝፍለጥን ርእሱ ዝኸኣለ ዓመት ግብሪ ተገይሩ ይውሰድ።

6/ ዓመት ሒሳብ ከፋሊ ግብሪ ምስ እዚ በጀት ዓመት ዘይገጥም ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንሒሳብ ዓመቱ ተፈፃሚ ዝኸውን ሕጊ ኣብቲ ዓመት ሒሳብ ብዝጠናቐቕ በጀት ዓመት ተፈፃሚ ዝኸውን ሕጊ እዩ።

**ዓንቀፅ** 30. <u>ሜላ ኣታሓሕዛ ሒሳብ ግብሪ ምልዋጥ</u>

1/ ከፋሊ ግብሪ ሜላ ኣተሓሕዛ ሒሳቡ ንምልዋጥ ንበዓል መዚ ብፅሑፍ ከመልክት ይኽእል፤ በዓል መዚ እቲ ለውጢ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ከፋሊ ግብሪ ብትኽክል ንምስላሕ ዘድሊ ምኻኑ እንትኣምነሉ ከፋሊ ግብሪ ሜላ ሒሳቡ ንምልዋጥ ዘቕረቦ መመልከቲ ዝተቐበሎ ምኻኑ ብፅሑፍ ከፍልጦ ይኽእል፤

2/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ሜላ ኣታሓሕዛ ሒሳብ ከፋሊ ግብሪ ኣብ

3/ማንኛውም ግብር ከፋይ ከግብር ባለሥልጣኑ አስቀድሞ በጽሁፍ ፈቃድ ሳያገኝና ባለሥልጣኑ የሚያስቀምጣቸውን ቅድመ ሁኔታዎች ሳያሟላ የሂሳብ ዓመቱን ለመቀየር አይችልም።

4/ ግብር ከፋዩ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 በተመለከተው መሠረት ከተሰጠው ፈቃድ ጋር የተያያዘውን ማንኛውንም ቅድመ-ሁኔታ ሳያሟላ የቀረ እንደሆነ፣ ባለሥልጣኑ የጽሁፍ ማስጠንቀቂያ በመስጠት የሰጠውን ፈቃድ ሊሰርዘው ይችላል።

5/ የግብር ከፋዩ የሂሳብ ዓመት በንዑስ አንቀጽ (3) ወይም (4) መሠረት የተለወጠ እንደሆነ ለውጡ ከመደረጉ በፊት ባለው የግብር ዓመት እና አዲሱ የግብር ዓመት በሚጀምርበት ቀን መካከል ያለው ጊዜ "የመሸጋገሪያ ዓመት" በመባል የሚታወቅና ራሱን የቻለ የግብር ዓመት ተደርጎ ይወሰዳል።

6/ የግብር ከፋዩ የሂሳብ ዓመት ከበጀት ዓመቱ ጋር የማይገጥም በሚሆንበት ጊዜ ለሂሳብ ዓመቱ ተፈጻሚ የሚሆነው ሕግ በሂሳብ ዓመቱ ውስጥ በሚጠናቀቀው የበጀት ዓመት ተፈጻሚ የሚሆነው ሕግ ነው።

**አንቀጽ** 30.<u>የግብር ሂሳብ አያያዝ ዘዴን ስለመለወጥ</u>

1/ ግብር ከፋዩ የሂሳብ አያያዝ ዘዴውን ለመለወጥ ለባለሥልጣኑ የጽሁፍ ማመልከቻ ሊያቀርብ ይችላል፤ ባለሥልጣኑም ለውጡ የግብር ከፋዩን ግብር የሚከፈልበት ገቢ በትክክል ለማስላት የሚያስፈልግ መሆኑን ሲያምንበት ግብር ከፋዩ የሂሳብ ዘዴውን ለመለወጥ ያቀረበውን ማመልከቻ መቀበሉን በጽሁፍ ሊያሳውቀው ይችላል።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት የግብር ከፋዩ የሂሳብ አያያዝ ዘዴ በሚለወጥበት

ዝልወጠሉ ዓመት ግብሪ ብርኪ ከፋሊ ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ እውን ዝልወጥ እንተኾይኑ ፣ ኣታዊ እቲ ከፋሊ ግብሪ ከይተመዝገበ ከይተርፍ ወይ ደጊሙ ከይምዝገብ ንምግባር ኣብ ርእስታት ኣታዊ ፣ ኣብ ተቐናሲ ወፃእታት ወይ ሒሳብ መከሓሐሲ ግብሪ ምስቲ ለውጢ ብዝተተሓሓዘ ግቡእ መስተኻኸሊ ክግበር ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 31.** **ዘይእከቡ ዕዳታት**

1/ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ከፋሊ ግብሪ ንምውሳን ዝስዕቡ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ እቲ ዘይእከብ ዕዳ ንከፋሊ ግብሪ ብተቐናሲ ይተሓዘሉ፣

ሀ) ምስ ዘይእከብ ዕዳ ተመጣጣኒ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ቅድም ክብል ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ግብሪ ኮይኑ ተታሒዙ እንተኾይኑ፣

ለ) ዕድኡ ወይ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ እቲ ዕዳ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ መዝገብ ሒሳብ ከፋሊ ግብሪ እንትስረዝ፣

ሐ) ዕድኡ ንምምላስ ሕጋዊ ስጉምቲ ተወሲዱ እቲ ዕዳ ከይተመለሰ እንተተረፉ፤

2/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንከፋሊ ግብሪ በቲ ዓመት ግብሪ ዝፍቀድ መጠን ተቐናሲ ገንዘብ ብመዝገብ ሒሳብ ከፋሊ ግብሪ ካብ ዝተሰረዘ መጠን ዕዳ ክበልፅ የብሉን።

**ዓንቀፅ 32.** **ንነዊሕ እዋን ዝፀንሑ ውዕላት**

1/ ንኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ሒሳቡ ብተኣካብን ተኸፋልን ሜላ ሒሳብ ዝሕዝ ከፋሊ ግብሪ ካብ ዝተወዓዓሎ ውዕል ነዊሕ እዋን በቲ ዓመት ግብሪ ዝተፈፀመ ሚእታዊ መሰረት ብምግባር ኣታዊኡ ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ እንትካተት ወፃኢኡ በቲ ዝተገለፀ ሚኢታዊ ልክዕ ብተቐናሲ ንኽተሓዘሉ

የግብር ዓመት የግብር ከፋዩ የግብር ከፋይ ደረጃም የሚለወጥ ከሆነ፣ የግብር ከፋዩ ገቢ ሳይመዘገብ እንዳይቀር ወይም በድጋሚ እንዳይመዘገብ ለማድረግ በገቢ ርዕሶች፣በተቀናሽ ወጪዎች ወይም በግብር ማካካሻ ሂሳቦች ላይ ከለውጡ ጋር በተያያዘ ተገቢውን ማስተካከያ ማድረግ አለበት።

**አንቀጽ 31.** **የማይሰበሰቡ ዕዳዎች**

1/ በአንድ የግብር ዓመት ውስጥ የግብር ከፋዩን ግብር የሚከፈልበት ገቢ ለመወሰን የሚከተሉት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ የማይሰበሰበው ዕዳ ለግብር ከፋዩ በተቀናሽነት ይያዝለታል፣

ሀ) ከማይሰበሰው ዕዳ ጋር ተመጣጣኝ የሆነ የገንዘብ መጠን ቀደም ሲል የግብር ከፋዩ የንግድ ስራ ገቢ ሆኖ ተይዞ ከሆነ፤

ለ) ዕዳው ወይም የዕዳው የተወሰነ የገንዘብ መጠን ከግብር ከፋዩ የግብር ዓመት የሂሳብ መዝገብ ላይ ሲሰረዝ፣

ሐ) ዕዳውን ለማስመለስ የህግ እርምጃ ተወስዶ ዕዳው ሳይመለስ ሲቀር፣

2/ለግብር ከፋዩ በዚህ አንቀጽ መሠረት በግብር ዓመቱ የሚፈቀደው የተቀናሽ የገንዘብ መጠን በግብር ከፋዩ የሂሳብ መዝገብ ከተሰረዘው የዕዳ መጠን መብለጥ አይኖርበትም።

**አንቀጽ 32.** **ለረጅም ጊዜ የሚቆዩ ውሎች**

1/ለንግድ ሥራ ገቢ ግብር ሂሳቡን በተሰብሳቢና ተከፋይ ሂሳብ ዘዴ የሚይዝ ግብር ከፋይ ከተዋዋለው የረዥም ጊዜ ውል ውስጥ በግብር ዓመቱ የተጠናቀቀውን መቶኛ መሠረት በማድረግ ገቢውን በንግድ ሥራ ገቢው ውስጥ ሲያካትት ወጪውም በዚያው መቶኛ ልክ በተቀናሽነት

ይግበር።

2/ ብከፋሊ ግብሪ ንነዊሕ እዋን ካብ ዝተገበረ ውዕል በቲ ዓመት ግብሪ ዝተፈፀመ ብሚኢታዊ ዝውሰን በቲ ዓመት ግብሪ ዝህልዎ ለውጢ ሓዊሱ ከፋሊ ግብሪ ብግብሪ ዓመቱ ንዝወፀ ወፃኢ ምስ ጠቕላላ ግምት ወፃኢ እቲ ውዕል ብምንፅፃር ይኸውን፤

3/ ከፋሊ ግብሪ ንነዊሕ እዋን ምስ ዝተገበረ ውዕል ተተሓሒዙ ኣብ መወዳእታ ዓመት እቲ ውዕል ክሳራ ዝበፅሖን ብመሰረት ዓንቀፅ 27 እዚ ኣዋጅ ክሳርኡ ከሰጋግር ዝተፈቐደሉ እንተኾነ እውን ክሳርኡ ከሰጋግር ዘይካኣለ ኮይኑ ኣብ መወዳእታ ዘመን ውዕል ስራሕ ንግዲ ኣብ ክልል ትግራይ ምስራሕ ጠጠው ዘበለ እንተኾይኑ እዚ ከፋሊ ግብሪ ዝበፅሖ ክሳራ ንድሕሪት ተመሊሱ ካብ ዝሓለፈ ሓደ ዓመት ግብሪ ብተቐናሲ ንክትሓዘሉ ይግበር።

4/ ከፋሊ ግብሪ ዝበፅሖ ክሳራ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ንድሕሪት ተመሊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ብተቐናሲ ወፃኢ ክተሓዝ ምግባር ዘይካኣለ እንተኾይኑ ፣ እቲ ዘይተቐነሰ ክሳራ ንድሕሪት ክልተ ዓመት ግብሪ ተመሊሱ ዝሰጋገር ኮይኑ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ተቐናሲ ይግበር።

5/ ከፋሊ ግብሪ ብነዊሕ ግዜ ውዕል ክሳራ በፂሕዎ ዝበሃል ዝስዕቡ ቅድመ-ኩነታት ብሓደ ተማሊኦም እንትርከቡ ይኸውን።

ሀ)እቲ ዝተፈፀመ ስራሕ ንዕላማ ሚኣ ብሚእታዊ ምስላሕ እንትበሃል ኣብቲ ውዕል ይህሉ ተባሂሉ ዝተገመተ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ብርግፀኝነት ካብ ዝተረኽበ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ በሊፁ እንትርከብን፣

እንዲያዝለት ይደረጋል።

2/በግብር ከፋዩ ለረጅም ጊዜ ከተደረገው ውል ውስጥ በግብር ዓመቱ የተጠናቀቀው በመቶኛ የሚወሰነው በግብር ዓመቱ የሚኖረው ለውጥ ጨምሮ ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ የወጣውን ወጪ ከአጠቃላይ የውሉ ወጪ ግምት ጋር በማነጻፀር ይሆናል።

3/ ግብር ከፋዩ ለረጅም ጊዜ ከተደረገ ውል ጋር ተያይዞ በውሉ የመጨረሻ ዓመት ኪሳራ የደረሰበት እና በአንቀጽ 27 መሠረት ኪሳራውን እንዲያሸጋግር የተፈቀደለት ቢሆንም ኪሳራውን ማሸጋገር ያልቻለ ሆኖ በውሉ ዘመን መጨረሻ በትግራይ የንግድ ሥራ መሥራት ያቆመ እንደሆነ ይህ ግብር ከፋይ የደረሰበት ኪሳራ ወደ ኋላ ተመልሶ በአምናው የግብር ዓመት በተቀናሽነት እንዲያዝለት ይደረጋል።

4/ ግብር ከፋዩ የደረሰበትን ኪሳራ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 በተመለከተው መሠረት ወደ ኋላ ተመልሶ ሙሉ በሙሉ በተቀናሽ ወጪነት እንዲያዝ ማድረግ ያልቻለ እንደሆነ፣ ያልተቀነሰው ኪሳራ ወደኋላ ተመልሶ ወደ አቻምናው የግብር ዓመት የሚሸጋገር ሆኖ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) በተመለከተው መሠረት ተቀናሽ ይደረጋል።

5/ ግብር ከፋዩ በረዥም ጊዜ ውል ኪሣራ ደርሶበታል የሚባለው የሚከተሉት ቅድመ ሁኔታዎች በአንድነት ተሟልተው ሲገኙ ይሆናል።

ሀ) የተጠናቀቀውን ሥራ በመቶኛ ለማስላት ዘዴ ዓላማ ሲባል በውሉ ይገኛል ተብሎ የተገመተው ግብር የሚከፈልበት ገቢ በእርግጠኛነት ከተገኘው ግብር ከሚከፍልበት ገቢ በልጦ ሲገኝ ፣ እና

ለ) ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ተራ ፊደል (ሀ) ብሕልፊ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ተሰሊሑ ካብ ዝተበፅሐሉ እቲ ውዕል ኣብ ዝተፈፀመሉ ዓመት ግብሪ ኣብ መንጎ ኣታውን ወፃእን ስራሕ ንግዲ ዘሎ ኣፈላላይ በሊፁ እንትርከብ፤

6/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ፣ "ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ውዕል" ማለት ስርሑ ካብ ዝተጀመረ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ክፍፀም እዩ ተባሂሉ ካብ ዝግመት ወፃኢ ኣብ ዝተጀመረሉ ዓመት ግብሪ ዘይተፈፀመ ስራሕ ምፍራይ ፣ ምትካል ወይ ህንፀት ከምኡ እውን ምስ እዚኦም ዝተተሓሐዘ ግልጋሎት እዩ።

**ዓንቀፅ 33. <u>ንከፈልቲ ግብሪ ብርኪ " ለ" ቀሊል ስርዓት ግብሪ</u>**

በቲ ዓመት ግብሪ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ለ" ዝስላሕ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ እንኸእውን በዚ ዓንቀፅ ዝተመልከቱ ኩነታት ክሕለዉ ኣለዎም ።

1/ከፋሊ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዱን ተቖናሲ ወፃኢኡን ዝሕዞ ኣብ ምንቅስቓስ ጥረ ገንዘብ ብዝተመስረተ ሜላ ኣታሓሕዛ ሒሳብ ክኸውን ኣለዎ።

2/ ንኣፈፃፅማ ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ክበሃል ዋግኦም ንዘቕንሱ ሃፍትታትን ግዙፋዊ ህላዎትን ንዘይብሎም ሃፍትታትን ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ግብሪ ዝግበር ተቖናሲ እርጋን 100% ክኸውን ይግባእ፤

3/ በቲ ዓመት ግብሪ ንዝተረኸቡ ኣቑሑት ንግዲ ዝወፀ ወፃኢ ብተቐናሲ ይተሓዝ፤

4/ኣብ ዓንቀፅ 19(2) ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ንዝተመልከተ መፅንሒ እዋን መዛግብቲ ሒሳብን ንምምሕያሽ ውሳነ ብዓንቀፅ 30(2) (ለ) ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ዝተመልከተ ግዜ

ለ) በዚህ ንዑስ አንቀጽ ፊደል ተራ (ሀ) መሠረት በብልጫ የታየው ገንዘብ በዚህ አንቀጽ መሠረት ተሰልቶ ከተደረሰበት ውሉ በተጠናቀቀበት የግብር ዓመት የንግድ ሥራ ገቢና ወጪው መካከል ካለው ልዩነት በልጦ ሲገኝ፣

6/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፣"ለረጅም ጊዜ የሚቆይ ውል" ማለት ሥራው ከተጀመረበት ጊዜ አንስቶ በ12 ወራት ውስጥ ይጠናቀቃል ተብሎ ከሚገመተው በስተቀር በተጀመረበት የግብር ዓመት ውስጥ ያልተጠናቀቀ የማምረት፣ የመትከል ወይም የግንባታ ሥራ እንዲሁም ከእነዚህ ጋር የተያያዘ አገልግሎት ነው።

**አንቀጽ 33. <u>ለደረጃ "ለ" ግብር ከፋዮች ቀላል የግብር ሥርዓት</u>**

በግብር ዓመቱ ግብር የሚከፈልበት የደረጃ "ለ" ግብር ከፋዮች ገቢ የሚሰላው በዚህ አዋጅ መሠረት ሲሆን በዚህ አንቀጽ የተመለከቱት ሁኔታዎች መጠበቅ ይኖርባቸዋል፤

1/ ግብር ከፋዩ የንግድ ስራ ገቢውንና ተቀናሽ ወጪውን የሚይዘው በጥሬ ገንዘብ እንቅስቃሴ ላይ በተመሰረተ የሂሳብ አያያዝ ዘዴ መሆን አለበት፤

2/ ለዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 አፈፃፀም ሲባል፣ ዋጋቸው ለሚቀንሱ ንብረቶችና ግዙፋዊ ህልዎት ለሌላቸው የግብር ከፋዩ የንግድ ሥራ ሀብቶች የሚደረገው የእርጅና ቅናሽ 100% (መቶ ፐርሰንት) ሊሆን ይገባል፤

3/ በግብር ዓመቱ ለተገኙ የንግድ ዕቃዎች የወጣ ወጪ በተቀናሽነት ይያዛል፤

4/በግብር አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 19(2) የተመለከተው የሂሳብ መዛግብትን ይዞ የማቆያው ጊዜ እና የግብር ውሳኔን ለማሻሻል በግብር አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 30(2) (ለ)

ሰለስተ ዓመት ይኸውን።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ትካላት

### ዓንቀፅ 34. ንሓደ ትካል ኣብ መዳይ ምቁፅፃር ዝግበር ለውጢ

1/ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ "ዓመት ክሳራ" ተባሂሉ ኣብ ዝጥቀስ ዓመት ግብሪ ዝበፅሖ ክሳራ ብመሰረት ዓንቀፅ 27 ወይ ዓንቀፅ 46 እዚ ኣዋጅ " መሰጋገሪ ዓመት" ተባሂሉ ናብ ዝጥቀስ ቀፃሊ ዓመት ክሰጋግሮ ዝኽእል ኣብ ዓመት እቲ ክሳራ ፣ ኣብ መሰጋገሪ ዓመትን ኣብ መንጎ ጣልቃ ዝኣተዉ ዝኾኑ ዓመታትን ልዕሊ 50%( ሓምሳ ሚእታዊ) ብፅሒት እቲ ኩባንያ ንዝኾነ ዋንነት ዝሓዘ ሰብ ተመሳሳሊ ሰብ ዝኾነ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ።

2/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ኣዋጅ ክሳራ ምስግጋር ምክልኻል ዘይከኣል፦

ሀ) ኣብ ዓመት እቲ ክሳራ ፣ መሰጋገሪ ዓመትን ብኹሎም ጣልቃ እታው ዓመታት ግብሪ እቲ ትካል ሓደ ዓይነት ስራሕ ንግዲ ዝሰርሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ) ዋንነት እቲ ትካል ድሕሪ ምልዋጡ ዝበፅሐ ክሳራ ብወፃኢ ተቐናሲ ተገይሩ ክሳብ ዝፍፀም ፣ ትካል ኣብ ሓድሽ ስራሕ ንግዲ ዘይተዋፈረን እቲ ትካል ወይ ኣባላት እቲ ትካል ብሓድሽ ስራሕ ንግዲ ዝተዋፈሩሉ ቀንዲ ዕላማ ዝበፅሐ ክሳራ በቲ ሓድሽ ስራሕ ንግዲ ካብ ዝተረኸበ ኣታዊ ተቐናሲ ክኸውን ብምግባር በቲ ትካል ክኽፈል ዝግበኦ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ንምትሓት ዘይኮነ እንተኾይኑ እዩ።

የተመለከተው ጊዜ ሶስት ዓመት ይሆናል።

## ክፍል ሦስት

## ድርጅቶች

### አንቀጽ 34. አንድን ድርጅት በመቆጣጠር ረገድ የሚደረግ ለውጥ

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) እንደተጠበቀ ሆኖ አንድ ድርጅት "የኪሳራ ዓመት" ተብሎ በሚጠቀሰው የግብር ዓመት የደረሰበት ኪሳራ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 27 ወይም አንቀጽ 46 መሠረት "የመሸጋገሪያ ዓመት" ተብሎ ወደሚጠቀሰው የሚቀጥለው ዓመት ሊያሸጋግር የሚችለው በኪሳራው ዓመት፣ በማሸጋገሪያው ዓመት እና በማናቸውም ጣልቃገብ ዓመታት የኩባንያውን ከ50% በላይ የሆነውን የዋና ባለቤትነት ድርሻ የያዘው ሰው ተመሳሳይ ሰው የሆነ እንደሆነ ብቻ ነው።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት የኪሳራ መሸጋገርን መከልከል የማይቻለው፦

ሀ) በኪሳራው ዓመት፣ በማሸጋገሪያው ዓመት እና በሁሉም ጣልቃ ገብ የግብር ዓመታት ድርጅቱ አንድ ዓይነት የንግድ ሥራ የሠራ እንደሆነ፣ ወይም

ለ) የድርጅቱ ዋና ባለቤትነት ከተለወጠም በኋላ የደረሰው ኪሣራ በወጪነት ተቀናሽ ተደርጎ እስከሚጠናቀቅ ድረስ፣ ድርጅቱ በአዲስ የንግድ ሥራ ያልተሠማራ እና ድርጅቱ ወይም የድርጅቱ አባላት በአዲስ የንግድ ሥራ ላይ የተሰማሩበት ዋንኛ ዓላማ የደረሰው ኪሣራ በአዲሱ የንግድ ሥራ ከተገኘው ገቢ ላይ ተቀናሽ እንዲሆን በማድረግ በድርጅቱ ሊከፈል የሚገባውን የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ለማሳነስ ያልሆነ እንደሆነ ነው።

ዓንቀፅ 35. <u>ዳግም ምውዳብ ኩባንያ</u>

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ "መማሓላለፊ" ተባሂሉ ዝፅዋዕ ፣ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ " ዝተመሓላለፈሉ" ተባሂሉ ንዝጥቀስ ንካልእ  ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዝኾነ ኩባንያ ዳግም ምስ ምውዳብ ተኣሳሲሩ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዘማሓላለፈሉ እንተኾይኑ፤

ሀ) ምምሕልላፍ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ከም ምሻጥ ፣ ምልዋጥ ወይ ምሃብ  ተገይሩ ኣይውሰድን፣

ለ) ሃፍቲ ስራሕ ንግዱ ዝተማሓላለፈሉ ኩባንያ ሃፍቲ ስራሕ ንግዱ ኣብ ዝተማሓላለፈሉ እዋን መማሓላለፊ ሃፍቲ ስራሕ ንግዱ ንምርካብ ምስ ዘውፀኦ ወፃኢ ማዕረ ዝኾነ ወፃኢ ብምውፃእ ሃፍቲ ስራሕ ንግዱ ከምዝረኸቦ ተገይሩ ይውሰድ፣

ሐ) ሃፍቲ ዝተማሓላለፈሉ ሰብ ብለውጢ ዝተማሓላለፈሉ ሃፍቲ ኣክስዮን ዝሃበ እንተኾይኑ ነቶም ኣክስዮናት ዝተገበረ ወፃኢ ፣ ዝተማሓላለፈ ሃፍቲ ምትሕልላፍ ኣብ ዝሳለጠሉ እዋን ምስ ዝነበሮ ዋጋ ማዕረ ክኸውን ኣለዎ።

2/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ንዝተጠቐሰ ዋጋ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝቕንስ ሃፍቲ ወይ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝኾነ እንተኾይኑ ፣ ብንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ንሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ዝተገበረ ወፃኢ ብዝብል ዝተጠቐሰ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝመሓላለፈሉ እዋን  ንዘሎ ሃፍቲ ስራሕ ንግዱ ዝተፃረየ  መዝገብ ዋጋ ዝምልከት ይኸውን፤

3/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ " ዳግም ምውዳብ" ማለት፦

አንቀጽ 35. <u>የኩባንያ እንደገና መደራጀት</u>

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ኩባንያ"አስተላላፊ" ተብሎ የሚጠራ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ኩባንያ"የሚተላለፍለት" ተብሎ ለሚጠቀስ ለሌላ በክልሉ ነዋሪ ለሆነ ኩባንያ እንደገና ከመደራጀት ጋር ተያይዞ የንግድ ሥራ ሀብት ያስተላለፈለት እንደሆነ፤

ሀ) ማስተላለፉ የንግድ ሀብትን እንደመሸጥ፣ እንደመለወጥ ወይም መስጠት ተደርጎ አይወሰድም፤

ለ) የንግድ ሥራ ሀብቱ የተላለፈለት ኩባንያም የንግድ ስራ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ አስተላለፊው የንግድ ሥራ ሀብቱን ለማግኘት ካወጣው ወጪ ጋር እኩል የሆነ ወጪ በማውጣት የንግድ ሥራ ሀብቱን እንዳገኘው ተደርጎ ይወሰዳል።

ሐ) ሀብቱ የተላለፈለት ሰው በተላለፈለት ሀብት ለውጥ አክሲዮን የሰጠ እንደሆነ ለአክሲዮኖቹ የተደረገው ወጪ፣ የተላለፈው ሀብት ማስተላለፍ በሚከናወንበት ጊዜ ከነበረው ዋጋ ጋር  እኩል መሆን ይኖርበታል።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተጠቀሰው የንግድ ሥራ ሀብት ዋጋው የሚቀንስ ሀብት ወይም ግዙፋዊ ህልዎት የሌለው የንግድ ሥራ ሀብት የሆነ እንደሆነ፣ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1)  ለንግዱ ሥራ ሀብት የተደረገው ወጪ በሚል የተጠቀሰው የሀብቱ መተላለፍ በሚደረግበት ጊዜ ያለውን የንግድ ሥራ ሀብቱን የተጣራ የመዝገብ ዋጋ የሚመለከት ይሆናል።

3/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም "እንደገና መደራጀት" ማለት፦

ሀ) ምውህሃድ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ብላዕሊ ኣብቲ ክልል ነበርቲ ዝኾኑ ኩባንያታት፣

ለ) ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ ድምፂ ዘውህብ ዋጋ ኣክስዮን ሓምሳ ሚእታዊ (50%) ወይ ጠቕላላ ዋጋ ኣክስዮናት ካልኡት ዳግም ብዝውደብ ኩባንያ ኣባል ዝኸውን ትካል ብዝረኽቦ ለውጢ ኣክስዮን ጥራሕ ብዝኾነ ካልእ ኣግባብ ዝተማሓላለፈ እንተኾይኑ፣

ሐ) ኣብ ዳግም ዝተወደበ ኩባንያ ኣባል ንዝኾነ ኩባንያ ብመዳይ ክፍሊት ብዕሒት ኣክስዮን ፍሉይ መሰል ብዘየውህብን ተሳትፎ ድምፂ ጥራሕ ብዘርክብ ኩነታት ፣ ኣብቲ ክልል ነባሪ እንተኾይኑን ካብ ሃፍቲ ኣባል እቲ ዳግም ምውዳብ ዝኾነ ኩባንያ ሓምሳ ሚእታዊ (50%) ወይ ልዕሊኡ ካልእ ነባሪ እዚ ክልል ንዝኾነ ኩባንያ ዝተውሃበ ወይ ዝተማሓላለፈ እንተኾይኑ፣

መ) ኣብቲ ክልል ነባሪ ዝኾነ ኩባንያ ናብ ክልተን ልዕሊኡን ዝኾኑ ኩባንያታት እንትምቀል፣ ወይ

ረ) ሓደ ትካል ስራሕ ንግዲ ካፒታል ተቐፅላታቱ ፣ ካፒታል እቲ ትካል ንዝሓዙ እንተከፋፍል እዩ።

4/ ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ዝኸውን ዝተገበረ ውህደት ፣ ምሓዝ ዋንነት፣ ምጥቕላል፣ ምክፍፋል ወይ ካፒታል ተቐፅላታት ካፒታል እቲ ትካል ንዝሓዙ ቀንዲ ዕላማ ተግባር ምምሕልላፍ ካብ ግብሪ ንምሕባእ ዘይምዃኑ በዓል መዚ እንትኣምነሉ እዩ።

ሀ) በክልሉ ነዋሪ የሆኑ ሁለት ወይም ከሁለት በላይ የሆኑ ኩባንያዎች መዋሃድ፤

ለ) በክልሉ ውስጥ ነዋሪ የሆነውን ኩባንያ ድምጽ የሚያሰጥ የአክሲዮን ዋጋ ሃምሳ በመቶ (50%) ወይም የሌሎች ጠቅላላ የአክሲዮኖች ዋጋ ሃምሳ በመቶ እንደገና በሚደራጀው ኩባንያ አባል የሚሆን ድርጅት በሚያገኘው አክሲዮን ለውጥ ብቻ በማናቸውም ሌላ መንገድ የተላለፈ እንደሆነ፣

ሐ) እንደገና በሚደራጀው ኩባንያ ውስጥ አባል ለሆነ ኩባንያ በአክሲዮን ድርሻ ክፍያ ረገድ ልዩ መብት በማያሰጥና የድምጽ ተሳትፎ ብቻ በሚያስገኝ አኳኋን፣ በክልሉ ነዋሪ ከሆነ እና የእንደገና መደራጀቱ አባል ከሆነ ኩባንያ ሃብት ውስጥ ሃምሳ በመቶ ወይም ከዚያ በላይ ሌላ በክልሉ ነዋሪ ለሆነ ኩባንያ የተሰጠ ወይም የተላለፈ እንደሆነ፣

መ) በክልሉ ነዋሪ የሆነ ኩባንያ ወደሁለት ወይም ከዚያ በላይ ወደሆኑ ኩባንያዎች ሲከፋፈል፤ወይም

ረ) አንድ የንግድ ሥራ ድርጅት የተቀጽላዎቹን ካፒታል፣ የድርጅቱን ካፒታል ለያዙ ሲያከፋፍል ነው።

4/ የዚህ አንቀጽ ድንጋጌ ተፈፃሚ የሚሆነው ባለሥልጣኑ የተደረገው ውህደት፣ በባለቤትነት መያዝ፣ መጠቅለል፣ መከፋፈል ወይም የተቀጽላዎቹን ካፒታል የድርጅቱን ካፒታል ለያዙ የማስተላለፍ ተግባር ዋነኛ ዓላማ ከግብር ለመሸሽ ያለመሆኑን ሲያምንበት ነው።

## <u>ክፍሊ ኣርባዕተ</u>

## <u>ስራሕቲ መዓድን</u>

**ዓንቀፅ 36.** <u>ትርጉም</u>

ኣብ ውሽጢ እዚ ክፍሊ ትርጉም ዘይተውሃቦም ቃላትን ሓረጋትን ብኣዋጅ ፌደራል ስራሕቲ መዓድን ቁፅሪ 678/2002 ዝተውሃቦም ትርጉም ይሕዙ፤ ካብዚ ብተወሳኺ ኣገባብ እቲ ቃል ካልእ ትርጉም እንተዘይተዋሂብዎ ኣብዚ ክፍሊ፡-

1/ "ንምትሕልላፍ መሰል ዝግበር ውዕሊ" ማለት ዓንቀፅ 43 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝኾነሉ ስምምዕነት እዩ።

2/ "ወፃኢ ምልማዕ" ማለት ዋግኡ ንዝቕንስ ሃፍቲ ንዝወፅእ ሃፍቲ ከይሓወሰ ፍቓድ ብዝተውሀቦ ሰብ ስራሕቲ ልምዓት ንምስራሕ ዝወፅእ ወፃኢ ካፒታል እንትኸውን ዝስዕቡ እውን ይሓውስ፡-

ሀ) ዝስዕቡ ተግባራት ንምስላጥ ብዝኾነ እዋን ዝወፅእ ወፃኢ፡-

1. "ወፃኢ ኣለሻ" ንዝብል ሓረግ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 6(ሀ)(1) እዚ ዓንቀፅ ብዝተውሃቦ ትርጉም ዝተመልከተ ጥቕሚ ከይሓወሰ፣ ብምውፃእ ማዓድን ጥቕሚ ንምርካብ ዝወፅእ ወፃኢ፣
2. "ወፃኢ ኣለሻ" ንዝብል ሓረግ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 6(ሀ)(2) እዚ ዓንቀፅ ብዝተውሃቦ ትርጉም ዝተመልከተ ከይሓወሰ ፣ ምውፃእ መረዳእታ መዓድን ንምርካብ ዝወፅእ ወፃኢ፣

ለ) ምስ መሰል ምውፃእ ማዓድን ዝተተሓሐዘ ንዝርገሐ ማሕበራዊ መሰረተ-ልምዓት ዝወፅእ ወፃኢ፣

3/" ስራሕቲ ልምዓት ማለት" ንስራሕቲ ምውፃእ መዓድን እንትኸውን ብስራሕ ምውፃእ

## <u>ክፍል አራት</u>

## <u>የማዕድን ሥራዎች</u>

**አንቀጽ 36.** <u>ትርጓሜ</u>

በዚህ ክፍል ውስጥ ትርጉም ያልተሰጣቸው ቃላትና ሀረጎች በማዕድን ሥራዎች በፌደራል አዋጅ ቁጥር 678/2002 የተሰጣቸውን ትርጉም ይይዛሉ። ከዚህም በተጨማሪ የቃሉ አገባብ ሌላ ትርጉም ካልተሰጠው በስተቀር በዚህ ክፍል ሥር፡-

1/ "መብትን ለማስተላለፍ የሚደረግ ስምምነት" ማለት የዚህ አዋጅ አንቀጽ 43 ተፈጻሚ የሚሆንበት ስምምነት ነው።

2/ "የማልሚያ ወጪ" ማለት ዋጋው ለሚቀንስ ሀብት የሚወጣን ወጪን ሳይጨምር ፈቃድ በተሰጠው ሰው የልማት ሥራዎችን ለመሥራት የሚወጣ የካፒታል ወጪ ሲሆን የሚከተሉትንም ይጨምራል።

ሀ) የሚከተሉትን ተግባራት ለማከናወን በማናቸውም ጊዜ የሚወጣ ወጪ፡-

1. "የፍለጋ ወጪ" ለሚለው ሀረግ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 6(ሀ)(1) በተሰጠው ትርጉም የተመለከተውን ጥቅም ሳይጨምር፣ በማዕድን ማውጣት ጥቅም ለማግኘት የሚወጣ ወጪ፣ ወይም

2. "የፍለጋ ወጪ" ለሚለው ሀረግ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 6 (ሀ)(2) በተሰጠው ትርጉም የተመለከተውን ሳይጨምር የማዕድን ማውጣት መረጃ ለማግኘት የወጣ ወጪ፤

ለ) ከማዕድን ማውጣት መብት ጋር በተያያዘ ለማህበራዊ መሠረተ-ልማት ዝርጋታ የሚወጣ ወጪ፣

3/ "የልማት ሥራዎች" ማለት ለማዕድን ማውጣት ሥራ ሲሆን በማዕድን ማውጣት ሥራ

መዓድን ዝተፈቐደ ስራሕ እዩ።

4/ " ወፃኢ ኣለሻ" ማለት ዋግኦም ንዝቕንስ ሃፍትታት ንዝወፅእ ወፃኢ ከይሓወሰ ፍቓድ ብዝተውሃቦ ሰብ ስራሕ ስራሕቲ ምርመራ ንምክያድ ዝወፅእ ወፃኢ እንትኸውን ንዝስዕቡ ይሓውስ፡-

ሀ) ዝስዕቡ ንምርካብ ዝወፀ ወፃኢ፡-

1. ካብ መንግስቲ ወይ መሰል ካብ ዘማሓላልፍ ስምምዕነት መሰል ኣለሻ ዝምልከት ጥቕሚ ንምርካብ ዝወፅእ ወፃኢ፣ ወይ
2. ካብ መንግስቲ ወይ መሰል ካብ ዘማሓላልፍ ስምምዕነት መረዳእታ ኣለሻ ንምርካብ ዝወፅእ ወፃኢ፣ ወይ

ለ) ምስ ኣለሻ መዓድን ተተሓሒዙ ንህንፀት ማሕበራዊ መሰረተ-ልምዓት ዝወፅእ ወፃኢ እዩ።

5/ "መረዳእታ ኣለሻ" ማለት ኣብ ውሽጢ መሰል ኣለሻ መዓድን ዝካተቱ መዓድናት ንምርካብ ንዝግበር ኣለሻ ዘገልግል መረዳእታ እዩ።

6/ "ኣለሻ ስራሕ" ማለት ንኣለሻ መዓድን እንትኸውን ኣብ ውሽጢ መሰል ኣለሻ መዓድን ዝተፈቐደ ስራሕ እዩ።

7/ "መሰል ኣለሻ" ማለት ብመሰረት ኣዋጅ መዓድን ብመንግስቲ ዝተፈቐደ መሰል ኣለሻ መዓድን ዝተውሃበ ፍቓድ እዩ፤

8/ " ፍቓድ ዝተውሃበሉ ከባቢ" ማለት ፍቓድ ምውፃእ መዓድን ዝተውሃበሉ ቦታ እዩ።

9/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ" ማለት ፍቓድ መሰል ምውፃእ መዓድን ዝተውሃቦ ሰብ እዩ፤

10/ " መሰል ኣለሻ መዓድን " ማለት ብመሰረት ኣዋጅ መዓድን ዝተውሃበ ትሕዝቶ

ፈቃድ የተፈቀደ ሥራ ነው፤

4/ "የፍለጋ ወጪ" ማለት ዋጋቸው ለሚቀንስ ሀብቶች የሚወጣውን ወጪ ሳይጨምር ፈቃድ በተሰጠው ሰው የምርመራ ሥራዎችን ለማካሄድ የሚወጣ ወጪ ሲሆን የሚከተሉትን ይጨምራል።

ሀ) የሚከተሉትን ለማግኘት የወጣ ወጪ፡-

1. ከመንግሥት ወይም መብትን ከሚያስተላልፍ ስምምነት የፍለጋን መብት የሚመለከት ጥቅም ለማግኘት የሚወጣ ወጪ፤ ወይም
2. ከመንግሥት ወይም መብትን ከሚያስተላልፍ ስምምነት የፍለጋ መረጃን ለማግኘት የሚወጣ ወጪ፤ ወይም

ለ) ከማዕድን ፍለጋ ሥራ ጋር ተያይዞ ለማህበራዊ መሠረተ-ልማት ግንባታ የሚወጣ ወጪ ነው፤

5/ "የፍለጋ መረጃ" ማለት በማዕድን ፍለጋ መብት ውስጥ የተካተቱ ማዕድናትን ለማግኘት ለሚደረግ ፍለጋ የሚያገለግል መረጃ ነው፣

6/"የፍለጋ ሥራ" ማለት ለማዕድን ፍለጋ ሲሆን በማዕድን ፍለጋ መብት ውስጥ የተፈቀደ ሥራ ነው፤

7/ "የፍለጋ መብት" ማለት በማዕድን አዋጅ መሠረት በመንግሥት የተፈቀደ የማዕድን ፍለጋ መብት የተሰጠ የፍለጋ ፈቃድ ነው።

8/ "ፈቃድ የተሰጠበት አካባቢ" ማለት የማዕድን ማውጣት ፈቃድየተሰጠበት አካባቢ ነው።

9/ "ፈቃድ የተሰጠው ሰው" ማለት ማዕድን የማውጣት መብት የተሰጠው ሰው ነው።

10/ "የማዕድን ፍለጋ መብት" ማለት በማዕድን አዋጅ መሠረት የተሰጠ የቅኝት፣ የፍለጋ፣ ወይም

ዳህሳስ ፣ ኣለኻ ወይ ፍቓድ ሒዙ ናይ ምፅናሕ መሰል እዩ።

11/ "መረዳእታ መዓድን" ማለት ምስ ስራሕቲ መዓድን ዝተተሓሓዘ መረዳእታ እዩ።

12/ "ስራሕቲ መዓድን" ማለት ብመሰረት መሰል መዓድን ዝተፈቐዱ ስራሕቲ እዮም።

13/ "መሰል መዓድን" ማለት ብመሰረት ኣዋጅ ስራሕቲ መዓድን ብመንግስቲ ዝወሃብ ፍቓድ ዳህሳስ ፣ ምርመራ ፣ ፍቓድን ሒዙ ናይ ምፅናሕ ወይ ፍቓድ ምፍራይ መዓድን እዩ።

14/ " ወፃኢ ማሕበራዊ መሰረተ-ልምዓት" ማለት ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ብመሰል ስራሕቲ መዓድን ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ፣ ሆስፒታል ፣ መንገድታት ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ማሕበራዊ መሰረተ-ልምዓት ንምህናፅ ዘውፅኦ ወፃኢ ካፒታል ወይ ንፈንድ ልምዓት ማሕበረሰብ ዝገብሮ መዋሯ እዩ፤

15/ " ንኡስ ተቛራፂ ስራሕ" ማለት ብተቖፃርነት ግልጋሎት ዝተውሃበ ሰብ ምስ ስራሕ ምውፃእ መዓድን ዝተተሓሓዙ ግልጋሎታት ዝህብ ሰብ እዩ።

**ዓንቀፅ 37.<u>ኣብ ልዕሊ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ግብሪ ምትካል</u>**

1/ ኣብዚ ክፍሊ ዝተቐመጡ መማሓየሽታት ሕልዋት ኮይኖም ፣ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ልዕሊ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ተፈፃምነት ይህልዎ፤

2/ ኣብ ልዕሊ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ዝትከል ግብሪ ብዝተመልከተ ኣብ መንጎ እዚ ክፍልን ካልኦት ምዕራፋትን ድንጋገ እዚ ኣዋጅን ዘይምጥዕዓም እንተተፈጢሩ እዚ ክፍሊ ተፈፃሚ ይኸውን።

ፈቃድን ይዞ የመቆየት መብት ነው።

11/ "የማዕድን መረጃ" ማለት ከማዕድን ሥራዎች ጋር የተያያዘ መረጃ ነው።

12/ "የማዕድን ሥራዎች" ማለት በማዕድን መብት መሠረት የተፈቀዱ ሥራዎች ናቸው።

13/ "የማዕድን መብት" ማለት በማዕድን ሥራዎች አዋጅ መሠረት በመንግሥት የሚሰጥ የቅኝት፣ የምርመራ፣ ፈቃድን ይዞ የመቆየት ወይም የማዕድን ማምረት ፈቃድ ነው።

14/ "የማህበራዊ መሠረተ-ልማት ወጪ" ማለት ፈቃድ የተሰጠው ሰው በማዕድን ሥራ መብት ባለበት ግዴታ መሠረት የህዝብ ትምህርት ቤቶችን፣ ሆስፒታልን፣ መንገድን ወይም ሌላ ተመሳሳይ ማህበራዊ መሠረተ-ልማት ለመገንባት የሚያወጣው የካፒታል ወጪ ወይም ለማህበረሰብ ልማት ፈንድ የሚያደርገው መዋጮነው።

15/ "ንዑስ-ሥራ ተቋራጭ" ማለት በተቀጣሪነት አገልግሎት የሚሰጥን ሰው ሳይጨምር ፈቃድ ለተሰጠው ሰው ከማዕድን ማውጣት ስራ የተያያዙ አገልግሎቶችን የሚሰጥ ሰው ነው።

**አንቀጽ 37. <u>ፈቃድ በተሰጠው ሰው ላይ ግብር ስለመጣል</u>**

1/ በዚህ ክፍል የተቀመጡት ማሻሻያዎች እንደተጠበቁ ሆነው፤ ይህ አንቀጽ ፈቃድ በተሰጠው ሰው ላይ ተፈጻሚነት ይኖረዋል።

2/ ፈቃድ በተሰጠው ሰው ላይ የሚጣለውን ግብር በተመለከተ በዚህ ክፍል እና በአዋጁ ሌሎች ምእራፎች በተደነገገው መካከል አለመጣጣም የተፈጠረ እንደሆነ ይህ ክፍል ተፈጻሚ ይሆናል።

3/ ኣብ ልዕሊ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ተፈፃሚ ዝኾውን ምጣነ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ 25% (ዒስራን ሓሙሽተን ሚእታዊ) እዩ።

4/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዘይኮነ ንኡስ-ተቛራፂ ስራሕ ካብ ዝፍፀሞ ዝኾነ ክፍሊት 10% (ዓሰርተ ሚእታዊ) ግብሪ ቀኒሱ ነቲ ባዓል መዚ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ።

5/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ኣዋጅ ዝኽፈል መጠን ግብሪ ዝስላሕ ወፃኢታት ሞቢላይዜሽንን ዲሞብላይዜሽንን ተቐናሲ ተገይሮም እዩ።

**ዓንቀፅ 38. <u>ገደብ ተቐናሲ ወፃኢታት ስራሕቲ መዓድን</u>**

1/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ኣብ ክሊ ፍቓድ ስራሕ ምውፃእ መዓድን ንምስራሕ ዘውፅኦ ወፃኢ ብተቐናሲ ዝተሓዘሉ ፍቓድ ኣብ ዝተውሃቦሉ ከባቢ ምስ ስራሕቲ መዓድን ዝተተሓሐዘ ኣብ መወዳእታ እቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ጥራሕ እዩ።

2/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ፍቓድ ኣብ ዝተውሃቦሉ ከባቢ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ስራሕቲ መዓድን ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን ክሳራ እንተኣጋጢምዎ እዚ ክሳራ ናብ ዝቕፅል ዓመት ግብሪ ተሰጋጊሩ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ኣብ ክሊ ፍቓዱ ስራሕ ምውፃእ መዓድን ብምስራሕ ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ተቐናሲ ይግበር

3/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ክሳርኡ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሙሉእ ብሙሉእ ክቕንስ እንተዘይክኢሉ ዘይቀነሶ ክሳራ ናብ ዝቕፅል ዓመት ግብሪ ምስግጋርን መጠን ዝተከሓሓሰ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ በቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተረኸበ ጠቕላላ ኣታዊ ብምቕናስ

3/ ፈቃድ በተሰጠው ሰው ላይ ተፈጻሚ የሚሆነው የንግድ ስራ ገቢ ግብር መጣኔ 25% (ሃያ አምስት በመቶ) ነው።

4/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በክልሉ ነዋሪ ላልሆነ ንዑስ -ሥራ ተቋራጭ ከሚፈጽመው ማንኛውም ክፍያ ላይ 10% (አሥር በመቶ) ግብር ቀንሶ ለባለሥልጣኑ ገቢ ማድረግ አለበት።

5/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) መሠረት የሚከፈለው የግብር መጠን የሚሰላው የሞቢላይዜሽን እና የዲሞቢላይዜሽን ወጪዎች ተቀናሽ ተደርገው ነው።

**አንቀጽ 38. <u>በማዕድን ሥራዎች ተቀናሽ የሚደረጉ ወጪዎች ገደብ</u>**

1/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በፈቃድ ክልል ውስጥ የማዕድን ማውጣት ሥራ ለመሥራት የሚያወጣው ወጪ በተቀናሽነት የሚያዝለት ፈቃድ በተሰጠበት ክልል ውስጥ ከማዕድን ሥራ ጋር በተያያዘ በግብር ዓመቱ ካገኘው የንግድ ስራ ገቢ ላይ ብቻ ነው።

2/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ፈቃድ በተሰጠበት ክልል ውስጥ በግብር ዓመቱ የማዕድን ሥራውን በሚሰራበት ጊዜ ኪሳራ ያጋጠመው እንደሆነ ይህ ኪሳራ ወደሚቀጥለው የግብር ዓመት ተሸጋግሮ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በፈቃድ ክልሉ ውስጥ የማዕድን ማውጣት ሥራ በመስራት ከሚያገኘው ገቢ ላይ ተቀናሽ ይደረጋል።

3/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ኪሳራውን በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት ሙሉ በሙሉ መቀነስ ያልቻለ እንደሆነ ያልተቀነሰውን ኪሳራ ለሚቀጥለው የግብር ዓመት ማሸጋገር እና የተካካሰውን መጠን በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) በተገለጸው መሠረት በዚያው የግብር ዓመት ከተገኘው ጠቅላላ ገቢ ላይ በመቀነስ ኪሣራው

ክሳርኡ ሙሉእ ብሙሉእ ተቐናሲ ኮይኑ ክሳብ ዝውዳእ ምስግጋር ዝከኣል እንተኸውን፣ ኮይኑ ግና ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ዝበፅሖ ክሳራ ካብ መወዳእታ ዝተኸሰተሉ ዓመት ጀሚሩ ካብ ዝቑፀሩ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ግብሪ ምስግጋር ኣይኽእልን።

4/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ምስ ፍቓድ ስራሕ ምውፃእ መዓድን ብዝተተሓሓዘ ኣብ ፍቓድ ዝተውሃቦሉ ክልል ክሳራ በፂሑዎ ዝበሃል ምስ ኣብ ክሊ ፍቓድ ዘሳልጦ ስራሕ ምውፃእ መዓድን ብዝተተሓሐዘ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ብተቐናሲ ዝተሓዘሉ ወፃኢ በዚ ዓመት ግብሪ ኣብዚ ክልል ብስራሕ ምውፃእ ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ዝበለፀ እንተኾይኑ እዩ።

**ዓንቀፅ** 39. **ወፃኢ ኣለሻ**

1/ ንኣፈፃፅማ ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ፣ ፍቓድ ብዝተውሃቦ ወይ በቲ ስራሕ ተቛራፂ ንኣለሻ ዝወፁ ወፃእታት ግልጋሎት ዘበኖም ሓደ ዓመት ዝኾኑ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍቲታት ስራሕ ንግዲ ተገይሮም ይውሰዱ።

2/ ንፈለማ እዋን ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ ንስራሕ ኣለሻ ዝኾነ ዋግኡ ዝቕንስ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ምጣነ ተቐናሲ እርጋኑ 100% (ሚእቲ ሚእታዊ) ይኸውን።

**ዓንቀፅ** 40. **ወፃኢ መልምዒ**

1/ ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ንኣፈፃፅማ ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ክበሃል ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ወፃኢ መልምዒ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ዘገልግል ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ከምዝኾነ ተገይሩ ይውሰድ።

2/ ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ወይ ተቛራፂ ንስራሕ ንግዲ ዝውዕል ምህርቲ ምፍራይ ቅድሚ

ሙሉ በሙሉ ተቀናሽ ተደርጐ እስከሚያልቅ ድረስ ማሸጋገር የሚችል ሲሆን፣ ነገር ግን ፈቃድ የተሰጠው ሰው የደረሰበትን ኪሣራ ኪሣራው ከተከሰተበት ዓመት መጨረሻ ጀምሮ ከሚቆጠሩ አሥር የግብር ዓመታት በላይ ማሸጋገር አይችልም።

4/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ከማዕድን ማውጣት ሥራ ጋር በተያያዘ ፈቃድ በተሰጠበት ክልል ውስጥ ኪሳራ ደረሰበት የሚባለው በፈቃድ ክልል ውስጥ ከሚያከናውነው የማዕድን ማውጣት ሥራ ጋር በተያያዘ በግብር ዓመቱ በተቀናሽነት የሚያዝለት ወጪ በዚሁ ግብር ዓመት በዚሁ ክልል የማዕድን ማውጣት ሥራ በመሥራት ካገኘው የንግድ ስራ ገቢ የበለጠ እንደሆነ ነው።

**አንቀጽ** 39. **የፍለጋ ወጪ**

1/ ለዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 አፈጻፀም፣ ፈቃድ በተሰጠው ሰው ለፍለጋ የሚወጡ ወጪዎች የአገልግሎት ዘመናቸው አንድ ዓመት የሆኑግዙፋዊ ሀልዎት የሌላቸው የንግድ ሥራ ሀብቶች ተደርገው ይወሰዳሉ።

2/ ለመጀመሪያ ጊዜ ጥቅም ላይ የዋለው ለፍለጋ ሥራ የሆነ ዋጋው የሚቀንስ የንግድ ሥራ ሀብት የእርጅና ቅናሽ መጣኔው 100% (መቶ በመቶ) ይሆናል።

**አንቀጽ** 40. **የማልሚያ ወጪ**

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ለዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 አፈጻፀም ሲባል ፈቃድ የተሰጠው ሰው የማልሚያ ወጪ ለአራት ዓመታት ያህል የሚያገለግል ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ሥራ ሀብት እንደሆነ ተደርጐ ይወሰዳል።

2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ለንግድ የሚውል ምርት ማምረት ከመጀመሩ

ምጅማሩ ወፃኢ መልምዒ ዘውፀአ እንተኾይኑ ፣ እዚ ወፃኢ ንስራሕ ንግዲ ዝኸውን ምህርቲ ምፍራይ ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን ዝወፀ ወፃኢ ተቖፂሩ ድንጋገ ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይኸውን።

3/ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ንስራሕ ንግዲ ዝውዕል ምህርቲ ቅድሚ ምፍራይ ምጅማሩ ንግልጋሎት መልምዒ ዝውዕል ዋግኡ ክቕንስ ዝኽእል ሃፍቲ ዝገዝአ ወይ ዝሃነፀ እንተኾይኑ እዚ ሃፍቲ ንስራሕ ንግዲ ዝኸውን ምህርቲ ምፍራይ ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን ከምዝተገዝአ ወይ ዝተሃነፀ ወፃኢ ተቖፂሩ ድንጋገ ዓንቀፅ 26 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይኸውን።

4/ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝፈቕዶ መጠን ተቐናሲ ወፃኢ ወይ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ብምኽንያት እርጋን ዋግኡ ንዝቕንስ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ዝግበር ተቐናሲ እርጋን ዝስላሕ ብመሰረት ዝስዕብ ቀመር ይኸውን፡-

ሀ x ለ/ሐ

ሀ) መጠን ወፃኢ ወይ ንሃፍቲ ዝተገበረ ወፃኢ

ለ) ኣብ መንጎ ንንግዲ ምፍራይ ካብ ዝተጀመረሉ እዋን ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ዕለት ንንግዲ ምፍራይ ዝተጀመረሉ ዓመት ግብሪ ዘለዉ መዓልትታት፣

ሐ)ንንግዲ ዝኸውን ምህርቲ ምፍርይ ኣብ ዝተጀመረሉ ዓመት ግብሪ ዘሎ በዝሒ ማዓልቲ፣

5/ንምምሕልላፍ መሰል ዝግበር ስምምዕነት ከይሓወሰ ፣ ፍቓድ ዝተውሃበ ሰብ ካብ መሰል ስራሕ መዓድን ውሽጢ ሓደ ጥቕሚ ዘማሓላለፈ

በፊት የማልሚያ ወጪ ያወጣ እንደሆነ፤ ይህ ወጪ ለንግድ ስራ የሚሆን ምርት ማምረት በተጀመረበት ጊዜ እንደወጣ ወጪ ተቆጥሮ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 ድንጋጌ ተፈጻሚ ይሆናል።

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ለንግድ ስራ የሚሆን ምርት ማምረት ከመጀመሩ በፊት ለማልሚያ ሥራዎች አገልግሎት የሚውል ዋጋው ሊቀንስ የሚችል ሀብት የገዛ ወይም የገነባ እንደሆነ ይህ ሀብት ለንግድ ስራ የሚሆን ምርት በተጀመረበት ጊዜ እንደተገዛ ወይም እንደተገነባ ተቆጥሮ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 26 ድንጋጌ ተፈፃሚ ይሆናል።

4/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 የሚፈቀደው የማልሚያ ወጪ ተቀናሽ መጠን ወይም በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) መሠረት በእርጅና ምክንያት ዋጋው ለሚቀንስ የንግድ ሥራ ሀብት በግብር ዓመቱ የሚደረገው የእርጅና ቅናሽ የሚሰላው በሚከተለው ቀመር መሠረት ይሆናል፡-

ሀ x ለ/ሐ

ሀ) የወጪው መጠን ወይም ለሀብቱ የተደረገ ወጪ፣

ለ) ለንግድ ማምረት ከተጀመረበት ቀን አንስቶ ለንግድ ማምረት በተጀመረበት የግብር ዓመት የመጨረሻ ቀን መካከል ያሉት ቀናት፣

ሐ)ለንግድ የሚሆን ምርት ማምረት በተጀመረበት የግብር ዓመት ያሉት ቀናት ብዛት፣

5/ መብትን ለማስተላለፍ የሚደረግ ስምምነትን ሳይጨምር፣ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ከማዕድን ሥራ መብት ውስጥ አንድ ጥቅም

እንተኾይኑ እቲ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ መሰሉ ብምምሕልላፍ ዝረኽቦ ጥቕሚ ተገይሩ ዝውሰድ ናይ ምምሕልላፍ ተግባር ኣብ ዝተሳለጠሉ እዋን ተቐናሲ ዝተገበረሉ ወይ ብዝኾነ ኣገባብ ዘይመለሶ ሒሳብ ከይሓወሰ ፍቓድ ንዝተውሃቦ ሰብ ዘውፀኦ ወፃኢ መልምዒ ድሕሪ ምቕናሱ እዩ።

6/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ " ንንግዲ ዝኸውን ምህርቲ ምፍራይ ምጅማር" ማለት ኤጀንሲ መዓድን፣ ኢነርጅን ክልል ትግራይ ብመሰረት ዝውስኖ ኣብ ውሽጢ 30 ተኸታተልቲ መዓልትታት ልዑል ምህርቲ ምፍራይ ዝተኽኣለሎም 25 ማዓልትታት ካብ ዘለዉ 30 ማዓልትታት እቲ ፈላሚ ዕለት እዩ።

**ዓንቀፅ 41. <u>ወፃኢ መሊስካ ምጥያሽ</u>**

1/ ብመሰረት ዝተፈቐደ ትልሚ መሊሱ መጣየሺ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ምስ ስራሕቲ መዓድን ተተሓሒዙ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ንፈንድ መሊስካ ምጥያሽ ዝግበር መዋፅኦ እቲ መዋፅኦ ኣብ ዝተገበረሉ ዓመት ግብሪ ብተቐናስነት ይተሓዝ፤

2/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ስራሕ መዓድን ብዝምልከት ብመሰረት ዝፀደቐ ትልሚ መሊስካ መጣየሺ ንዝስራሕ ስራሕ ዘውፀኦ ወፃኢ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣገባብ ካብ ፈንድ መሊስካ መጣየሺ ዘይተኸፈሎ እንተኾይኑ እቲ ወፃኢ ብዝወፀሉ ዓመት ግብሪ ብተቐናሲ ይተሓዘሉ።

3/ ኣብ ውሽጢ ፈንድ መሊስካ ምጥያሽ ዝዕቆር መጠን ገንዘብ ወይ ብመሰረት ትልሚ መሊስካ ምጥያሽ ዘድሊ ወፃኢ ንምሽፋን ካብ መጣየሺ ፈንድ ወፃኢ ዝግበር መጠን ገንዘብ ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ እዩ።

ያስተላለፈ እንደሆነ ፈቃድ የተሰጠው ሰው መብቱን በማስተላለፍ የሚያገኘው ጥቅም ተደርጎ የሚወሰደው የማስተላለፉ ተግባር በተከናወነበት ጊዜ ተቀናሽ የተደረገለትን ወይም በማናቸውም መንገድ ያልመለሰውን ሂሣብ ሳይጨምር ፈቃድ ለተሰጠው ሰው ያወጣው የማልሚያ ወጪ ከተቀነሰ በኋላ ነው።

6/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም "ለንግድ የሚሆን ምርት ማምረት መጀመር" ማለት የትግራይ ክልል የማዕድን እና ኤነርጂ ኤጀንሲ በሚወሰነው መሠረት ከ30 ተከታታይ ቀናት ውስጥ ከፍተኛ ምርት ማምረት በተቻለባቸውን 25 ቀናት ካሉት 30 ቀናት ውስጥ የመጀመሪያው ቀን ነው።

**አንቀጽ 41.<u>የመልሶ ማቋቋሚያ ወጪ</u>**

1/ በተፈቀደ መልሶ ማቋቋሚያ ዕቅድ መሠረት ፈቃድ የተሰጠው ሰው ከማዕድን ሥራዎች ጋር ተያይዞ በግብር ዓመቱ ለመልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ የሚያደርገው መዋጮ መዋጮው በተደረገበት የግብር ዓመት በተቀናሽነት ይያዛል።

2/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው የማዕድን ሥራን በሚመለከት በጸደቀ መልሶ ማቋቋሚያ ዕቅድ መሠረት ለሚሰራው ሥራ የሚያወጣው ወጪ በቀጥታም ሆነ በተዘዋዋሪ መንገድ ከመልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ ያልተከፈለው እንደሆነ ወጪው በወጣበት የግብር ዓመት በተቀናሽነት ይያዝለታል።

3/ በመልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ ውስጥ የሚጠራቀም የገንዘብ መጠን ወይም በመልሶ ማቋቋሚያ ዕቅድ መሠረት የሚያስፈልገውን ወጪ ለመሸፈን ከማቋቋሚያ ፈንድ ወጪ የሚደረግ የገንዘብ መጠን ከገቢ ግብር ነፃ ነው።

4/ ካብ ፈንድ መሊሱ መጣየሺ ወፃኢ ኮይኑ ፍቓድ ንዝተውሃቦ ሰብ ዝተመለሰ መጠን ገንዘበ ኣብ ዝተመለሰሉ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ፍቓድ ዝተውሃቦ ተገይሩ ይውሰድ።

5/ ስራሕ መሊስካ ምጥያሽ ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ኣብቲ መሊስካ መጣየሺ ፈንድ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ትርፊ መጠን ገንዘብ ኣብ ዝህልወሉ እዋን እዚ መጠን ገንዘብ ስራሕ መሊስካ ምጥያሽ ኣብ ዝተፈፀመሉ ዓመት ግብሪ ስራሕ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ተገይሩ ይውሰድ።

6/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ፡-

ሀ) " ዝፀደቐ ትልሚ መሊስካ መጣየሺ" ማለት ብመሰል መዓድን ዝውሰኑ ግቡኣት ሓዊሱ ኤጀንሲ መዓድንን ኤነርጅን እቲ ክልል ዝፀደቐ ቦታ መውፅኢ መዓድን ትልሚ መሊስካ መጣየሺ እዩ።

ለ) " ፈንድ መሊስካ ምጥያሽ" ማለት ብመሰል መዓድን ዝተሸፈነ ክልል ንምስትኽኻል ንሓዋሩ ዘድልዩ ወፃእታት ንምሽፋን ብመሰረት መሰል መዓድን ክቕመጥ ዝግበኦን ኤጀንሲ መዓድንን ኤነርጅን እቲ ክልል ፍቓድ ዝሃበ ሰብ ብሓባር ዘመሓድርዎ ገንዘብ እዩ።

## ዓንቀፅ 42. ተቐናሲ ኢንቨስትመንት

1) ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ብፍቓድ ወሃቢ ኣካል ዝተፈቐዱ ካልኦት መዳያት ልምዓት ወፃኢ ኮይኑ ኢንቨስት ንምግባር ወፃኢ ኢንቨስትመንት ካብ ሕድሕድ ዓመት ግብሪ ጠቕላላ ኣታዊ ክሳብ 5 % ( ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ምቕናስ ይከኣል።

2) ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ(1) እዚ ዓንቀፅ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ

4/ ከመልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ ወጪ ሆኖ ፈቃድ ለተሰጠው ሰው ተመላሽ የተደረገ የገንዘብ መጠን ተመላሽ በተደረገበት የግብር ዓመት ፈቃድ የተሰጠው ሰው የንግድ ስራ ገቢ ተደርጎ ይወሰዳል።

5/ የመልሶ ማቋቋሚያ ሥራ በሚጠናቀቅት ጊዜ ፈቃድ በተሰጠው ሰው የመልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ ውስጥ ትርፍ የገንዘብ መጠን በሚኖርበት ጊዜ ይህ የገንዘብ መጠን የመልሶ ማቋቋሙ ስራ በተጠናቀቀበት የግብር ዓመት ፈቃድ የተሰጠው ሰው የንግድ ሥራ ገቢ ተደርጎ ይወሰዳል።

6/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፡-

ሀ) "የፀደቀ የመልሶ ማቋቋሚያ ዕቅድ" ማለት በማዕድን መብት የሚወሰኑትን ግዴታዎች ጨምሮ በክልሉ የማእድንና ኤነርጂ ኤጀንሲ የፀደቀ የማዕድን ማውጫ ቦታ መልሶ ማቋቋሚያ ዕቅድ ነው።

ለ) "መልሶ ማቋቋሚያ ፈንድ" ማለት በማዕድን መብት የተሸፈነውን ክልል ለማስተካከል ለወደፊት የሚያስፈልጉ ወጪዎችን ለመሸፈን በማዕድን መብት መሠረት መቀመጥ የሚገባው እና የክልሉ ማዕድን እና ኤነርጂ ኤጀንሲ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በጋራ የሚያስተዳድሩት ገንዘብ ነው።

## አንቀጽ 42. ስለ ኢንቨስትመንት ተቀናሽ

1/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በፈቃድ ሰጪው አካል በተፈቀዱ ሌሎች የልማት መስኮች ወጪ ሆኖ ኢንቨስት ለሚደረግ የኢንቨስትመንት ወጪ ከእያንዳንዱ የግብር ዓመት ጠቅላላ ገቢው ላይ እስከ 5% (አመስት በመቶ) መቀነስ ይችላል።

2/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት በአንድ የግብር ዓመት

ተቐናሲ ዝተገበረ መጠን ገንዘብ ተቐናሲ ካብ ዝተገበረሉ ዓመት ግብሪ ስዒቡ ክሳብ መወዳእታ እቲ ዓመት ግብሪ ዘሎ እዋን ኢንቨስት እንተዘይገይሩ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ጠቕላላ ኣታዊ ይድመር።

**ዓንቀፅ 43. <u>መሰል ምትሕልላፍ</u>**

1/ ምትሕልላፍ መሰል ተፈፃሚ ዝኸውን ዝስዕቡ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ እዮም፦

ሀ) " መመሓላላፊ" ተባሂሉ ዝጥቀስ በዓል ፍቓድ ብመሰል ምውፃእ መዓድን ዝረኸቦ ዝተወሰነ መሰል "መሰል ዝተሓላለፈሉ" ተባሂሉ ዝጥቀስ ካልእ ሰብ ንምምሕልላፍ " ስምምዕነት ምምሕልላፍ" ተባሂሉ ዝጥቀስ ስምምዕነት ዝገበረ እንተኾይኑ፣

ለ) መሰል ዝተማሓላለፈሉ ሰብ ካብ መመሓላላፊ መሰል ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ንዝተመሓላለፈሉ መሰል ዝኸፍሎ ዋጋ መሰል ዝተሓላለፈሉ ሰብ ክኸፍል ዝተስማመዐሉ ወፃኢ ወይ መመሓላለፊ መሰል ካብ ዘትረፎ ዝተወሰነ መሰል ዝብገስ ዝተወሰኑ ወይ ኩሎም ግቡኣት ንመሰል መመሓላላፊ ተኪኡ ዝዋፅኦ ግቡእ ይሓውስ።

2/ ምምሕልላፍ መሰል ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣

ሀ) መማሓላለፊ መሰል ምስ ዘትረፎ መሰል ብዝተተሓሓዘ መሰል ዝተመሓላለፈሉ ሰብ ዘሳልጦ ዋጋ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ዝስዕቡ ኣይካተተን፤

1. መማሓላለፊ መሰል ንዝተማሓላለፈ መሰል ብዝተቐበሎ ዋጋ፣ ወይ
2. ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ መማሓላለፊ መሰልን፣

ተቀናሽ ያደረገውን የገንዘብ መጠን ተቀናሽ ከተደረገበት የግብር ዓመት ቀጥሎ እስካለው የግብር ዓመት መጨረሻ ድረስ ኢንቨስት ካላደረገ በዚሁ የግብር ዓመት ፈቃድ የተሰጠው ሰው ጠቅላላ ገቢው ላይ ይደመራል።

**አንቀጽ 43. <u>መብትን ስለማስተላለፍ</u>**

1/ መብትን ማስተላለፍ ተፈፃሚ የሚሆነው የሚከተሉት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ ይሆናል፤

ሀ) "አስተላላፊ" ተብሎ የሚጠቀሰው ባለፈቃድ በማዕድን ማውጣት መብት ያገኘውን የተወሰነ መብት "መብትየተላለፈለት" ተብሎ የሚጠቀሰው ሌላ ሰው ለማስተላለፍ "የማስተላለፍ ስምምነት" ተብሎ የሚጠቀስ ስምምነት ያደረገ እንደሆነ፤

ለ) መብቱ የተላለፈለት ሰው ከመብት አስተላላፊው በሙሉ ወይም በከፊል ለተላለፈለት መብት የሚከፍለው ዋጋ መብት የተላለፈለት ሰው ሊከፍል የተስማማበትን ወጪ ወይም መብት አስተላላፊው ካስቀረው የተወሰነ መብት የሚመነጩ የተወሰኑትን ወይም ሁሉንም ግዴታዎች መብት አስተላላፊውን ተክቶ ለመወጣት የሚገባውን ግዴታም ይጨምራል።

2/ መብትን ማስተላለፍ ተፈጻሚ በሚሆንበት ጊዜ፣

ሀ) መብት አስተላላፊው ካስቀረው መብት ጋር በተያያዘ መብት የተላለፈለት ሰው የሚያከናውነው ሥራ ዋጋ በሚከተሉት ውስጥ አይካተትም፤

1. መብት አስተላላፊው ለተላለፈው መብት በሚቀበለው ዋጋ፣ ወይም
2. የመብት አስተላላፊውን የንግድ ስራ ገቢ፣ እና

ለ) መማሓላለፊ መሰል ንዝተሓላለፈ መሰል ኣብ ልዕሊ ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ መጠን ገንዘብ ዝስዕቡ ተፈፃምነት ይህልዎም፣

1. መማሓላለፊ መሰል ምስ ዝተሓላለፈ መሰል ብዝተተሓሐዘ ንዘውፅኦ ወፃኢ ዝረኸቦ ተቐናሲ ተመላሲ ብምግባሩ ምኽንያት ኣብዝተቐበሎ መጠን ገንዘብ ድንጋገ ዓንቀፅ 69 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይኸውን፣

2. መማሓላላፊ መሰል ካብ ዝተቐበሎ መጠን ገንዘብ ድንጋገ ዓንቀፅ 69 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝኾነሉ ተቐናሲ ወፃኢ ዝበለፀ እንተኾይኑ ብሕልፊ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ዋጋ እቲ ዝተማሓላለፈ መሰል ተገይሩ ይውሰድ።

**ዓንቀፅ 44. <u>መሰል መዓድን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ምትሕልላፍ</u>**

1/ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ዝነበሮ ዋና መሰል ዋንነት ልዕሊ 10 % ( ዓሰርተ ሚኢታዊ) ዝተለወጠ እንተኾይኑ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ እዚ ለውጢ ብዝምልከት ነቲ በዓል መዚ ሽዑ ንሽዑ ብፅሑፍ ከፍልጥ ኣለዎ።

2/ ኣብ ሓደ ትካል መሰል ኣባልነቱ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣገባብ ዘመሓላልፎ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተጠቐሰ መፍለጢ ክህብ ዘለዎ ሰብ ነባሪ እቲ ክልል ዘይኮነ እንተኾይኑ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ኣብቲ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ወኪል ከምዝኾኑ ተቖፂሩ ምስ ምምሕልላፍ ተተሓሒዙ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ክኸፈል ዝግበኦ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎም።

3/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዘይኮነ ሰብ ብምውካል ዝኸፈልዎ ዝኾነ ግብሪ

ለ) መብት አስተላላፊው ለተላለፈው መብት በተቀበለው ወይም በሚቀበለው የገንዘብ መጠን ላይ የሚከተሉት ተፈፃሚነት ይኖራቸዋል።

1. መብት አስተላላፊው ከተላለፈው መብት ጋር በተያያዘ ላወጣው ወጪ ያገኘው ተቀናሽ ተመላሽ በመደረጉ ምክንያት በተቀበለው የገንዘብ መጠን ላይ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 69 ድንጋጌ ተፈፃሚ ይሆናል፣

2. መብት አስተላለፊው ከተቀበለው የገንዘብ መጠን የዚህ አዋጅ አንቀጽ 69 ድንጋጌ ተፈጻሚ የሚሆንበት ተቀናሽ ወጪ የበለጠ እንደሆነ በብልጫ የታየው የገንዘብ መጠን የተላለፈው መብት ዋጋ ተደርጎ ይወሰዳል።

**አንቀጽ 44. <u>የማዕድን መብትን በተዘዋዋሪ መንገድ ስለ ማስተላለፍ</u>**

1/ ፈቃድ የተሰጠው ሰው የነበረውዋና የባለቤትነት መብት ከ10% (ከአስር በመቶ) በላይ የተለወጠ እንደሆነ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ይህንኑ ለውጥ ወዲያውኑ ለባለሥልጣኑ በፅሁፍ ማሳወቅ አለበት።

2/ በአንድ ድርጅት ውስጥ የአባልነት መብቱን በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ መንገድ የሚያስተላልፈው በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 የተጠቀሰውን ማስታወቂያ መስጠት ያለበት ሰው የክልሉ ነዋሪ ያልሆነ እንደሆነ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በክልሉ ነዋሪ ያልሆነው ሰው ወኪል እንደሆኑ ተቆጥሮ ከማስተላለፉ ጋር ተያይዞ በዚህ አዋጅ መሠረት ሊከፈል የሚገባውን ግብር የመክፈል ግዴታ አለባቸው።

3/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት ፈቃድ የተሰጠው ሰው በክልሉ ነዋሪ ያልሆነውን ሰው በመወከል የከፈሉት ማንኛውም ግብር በዚህ

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣብቲ ክልል ነባሪ ካብ ዘይኮነ ሰብ ምስ ዝኽፈል ዕዳ ግብሪ ይከሓሓስ።

4/ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ክበሃል ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ኣዋጅ ዝተመልከተ ኣብ ሓደ ትካል ዘሎ ጥቕሚ ኣባልነት ከም ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ተገይሩ ይውሰድ።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ዓለም ለኸ ግብሪ

**ዓንቀፅ 45. ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝተኸፈለ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ምክሕሓስ**

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ሰደቓ "ሐ" ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ዘለዎ እንተኾይኑን ኣብ ልዕሊ እዚ ኣታዊ ኣብ ወፃኢ ሃገር ግብሪ ከፊሉሉ እንተኾይኑ እቲ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝኸፈሎ ግብሪ "ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዝተኸፈለ ግብሪ ዝግበር መከሓሐሲ" ተባሂሉ ዝከሓሐሰሉ ካብ ዝስዕቡ ምስቲ ዝናኣሰ መጠን ማዕረ ዝኸውን መጠን ገንዘብ እዩ።

ሀ) ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝተኸፈለ ኣታዊ ግብሪ ፣ ወይ

ለ) ኣብ ወፃኢ ሃገር ብዝተረኸበ ኣታዊ ብመሰረት ሰደቓ "ሐ" ተኸፋሊ ዝኸውን ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ፣

2/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) (ለ) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ኣታዊ ግብሪ ንግዲ ዝስላሕ ኣብቲ ዓመት ኣብ ልዕሊ ነባሪ እቲ ክልል ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ተፈፃሚ ዝግበር ማእኸላይ ምጣነ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ኣብ ዝረኸቦ ዝተፃረየ ኣታዊ ወፃኢ ሃገር ተፈፃሚ ብምግባር እዩ።

3/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝተኸፈለ ግብሪ ክከሓሓስ ዝኽእል፡-

አዋጅ መሠረት በክልሉ ነዋሪ ካልሆነው ሰው ላይ ከሚፈለገው የግብር ዕዳ ጋር ይካካሳል።

4/ ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም ሲባል፣ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) የተመለከተው በአንድ ድርጅት ውስጥ ያለው የአባልነት ጥቅም እንደ ንግድ ሥራ ሀብት ተደርጎ ይወሰዳል።

## ክፍል አምስት

## ዓለም ዐቀፍ ግብር

**አንቀጽ 45.በውጭ ሀገር የተከፈለን የንግድ ሥራ ግብር ስለማካካስ**

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ግብር ከፋይ በሠንጠረዥ "ሐ" መሠረት ግብር የሚከፍልበት ገቢ ያለው እንደሆነ እና በዚሁ ገቢ ላይ በውጭ ሀገር ግብር ከፍሎበት ከሆነ ግብር ከፋዩ በውጭ ሀገር የከፈለው ግብር "በውጭ ሀገር ለተከፈለ ግብር የሚደረግ ማካካሻ" ተብሎ የሚካካስለት ከሚከተሉት ከአነስተኛው መጠን ጋር እኩል የሚሆነው የገንዘብ መጠን ነው።

ሀ)በውጭ ሀገር የተከፈለው የገቢ ግብር፤ ወይም

ለ) በውጭ ሀገር በተገኘው ገቢ ላይ በሠንጠረዥ "ሐ" መሠረት ተከፋይ የሚሆነው የንግድ ስራ ገቢ ግብር

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) (ለ) የተመለከተው የንግድ ስራ ገቢ ግብር የሚሰላው በዓመቱ በክልሉ ነዋሪ በሆነው ግብር ከፋይ ላይ ተፈፃሚ የሚደረገውን አማካይ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር መጣኔ ግብር ከፋዩ ባገኘው የተጣራ የውጭ ሀገር ገቢ ላይ ተፈፃሚ በማድረግ ነው።

3/ በዚህ አንቀጽ መሰረት በውጭ ሀገር የተከፈለ ግብር ሊካካስ የሚችለው፡-

ሀ) ነባሪ እዚ ክልል ዝኾነ ሰብ ኣብ ወፃኢ ሃገር ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ክኸፍሎ ዝግባእ ግብሪ ኣታዊ ካብ ዝረኸበሉ ዓመት ግብሪ ቀፂሉ ኣብ ዘሎ ክልተ ዓመታት ግብሪ ወይ እቲ በዓል መዚ ብዝፈቐዶ ተወሳኺ ግዜ ውሽጢ እንተኸፊሉን፣

ለ) ነባሪ ክልል ትግራይ ዝኾነ ሰብ ንዝኸፈሎ ግብሪ ብበዓል መዚ ግብሪ ወፃኢ ሃገር ዝተውሃበ ቅብሊት እንተሃልይዎ ጥራሕ እዩ።

4/ ነባሪ እዚ ክልል ዝኾነ ሰብ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ክኸፍል ዘለዎ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ እንተስልሕ ፣ ዝኾነ መካሓሓሲ ግብሪ ቅድሚ ተግባራዊ ምግበሩ ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዝተኸፈለ ግብሪ ንዝተፈቐደ መከሓሐሲ ተግባራዊ ክገብር ኣለዎ።

5/ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግብሪ ነባሪ እቲ ክልል ዝኾነ ሰብ ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝኸፈሎ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ መሉእ ብሙሉእ ዘይከሓሓስ እንተኾይኑ ከይተከሓሐሰ ዝተረፈ ግብሪ ተመላሲ ንምግባር ወይ ናብ ሕሉፍ ዓመት ግብሪ ክምለስ ወይ ናብ ዝቕፅል ዓመት ግብሪ ክሰጋገር ኣይኽእልን።

6/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ፣

ሀ) "ምጣነ ግብሪ ማእኸላይ ኣታዊ ስራሕ ግብሪ " ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝኾነ መከሓሓሲ ግብሪ ቅድሚ ምፍፃሙ ነባሪ እቲ ክልል ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ዝኸውን ምጣነ እዩ።

ለ) "ኣታዊ ግብሪ ወፃኢ ሃገር" ማለት በቲ ከፋሊ ተቐኒሱ ዝተሓዝ ግብሪ ሓዊሱ ብመንግስቲ ወፃኢ ሃገር ወይ ብከባብያዊ መንግስቲ ወፃኢ ሃገር ዝተቐመጠ ግብሪ እንትኸውን ፣ ቅፅዓት ፣ ተወሳኺ ግብሪ ፣ ወይ ድማ ነዚ ግብሪ ብዝምልከት ንዝኸፈል ወለድ

ሀ) በክልሉ ነዋሪ የሆነው ሰው በውጭ ሃገር ባገኘው ገቢ ላይ ሊከፍል የሚጋባውን ግብር ገቢው ከተገኘበት የግብር ዓመት በኋላ ባሉት ሁለት የግብር ዓመታት ወይም ደግሞ ባለስልጣኑ በሚፈቅደው ተጨማሪ ግዜ ውስጥ የከፈለ እንደሆነ እና፣

ለ) በትግራይ ነዋሪ የሆነው ሰው ለከፈለው ግብር በውጭ ሃገር የግብር ባለስልጣን የተሰጠ ደረሰኝ ያለው እንደሆነ ብቻ ነው።

4/ በክልሉ ነዋሪ የሆነው ሰው በግብር ዓመቱ መክፈል የሚኖርበትን የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ሲያሰላ፣ ማንኛውንም የግብር ማካካሻ ተግባራዊ ከማድረጉ በፊት በውጭ ሀገር ለተከፈለ ግብር የተፈቀደውን ማካካሻ ተግባራዊ ማድረግ አለበት።

5/ በአንድ የግብር ዓመት ውስጥ በክልሉ ነዋሪ የሆነው ሰው በውጭ ሀገር የከፈለው ግብር በዚያው የግብር ዓመት ሙሉ በሙሉ የማይካካስ የሆነ እንደሆነ ሳይካካስ የቀረው ግብር ተመላሽ ሊደረግ ወይም ወደቀደመው የግብር ዓመት ሊመለስ ወይም ወደሚቀጥለው የግብር ዓመት ሊሸጋገር አይችልም።

6/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፣

ሀ)"አማካኝ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር መጣኔ" ማለት በዚህ አዋጅ መሠረት ማንኛውም የግብር ማካካሻ ከመደረጉ በፊት በክልሉ ነዋሪ የሆነው ሰው ግብር በሚከፍልበት ገቢ ላይ ተግባራዊ የሚሆነው ምጣኔ ነው።

ለ)"የውጭ ሀገር ገቢ ግብር" ማለት በከፋዩ ተቀንሶ የሚያዝን ግብር ጨምሮ በውጭ ሀገር መንግሥት ወይም በውጭ ሀገር አካባቢያዊ መንግሥት የተጣለ ግብር ሲሆን፣ ቅጣትን፣ ተጨማሪ ግብርን፣ ወይም ደግሞ ይህንን ግብር በሚመለከት የሚከፈል ወለድን አይጨምርም።

ኣይሓውስን።

ሐ) "ዝተፃረየ ኣታዊ ወፃኢ ሃገር" ማለት ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ነባሪ እቲ ክልል ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ብዝምልከት ብመሰረት እዚ ሰደቓ ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝረኸቦ ጠቕላላ ኣታዊ ወፃኢ ሃገር ንከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ብመሰረት እዚ ሰደቓ ዝፍቀድ ካብዚ ብታሕቲ ምስ ዝተዘርዘሩ ዝተተሓሐዘ ተቐናሲ ዝግበር ወፃኢ ድሕሪ ምቕናሱ ዝተርፍ ኣታዊ እዩ።

(1) ንኣታዊ ወፃኢ ሃገር ንምርካብ ክበሃል ጥራሕ ዝተገበረ ወፃእን፣

(2) ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝርከብ ወፃኢ ርእሱ ዝኸኣለ ዓይነት ኣታዊ ኮይኑ ዝምደብ ብምዃኑ ናይ ወፃኢ ሃገር ኣታዊኡ ንምርካብ ብዝወፀ መጠን ብመሰረት ዓንቀፅ 72 እዚ ኣዋጅ ዝተኸፈለ እንትኾይኑ።

**ዓንቀፅ 46. <u>ክሳራታት ስራሕ ንግዲ ወፃኢ ሃገር</u>**

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ሰደቓ "ሐ" ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ወፃኢ ሃገር ንምርካብ ዘውፀኦ ወፃኢ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣብ ወፃኢ ሃገር ካብዝረኸቦ ኣታዊ ጥራሕ እዩ።

2/ ነባሪ እዚ ክልል ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ኣብ ወፃኢ ሃገር ክሳራ ዘጋጠሞ እንትኾይኑ እቲ ክሳራ ካብ ዝበፅሖሉ ዓመት ግብሪ ስዒቡ ንዘሎ ዓመት ግብሪ ዝሰጋገር ኮይኑ እዚ ክሳራ ኣብ ዝተሰጋገረሉ ዓመት ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ካብ ወፃኢ ሃገር ዝረኸቦ ኣታዊ ብመሰረት ሰደቓ "ሐ" ተቐናሲ ይግበር።

3/ ነባሪ እዚ ክልል ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ክሳርኡ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ምቕናስ ዘይካኣለ

ሐ) "የተጣራ የውጭ ሀገር ገቢ" ማለት በአንድ የግብር ዓመት በክልሉ ነዋሪ የሆነን ግብር ከፋይ በሚመለከት በዚህ ሰንጠረዥ መሠረት ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ ካገኘው ጠቅላላ የውጭ ሀገር ገቢ ላይ ለግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ በዚህ ሠንጠረዥ መሠረት የሚፈቀደው ከዚህ በታች ከተዘረዘሩት ጋር በተያያዘ ተቀናሽ የሚደረገው ወጪ ከተቀነሰ በኋላ የሚቀረው ገቢ ነው።

(1) የውጭ ሀገር ገቢውን ለማግኘት ሲባል ብቻ ወጪ የተደረገ እና

(2)በውጭ ሀገር የሚገኝ ገቢ እራሱን የቻለ የገቢ ዓይነት ሆኖ የሚመደብ በመሆኑ የውጭ ሀገር ገቢውን ለማግኘት በወጣው መጠን በዚህ አዋጅ አንቀጽ 72 መሠረት የተከፈለ ሲሆን፣

**አንቀጽ 46. <u>የውጭ ሀገር የንግድ ሥራ ኪሳራዎች</u>**

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ግብር ከፋይ በሠንጠረዥ"ሐ" መሠረት ግብር የሚከፈልበትን የውጭ ሀገር ገቢን ለማግኘት ያወጣው ወጪ በዚህ አዋጅ መሠረት ተቀናሽ የሚደረግለት በውጭ ሀገር ካገኘው ገቢ ላይ ብቻ ነው።

2/በክልሉ ነዋሪ የሆነ ግብር ከፋይ በአንድ የግብር ዓመት በውጭ ሀገር ኪሳራ ያጋጠመው እንደሆነ ኪሳራው ከደረሰበት የግብር ዓመት ቀጥሎ ላለው የግብር ዓመት የሚሸጋገር ሆኖ ይህም ኪሳራ በተሸጋገረበት የግብር ዓመት ግብር ከፋዩ በውጭ ሀገር ካገኘው ገቢ ላይ በሠንጠረዥ "ሐ" መሠረት ተቀናሽ ይደረጋል።

3/ በክልሉ ነዋሪ የሆነው ግብር ከፋይ ኪሳራውን በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት በሙሉ ወይም በከፊል መቀነስ ያልቻለ እንደሆነ ኪሳራው

እንተኾይኑ ክሳርኡ ብሙሉኡ ተቐኒሱ ክሳብ ዝውዳእ ናብ ዝቕፅሉ ዓመታት ግብሪ ተሰጋጊሩ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ተቐናሲ ይግበር። ኮይኑ ግና ከፋሊ ግብሪ ድሕሪ እቲ ክሳራ ዝበፅሐሉ ዓመት ግብሪ ኣብ ዘለዉ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመታት ግብሪ ክሳርኡ ንምስግጋር ኣይኽእልን።

4/ ከፋሊ ግብሪ ክሳራ ወፃኢ ሃገር ዘተኣናገደሎም ክልተ ዓመታት ግብሪ እንተሃልዮምን ሕድሕድ ክሳራ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተሰጋገረ እንተኾይኑ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ተወሳኺ ክሳራታት ከሰጋግር ኣይፍቀደሉን።

5/ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ን 3 ን እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከቱ ክሳራታት ወፃኢ ሃገር ከሰጋግር ዝኽእለሉ ዝርዝር ኣፈፃፅማ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ ይውስን፣

6/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ኣብቲ ክልል ነባሪ ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ ብዝምልከት ፣ “ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝበፅሐ ክሳራ” ማለት ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ሰደቓ “ሐ” ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ወፃኢ ሃገር ንምርካብ መጠን ዘውፀኦም ወፃኢታት ካብ ጠቕላላ ናይ ወፃኢ ሃገር ኣታዊኡ በሊፁ እንትርከብ እዩ።

**ዓንቀፅ 47. <u>ግብሪ ብዝምልከት ዝግበሩ ስምምዓት</u>**

1/ ሚኒስቴር ገንዘብን ትሕብብር ቁጠባን ምስ መንግስታት ወፃኢ ሃገር ዝፍፅሞም ግብሪ ዝምልከት ስምምዓት በዓል መዚ ተግባራዊ ይገብር።

በሙሉ ተቀንሶ እስከሚያልቅ ድረስ ወደ ሚቀጥሉት የግብር ዓመታት ተሸጋግሮ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት ተቀናሽ ይደረጋል። ሆኖም ግብር ከፋዩ ኪሳራው ከደረሰበት የግብር ዓመት በኋላ ካሉት አምስት የግብር ዓመታት በላይ ኪሳራውን ለማሸጋገር አይችልም።

4/ ግብር ከፋዩ የውጭ ሀገር ኪሳራ ያስተናገደባቸው ሁለት የግብር ዓመታት የኖሩ እንደሆነ እና እያንዳንዱ ኪሳራ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 መሠረት የተሸጋገረ እንደሆነ ግብር ከፋዩ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት ተጨማሪ ኪሳራዎችን ለማሸጋገር አይፈቀድለትም።

5/ አንድ ግብር ከፋይ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 እና 3 የተመለከቱትን የውጭ ሃገር ኪሳራዎች ሊያሸጋግር የሚችልበት ዝርዝር የአፈፃፀም ሥርዓት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል፣

6/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም በአንድ የግብር አመት በክልሉ ነዋሪ የሆነን ግብር ከፋይ በሚመለከት፣ “በውጭ ሀገር የደረሰ ኪሳራ” ማለት ግብር ከፋዩ በሠንጠረዥ "ሐ" መሠረት ግብር የሚከፈልበትን የውጭ ሀገር ገቢ ለማግኘት ያወጣቸው ወጪዎች መጠን ከጠቅላላው የውጭ ሀገር ገቢ በልጦ ሲገኝ ነው።

**አንቀጽ 47. <u>ግብርን በሚመለከት የሚደረጉ ስምምነቶች</u>**

1/ የገንዘብና ኢኮኖሚ ትብብር ሚኒስቴር ከውጭ ሀገር መንግሥት ወይም መንግሥታት ጋር የሚያደርጋቸው ግብርን የሚመለከቱ ስምምነቶችን ባለስልጣኑ ተግባራዊ ያደርጋል ።

2/ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅን ድንጋገታት ምዕራፍ ሸሞንተ እዚ ኣዋጅን ከይሓወሰ ፣ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ተፈፃምነት ብዘለዎ ስምምዕነት ግብሪ ኣብ መንጎ ቃላት ውዕልን ድንጋገታት እዚ ኣዋጅን ዘይምጥዕዓም እንተተፈጢሩ ድንጋገ ስምምዕነት ተፈፃምነት ይህልዎ።

3/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ኢትዮጵያ ዝፈረመትሉ ስምምዓት ግብሪ ኣብቲ ክልል ዝተረኸበ ኣታዊ ካብ ግብሪ ናፃ ወይ ኣብ ውሽጢ ግብሪ ዘይካተት ምዃኑ ዝድንግግ ወይ ተፈፃምነት እቲ ስምምዕነት ኣብ ክልል ዘሎ ምጣነ ግብሪ ናይ ምቕናስ ውፅኢት ዝህልዎ እንተኾይኑ ፣ ኣብ ተወዓዓሊ ሃገር ነባሪ ዝኾነ ትካል ብዕሒት ዋንነት ወይ ተቖፃፃርነት ልዕሊ 50% (ሓምሳ ሚእታዊ) ኣብ ተወዓዓሊ ሃገር ነባሪ ብዘይኮነ ውልቀ ሰብ ወይ ውልቀ ሰባት ዝተትሓዘ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እዚ ትካል በቲ ስምምዕነት ዝተጣየሸ ካብ ግብሪ ናፃ ናይ ምዃን ፣ ኣብ ግብሪ ናይ ዘይምክታት ወይ እቲ ዝተቐነሰ ምጣነ ግብሪ ተጠቃሚ ክኸውን ኣይኽእልን።

4/ ምስ ኢትዮጵያ ዝተወዓዓለ ሃገር ዝነብር ከፋሊ ግብሪ፡-

ሀ) ኣብቲ ተወዓዓሊ ሃገር ኣብ ዝርዝር ዕዳጋ ኣክስዮን ዝተኻተተ ኩባንያ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ) ኣብ ተወዓዓሊ ሃገር ኣብ ዝንቀሳቐስ ስራሕ ንግዲ ዝተዋፈረ እንተኾይኑን ኣብዚ ክልል ንዝተረኸበ ኣታዊ ፍልፍል ዝኾነ እዚ ስራሕ ንግዲ እንተኾይኑ ፣ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣይኸውንን።

5/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ፡-

ሀ) "ብግቡእ ዝንቀሳቐስ ስራሕ ንግዲ" ማለት ብዘይካ ትካል ገንዘብ ወይ ኢንሹራንስ ኩባንያ

2/ የዚህን አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) እና የዚህን አዋጅ ምዕራፍ ስምንት ድንጋጌዎች ሳይጨምር፣ በክልሉ ውስጥ ተፈፃሚነት ባለው የግብር ስምምነት የውል ቃላትና በዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች መካከል አለመጣጣም የተፈጠረ እንደሆነ የስምምነቱ ድንጋጌ ተፈፃሚነት ይኖረዋል።

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ኢትዮጵያ የፈረመችው የግብር ስምምነት በኢትዮጵያ የተገኘ ገቢ ከግብር ነፃ ወይም በግብር ውስጥ የማይካተት መሆኑን የሚደነግግ ወይም የስምምነቱ ተፈፃሚነት በክልሉ ያለውን የግብር መጣኔ የመቀነስ ውጤት የሚኖረው ከሆነ፣ በተዋዋዩ አገር ነዋሪ የሆነው ድርጅት የባለቤትነት ወይም የመቆጣጠር ድርሻ ከ50% (ሃምሳ በመቶ) በላይ በተዋዋይ ሀገር ነዋሪ ባልሆነ ግለሰብ ወይም ግለሰቦች የተያዘ በሚሆንበት ጊዜ ይህ ድርጅት በስምምነቱ የተቋቋመው ከግብር ነፃ የመሆን፣ በግብር ውስጥ ያለመካተት ወይም የተቀነሰው የግብር መጣኔ ተጠቃሚ ሊሆን አይችልም።

4/ ከኢትዮጵያ ጋር በተዋዋለው ሀገር ነዋሪ የሆነው ግብር ከፋይ፡-

ሀ) በተዋዋዩ ሀገር በአክሲዮን ገበያ ዝርዝር ውስጥ የተካተተ ኩባንያ ከሆነ፤ ወይም

ለ) በተዋዋዩ ሀገር በሚገባ በሚንቀሳቀስ የንግድ ሥራ ላይ የተሰማራ እንደሆነና በክልሉ ለተገኘው ገቢ ምንጭ የሆነው ይኸው የንግድ ሥራ የሆነ እንደሆነ፣ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 ድንጋጌ ተፈጻሚ አይሆንም።

5/ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፣

ሀ) "በሚገባ የሚንቀሳቀስ ንግድ ሥራ" ማለት ኩባንያው የገንዘብ ተቋም ወይም የኢንሹራንስ

፣ በዓል ዋና ኣክስዮን ሰነዳት ውሕስና ፣ ወይ በዓል ዋና ካልኦት ኢንቨስትመንታት ምኳን ወይ ምምሕዳር ኣይሓውስን፣

ለ) "ስምምዕነት ግብሪ" ማለት ተደራራቢ ግብሪ ንክተርፍን ግብሪ ንዘይምኽፋልን ዝግበር ስወራ ንምክልኻል ዝግበር ዓለም-ለኸ ስምምዕነት እዩ።

**ክፍሊ ሽድሽተ**

**ኣብ ግምት ዝተመስረተ ግብሪ ስራሕ ንግዲ**

ዓንቀፅ 48. **ከፈልቲ ብርኪ "ሐ" ዝኸፍልዎ ኣታዊ ግብሪ**

ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሐ" ኣብ ሕድሕድ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ዝኸፍሉ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ ብዝውሰን ሜላ ኣከፋፍላ ግብሪ እዩ።

**ምዕራፍ ሓሙሽተ**

**ሰደቓ "መ" ካልኦት ኣታውታት**

49. **ኣብ ክልል ትግራይ ነበርቲ ዘይኮኑ ሰባት ኣታዊ**

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብዕሒት ትርፊ ፣ ወለድ ፣ ሮያሊቲ ፣ ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ ፣ ክፍሊት ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ዕርቡን መድሕን ካብዚ ክልል ዝረኸበ እንተኾይኑ ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ምጣነ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

2/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ግብሪ ዝኸፍለሉ ምጣነ፦

ሀ) ንመድሕን ኣብ ዝኽፈል ዕርቡን ወይ ካብ ጠቕላላ ክፍሊት ሮያሊቲ 5% (ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ፣

ለ) ካብ ብዕሒት ትርፊ ወይ ወለድ ፣ ጠቕላላ ኣታዊ 10%(ዓሰርተ ሚኢታዊ) ፣

ኩባንያ ካልሆነ በስተቀር የአክሲዮን፣ የዋስትና ሰነዶች፣ ወይም ሌሎች ኢንቨስትመንቶች ባለቤት መሆንን ወይም ማስተዳደርን አይጨምርም።

ለ)"የግብር ስምምነት" ማለት ተደራራቢ ግብርን ለማስቀረትና ግብር ላለመክፈል የሚደረግን ስወራ ከመከላከል የሚደረግ ዓለም ዐቀፍ ስምምነት ነው።

**ክፍል ስድስት**

**በግምትላይ የተመሠረተ የንግድ ሥራ ግብር**

አንቀጽ 48. **የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋዮች ስለሚከፍሉት የገቢ ግብር**

የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋዮች በእያንዳንዱ የግብር ዓመት የንግድ ሥራ ገቢ ግብር የሚከፍሉት የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ በሚወሰነው የግብር አከፋፈል ዘዴ ነው።

**ምዕራፍ አምስት**

**ሠንጠረዥ "መ" ሌሎችገቢዎች**

አንቀጽ 49. **በትግራይ ክልል ነዋሪ ያልሆኑ ሰዎች ገቢ**

1/በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው የትርፍ ድርሻ፣ ወለድ፣ ሮያሊቲ፣ ከሥራ አመራር ክፍያ፣ የቴክኒክ አገልግሎት ክፍያ ወይም የመድን አረቦን ከክልሉ ውስጥ ያገኘ እንደሆነ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) በተመለከው መጣኔ መሠረት ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት፤

2/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው ግብር የሚከፍልበት መጣኔ፦

ሀ) ለመድህን በሚከፈል አረቦን ወይም ከሮያሊቲ ጠቅላላው ክፍያ ላይ 5% (አምስት በመቶ)፣

ለ) ከትርፍ ድርሻ ወይም ከወለድ፣ ጠቅላላ ገቢላይ 10% (አሥር በመቶ)፣

ሐ) ካብ ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ቴክኒክ ካብ ጠቕላላ ኣታዊ 15% ( ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ፣

3/ ካብ ብፅሒት ትርፊ ፣ ወለድ ፣ ሮያሊቲ ፣ ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ ፣ ክፍሊት ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ዕርቡን መድሕን ዝተረኸበ ኣታዊ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብ ክልል ካብ ዘሳልጦ ስራሕ ንግዲ እንተኾይኑ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣይኸውንን። እዚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እዞም ኣታውታት ከምኩነታቱ ብመሰረት ሰደቓ "ሐ" ወይ "መ" ግብሪ ይኽፈለሉ ።

**ዓንቀፅ** 50. <u>**ክትካእ ኣብ ዝተሓተተ ክፍሊት ግልጋሎት ቴክኒክን ሮያሊቲን ዝኽፈል ግብሪ**</u>

1/ እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ዝኸውን ዝስዕቡ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ ይኸውን።

ሀ)ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቐዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ዘይኮነስ ብናይባዕሉ ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ክራይ መሳርሒ(ሊዝ) ግልጋሎት ዝሃበ እንተኾይኑ፣

ለ) ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ግልጋሎት ኪራይ መሳርሒ(ሊዝ) ዝተውሃቦ ("ተቐባሊ ግልጋሎት" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ሰብ፣

1. ካብዚ ክልል ወፃኢ ብዘሎ ብቐዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ዘሳልጦ ስራሕ ንግዲ እንተይሓወሰ ፣ ኣብቲ ክልል ነባሪ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነን ብቐዋምነት ብዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ስራሕ ንግዲ ዘሳልጥ እንተኾይኑ፣

ሐ) ከስራ አመራር ክፍያ ወይም ከቴክኒክ አገልግሎት ክፍያ ከጠቅላላ ገቢው ላይ15% (አሥራ አምስት በመቶ)

3/ የትርፍ ድርሻ፣ የወለድ፣ የሮያሊቲ፣ የስራ አመራር ክፍያ፣ የቴክኒክ አገልግሎት ክፍያ ወይም የመድን አረቦን ገቢ የተገኘው በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በቋሚነት በሚሰራ ድርጅት አማካኝነት ክልሉ ውስጥ ከሚያከናውነው የንግድ ሥራ የሆነ እንደሆነ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 ተፈፃሚ አይሆንም። ይህ በሚሆንበት ጊዜ እነዚህ ገቢዎች እንደሁኔታው በሰንጠረዥ "ሐ" ወይም "መ" መሠረት ግብር ይከፈልባቸዋል።

**አንቀጽ** 50.<u>**እንዲተካ በተጠየቀ የቴክኒክ አገልግሎት ክፍያ እና ሮያሊቲ ላይ ስለሚከፈል ግብር**</u>

1/ይህ አንቀጽ ተፈፃሚ የሚሆነው የሚከተሉት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ ይሆናል።

ሀ) በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በቋሚነት በሚሠራ ድርጅት አማካኝነት ሳይሆን በራሱ የቴክኒክ አገልግሎት ወይም የመሣሪያ ኪራይ(ሊዝ) አገልግሎት የሰጠ እንደሆነ፣

ለ)የቴክኒክ አገልግሎት ወይም የመሣሪያ ኪራይ (ሊዝ) አገልግሎት የተሰጠው ("አገልግሎት ተቀባይ" ተብሎ የሚጠቀሰው) ሰው፣

1. ከክልሉ ውጪ ባለ በቋሚነት በሚሠራ ድርጅት አማካኝነት የሚያከናውነው የንግድ ስራ ሳይጨምር፣ በክልሉ ነዋሪ ከሆነ፣ወይ
2. በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ እና በቋሚነት በሚሠራ ድርጅት አማካኝነት የንግድ ሥራ የሚያከናውን ከሆነ፣

ሐ) ምስ ቀረብ ወይ ሊዝ ብዝተተሓሓዘ ኣብቲ ክልል ነባሪ ንዘይኮነ ሰብ ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ክፍሊት ሮያሊቲ ዝተኸፈሎ ምስ ተቐባሊ ግልጋሎት ርክብ ብዘለዎ ኣብዚ ክልል ነባሪ ብዘይኮነ ሰብ እንተኾይኑ፣

መ) ርክብ ዘለዎ ሰብ ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ክፍሊት ሮያሊቲ ካብቲ ግልጋሎት ተቐባሊ ዝሓተተ እንተኾይኑ፣

2/ እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ርክብ ዘለዎ ሰብ ንተቐባሊ ግልጋሎት ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ግልጋሎት ሊዝ መሳርሒ ከምዝሃበ ተቖፂሩ ከምኡ እውን ንኽትክእ ዝተሓተቶ ገንዘብ ንግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ንሊዝ እቲ መሳርሒ ዝተኸፈለ ክፍሊት ከምዝኾነ ተቖፂሩ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ንክኾኑ ይግበር።

## ዓንቀፅ 51. ኣብዚ ክልል ነበርቲ ካብ ዘይኮኑ ዋሃብቲ ግልጋሎት መዘናግዒ ዝኽፈል ግብሪ

1/ ኣብዚ ክልል ዝካየድ ተግባር ግልጋሎት መዘናግዒ ተሳታፊ ዝኾውን ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ግልጋሎት መዘናግዒ ዝህብ ሰብ ወይ ጉጅለ ካብ ግልጋሎት መዘናግዒ ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ 10% (ዓሰርተ ሚኢታዊ) ግብሪ ይኸፍል።

2/ ብኣባልነት ጉጅለ ዝርከብ ኣታዊ ሓዊሱ ካብ ግልጋሎት መዘናግዒ ዝርከብ ኣታዊ ተጠቃሚ እቲ መዘናግዒ ከይኮነስ ካልእ ሰብ እንተኾይኑ እዚ ሰብ ኣብ ዝረኸቦ ጠቕላላ ኣታዊ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ይኸውን።

3/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ፡-

ሀ) "ወሃቢ ግልጋሎት መዘናግዒ" ስፖርተኛን ሙዚቀኛን ይሓውስ፣

ሐ) ከአቅርቦቱ ወይም ከሊዙ ጋር በተያያዘ በክልሉ ነዋሪ ላልሆነው ሰው የቴክኒክ አገልግሎት ወይም የሮያሊቲ ክፍያ የተከፈለው ከአገልግሎት ተቀባዩ ጋር ግንኙት ባለው በክልሉ ነዋሪ ባልሆነ ሰው የሆነ እንደሆነ፣

መ) ግንኙነት ያለው ሰው የቴክኒክ አገልግሎት ወይም የሮያሊቲ ክፍያውን ከአገልግሎቱ ተቀባዩ የጠየቀ እንደሆነ፣

2/ ይህ አንቀጽ ተፈፃሚ በሚሆንበት ጊዜ ግንኙነት ያለው ሰው ለአገልግሎቱ ተቀባይ የቴክኒክ አገልግሎቱን ወይም የመሣሪያውን ሊዝ አገልግሎት እንደሰጠ ተቆጥሮ እንዲሁም እንዲተካ የተጠየቀው ገንዘብ ለቴክኒክ አገልግሎቱ ወይም ለመሣሪያው ሊዝ የተከፈለ ክፍያ እንደሆነ ተቆጥሮ የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች ተፈፃሚ እንዲሆኑ ይደረጋል።

## አንቀጽ 51.በክልሉ ነዋሪ ያልሆኑ የመዝናኛ አገልግሎት ሰጪዎች ግብር

1/ በክልሉ በሚካሄድ የመዝናኛ አገልግሎት ተግባር ላይ ተሳታፊ የሚሆን በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ የመዝናኛ አገልግሎት የሚሰጥ ሰው ወይም ቡድን ከመዝናኛ አገልግሎት በሚያገኘው ጠቅላላ ገቢ ላይ 10% ( አሥር በመቶ) ግብር ይከፍላል።

2/ በቡድን አባልነት የሚገኝን ገቢ ጨምሮ ከመዝናኛ አገልግሎት የሚገኘው ገቢ ተጠቃሚ አዝናኙ ሳይሆን ሌላ ሰው የሆነ እንደሆነ ይህ ሰው በሚያገኘው ጠቅላላ ገቢ ላይ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ድንጋጌ ተፈፃሚ ይሆናል።

3/ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፡-

ሀ)"የመዝናኛ አገልግሎት ሰጪ" ስፖርተኛን እና ሙዚቀኛን ይጨምራል፣

ለ) "ጉጅለ" ክለብ ስፖርት(ጋንታ) ይሓውስ፣

ሐ) "ግልጋሎት መዘናግዒ" ውድድር ስፖርት ይሓውስ።

**ዓንቀፅ** 52. <u>ሮያሊቲ</u>

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ሮያሊቲ ረኺቡ እንተኾይኑ ኣብ ጠቕላላ ክፍሊት ሮያሊቲ 5% (ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ግቡእ ምኽፋል ኣለዎ።

2/ነባሪ እዚ ክልል ዘይኮነ ሰብ ኣብዚ ክልል ብዘለዎ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብዚ ክልል ኣታዊ ሮያሊቲ እንትረክብ ኣብ ጠቕላላ ክፍሊት ሮያሊቲ 5% (ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ግቡእ ምኽፋል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 53. <u>ብፅሒት ትርፊ</u>

1/ ነባሪ እዚ ክልል ዝኾነን ብፅሒት ትርፊ ዝረኸበ ሰብ ኣብ ጠቕላላ ኣታዊ ብፅሒት ትርፊ 10 % (ዓሰርተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ብፅሒት ትርፊ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

2/ ነባሪ እዚ ክልል ዘይኮነ ሰብ ኣብዚ ክልል ብዘለዎ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ኣቢሉ ኣብዚ ክልል ኣታዊ ብፅሒት ትርፊ እንትረክብ ኣብ ጠቕላላ ትርፊ ኣታዊኡ 10% (ዓሰርተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 54. <u>ወለድ</u>

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነን ካብ ትካላት ፋይናንስ ወፃኢ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ወለድ ዝረክብ እንተኾይኑ ካብ ጠቕላላ ወለድ ኣታዊኡ 10 % ( ዓሰርተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

2/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ኣብቲ ክልል ብዘለዎ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል

ለ) "ቡድን" የስፖርት ክለብን (ቡድንን) ይጨምራል፣

ሐ) "የመዝናኛ አገልግሎት" የስፖርት ውድድርን ይጨምራል።

**አንቀጽ** 52. <u>ሮያሊቲ</u>

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው ሮያሊቲ ያገኘ እንደሆነ በጠቅላላ የሮያሊቲ ክፍያ ላይ 5% (አምስት በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

2/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው ክልሉ ውስጥ በቋሚነት የሚሰራ ድርጅት አማካኝነት በክልሉ ውስጥ የሮያሊቲ ገቢ ሲያገኝ በጠቅላላ የሮያልቲ ክፍያ ላይ 5% (አምስት በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ** 53. <u>የትርፍ ድርሻ</u>

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነና የትርፍ ድርሻ ያገኘ ሰው በጠቅላላው የትርፍ ድርሻ ገቢ ላይ 10% (አስር በመቶ) የትርፍ ድርሻ የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

2/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው ክልሉ ውስጥ ባለው በቋሚነት በሚሠራ ድርጅት አማካኝነት በክልሉ ውስጥ ትርፍ ድርሻ ገቢ ሲያገኝ በጠቅላላ የትርፍ ገቢው ላይ 10% (አስር በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት፡

**አንቀጽ** 54. <u>ወለድ</u>

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነና ከፋይናንስ ተቋማት ውጭ በሌላ በማንኛውም ሁኔታ ወለድ የሚያገኝ ከሆነ በጠቅላላው የወለድ ገቢ ላይ 10% (አስር በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

2/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው ክልሉ ውስጥ ባለው በቋሚነት በሚሰራ ድርጅት አማካኝነት

ኣቢሉ ኣብቲ ክልል ካብ ትካላት ፋይናንስ ወፃኢ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ወለድ ዝረክብ እንተኾይኑ ካብ ጠቕላላ ወለድ ኣታዊኡ 10% (ዓሰርተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 55. <u>**ሃፍቲ ሓሓሊፉ ብምክራይ ዝርከብ ኣታዊ**</u>

1.ኣብዚ ክልል ሃፍቲ (ዝኾነ መሬት ፣ ገዛ ፣ ወይ ዝንቀሳቐስ ሃፍቲ) ሓሓሊፉ ብምክራይ ኣታዊ ዝረክብ ሰብ ካብ ጠቕላላ ኣታዊኡ 15% ( ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ኣታዊ ግብሪ ክራይ ክኸፍል ግቡእ ኣለዎ።

2.ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ብመሰረት ዓንቀፅ 49 ወይ 52 እዚ ኣዋጅ ሮያሊቲ ግብሪ ኣብ ዝኸፈሎ ኣታዊ ተፈፃሚ ኣይኸውንን።

**ዓንቀፅ** 56. <u>**ካፒታል ሃፍቲ ብምምሕልላፍ ዝርከብ ጥቕሚ**</u>

1.ሓደ ሰብ ግብሪ ዝኸፈሎ ሃፍቲ ተባሂሉ ዝጥቀስ ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ፣ ኣክስዮን ወይ ቦንድ ብምትሕልላፍ ጥቕሚ እንትረክብ ኣብ ዝተረኸበ ጥቕሚ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ ምጣነ ኣታዊ ግብሪ ክኸፍል ግቡእ ኣለዎ።

2.ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ንዝኸፈል ግብሪ ተፈፃሚ ዝኸውን ምጣነ ፣

ሀ. ንምድብ "ሀ" ግብሪ ዝኸፈሎም ሃፍትታት 15% (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ)፣

ለ.ንምድብ ግብሪ "ለ" ዝኸፈሎም ሃፍትታት 30% (ሰላሳ ሚኢታዊ) ይኸውን።

3. ግብሪ ዝኸፈሎ ሃፍቲ ብምትሕልላፍ ዝርከብ ጥቕሚ እቲ ሃፍቲ ብምትሕልላፍ ዝተረኸበ ዋጋ እቲ ሃፍቲ

በክልሉ ውስጥ ከፋይናንስ ተቋማት ውጪ በሌላ በማንኛውም ሁኔታ ወለዱን የሚያገኝ ከሆነ በጠቅላላው የወለድ ገቢ ላይ 10% (አስር በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ** 55. <u>**ሀብትን አልፎ አልፎ በማከራየት የሚገኝ ገቢ**</u>

1.በክልሉስ ውስጥ አልፎ አልፎ ሀብት (ማንኛውንም መሬት፣ ቤት፣ ወይም የሚንቀሳቀስ ሀብት) በማከራየት ገቢ የሚያገኝ ሰው ከጠቅላላው የኪራይ ገቢ ላይ 15% (አስራ አምስት በመቶ) የኪራይ ገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

2.የዚህ አንቀጽ ድንጋጌ በዚህ አዋጅ በአንቀጽ 49 ወይም 52 መሠረት የሮያሊቲ ግብር በሚከፈልበት ገቢ ላይ ተፈጻሚ አይሆንም።

**አንቀጽ**56. <u>**የካፒታል ሀብቶችን በማስተላለፍ የሚገኝ ጥቅም**</u>

1.አንድ ሰው "ግብር የሚከፈልበት ሀብት" ተብሎ የሚጠቀስን የማይንቀሳቀስ ሀብት፣ አክሲዮን ወይም ቦንድ በማስተላለፍ ጥቅም ያገኘ እንደሆነ በተገኘው ጥቅም ላይ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) በተመለከተው መጣኔ መሠረትየገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

2.በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት በሚከፈለው ግብር ላይ ተፈጻሚ የሚሆነው መጣኔ፡-

ሀ) ለምድብ ሀ ግብር የሚከፈልባቸው ሀብቶች 15% (አሥራ አምስት በመቶ)

ለ) ለምድብ ለ ግብር የሚከፈልባቸው ሀብቶች 30% (ሠላሳ በመቶ) ይሆናል።

3/ ግብር የሚከፈልበትን ሀብት በማስተላለፍ የሚገኘው ጥቅም ሀብቱን በማስተላለፍ የተገኘው ዋጋ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ ከነበረው ዋጋ በልጦ

ኣብ ዝተመሓላለፈሉ እዋን ካብ ዝነበሮ ዋጋ በሊፁ ዝተረኸበ መጠን ገንዘብ እዩ።

4. ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ዝተዘርዘረ ሕልው ኮይኑ ፣ ሓደ ሰብ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ሓደ ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ እንተመሓላልፍ ክሳራ እንተበፂሕዎ ክሳርኡ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ኣብ ተመሳሳሊ ምድብ ዘሎ ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ እንትመሓላለፍ ካብ ዝርከብ ኣታዊ ንኽከሓሓስ ይግበር፡-

ሀ) እቲ ክሳራ ዝውዕል ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተረኸበ ኣታዊ ንምክሕሓስ እዩ።

ለ) ዘይተከሓሓሰ ክሳራ ተኸሓሒሱ ክሳብ ዝውዳእ ተመሳሳሊ ምድብ ዝኾነ ሃፍቲ እንትማሓላለፍ ንምክሕሓስ ንኽውዕል ንዘይተወሰነ ግዘ ይሰጋገር፣

ሐ) ሓደ ሰብ ርክብ ንዘለዎ ሰብ ሃፍቲ ዘመሓላለፈ እንተኾይኑ ዝበፅሕ ክሳራ ኣፍልጦ ኣይወሃቦን።

መ) ሓደ ሰብ ንዝበፅሖ ክሳራ ንባዓል መዚ ብዘእምን መንገዲ ከረድእ እንተኸኢሉ እዩ።

5. ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ እንትመሓላለፍ ዝበፅሕ ክሳራ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝተመሓላለፈሉ ግዘ ነቲ ሃፍቲ ዝወፀ ወፃኢ እቲ ሃፍቲ ካብ ዝተመሓላለፈሉ ዋጋ ኣብ ዝበልፅ መጠን እዩ።

6. ዝተመሓላለፈ ግብሪ ዝኽፈሎ ሃፍቲ ፣ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዓንቀፅ 35 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይኸውን።

7. ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ፡-

የተገኘው የገንዘብ መጠን ነው።

4/ በዚህ ንዑስ አንቀጽ የተዘረዘሩት እንደተጠበቁ ሆኖ፣ አንድ ሰው በግብር ዓመቱ ውስጥ አንድን ግብር የሚከፈልበት ሀብት ሲያስተላለፍ ኪሳራ የደረሰበት እንደሆነ ኪሣራው በዚያው የግብር ዓመት በተመሳሳይ ምድብ ያለ ግብር የሚከፈልበት ሀብት ሲተላለፍ ከሚገኘው ገቢ ጋር እንዲቻቻል ይደረጋል፡-

ሀ) ኪሳራው የሚውለው በዚህ አንቀጽ መሠረት የተገኘን ገቢ ለማቻቻል ነው፣

ለ) ያልተቻቻለው ኪሳራ ተቻችሎ እስከሚያልቅ ድረስ በተመሳሳይ ምድብ ውስጥ ያለ ሀብት በሚተላለፍበት ጊዜ ለማካካስ እንዲውል ላልተወሰነ ጊዜ ይሸጋገራል፣

ሐ) አንድ ሰው ግንኙነት ላለው ሰው ሀብት ያስተላለፈ እንደሆነ የደረሰው ኪሳራ ዕውቅና አይሰጠውም፣

መ) አንድ ሰው የደረሰበትን ኪሳራ ባለስልጣኑን በሚያሳምን መንገድ ማስረዳት የቻለ እንደሆነ ነው።

5/ ግብር የሚከፈልበትን ሀብት በማስተላለፍ የደረሰው ኪሳራ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ ለሀብቱ የወጣው ወጪ ሀብቱ ከተላለፈበት ዋጋ የሚበልጠው የገንዘብ መጠን ነው።

6/ የተላለፈው ግብር የሚከፈልበት ሀብት የንግድ ስራ ሀብት በሚሆንበት ጊዜ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 35 ተፈጻሚ ይሆናል።

7/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም

ሀ) "ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ" ማለት ቅድሚ ምምሕልላፉ ንክልተ ዓመታት ሙሉእ ብሙሉእ ንመንበሪ ዘገልገለ ህንፃ ኣይሓውስን።

ለ) "ምድብ "ሀ" ግብሪ ዝኸፈሎ ሃፍቲ" ማለት ዘይንቀሳቐስ ሃፍቲ ማለት እዩ።

ሐ) "ምድብ "ለ" ግብሪ ዝኸፈሎ ሃፍቲ" ማለት ኣክስዮን ወይ ቦንድ ማለት እዩ።

**ዓንቀፅ** 57. <u>ብኣጋጣሚ ኩነታት ዝርከብ ትርፊ</u>

1/ እቲ በዓል መዚ ብዘውፀኦ መምርሒ ኣብ ዝተጠቐሱ ስራሕቲ ንግዲ ዝርከብ ብኣጋጣሚ ኹነታት ዝተረኸበ ትርፊ ኣብቲ መምርሒ ብዝተጠቐሰ ክፍሊት መጠን ግብሪ ዝኸፈሎ ይኸውን።

2/ እቲ በዓል መዚ ብዘውፀኦ መምርሒ፤

ሀ) ብኹነታት ኣጋጣሚ ዝተረኸበ ትርፊ እዩ ክበሃል ዝከኣል መጠን ኣታዊ፣

ለ) ብኣጋጣሚ ኹነታት ኣብ ዝተረኸበ ትርፊ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝውሰን ግብሪ ክኸፍሉ ዝግበኦም ዓይነት ስራሕቲ ንግዲ፣

ሐ) ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝኸፈል ግብሪ ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉ ዕለት፣

መ) ሜላ ኣወሳስና ግብርን ንኣወሳስና ግብርን መሰረት ዝኾኑ ረቛሒታትን ፤ ንኽውስን ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ።

3/ እቲ በዓል መዚ ባህርያት ንግዲ ስራሕቲ ኣብ ግምት ብምእታው ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንግዲ ብኣጋጣሚ ኹነታት ዝተረኸበ ክበሃል ዝከኣል መጠን ትርፊ ዝተፈላለየ ክኸውን ከምኡ እውን ዝተፈላለየ ግብሪ ቀመር መኽፈሊ ክውስን ይኽእል።

4/ ኣብዚ ዓንቀፅ " ብኣጋጣሚ ኩነታት ዝተረኸበ ትርፊ" ማለት ዝኾነ ብዘይ ድኻም ዝርከብ፣ትፅቢት ዘይተገበረሉ ወይ ካልእ ተደጋጊሙ ዘይርከብ ትርፊ እዩ።

ሀ) "የማይንቀሳቀስ ሀብት" ሕንፃው ከመተላለፉ በፊት ለሁለት ዓመታት ሙሉ በሙሉ ለመኖሪያነት ያገለገለ ሕንፃን አይጨምርም።

ለ) "ምድብ "ሀ" ግብር የሚከፈልበት ሀብት ማለት የማይንቀሳቀስ ሀብት ማለት ነው።

ሐ) "ምድብ "ለ" ግብር የሚከፈልበት ሀብት" ማለት አክሲዮኖችና ቦንዶች ማለት ነው።

**አንቀጽ** 57.<u>ንፋስ አመጣሽ ትርፍ</u>

1/ ባለ ስልጣንኑ በሚያወጣው መመሪያ ከተመለከቱ የንግድ ሥራዎች የሚገኝ ንፋስ አመጣሽ ትርፍ በመመሪያው በተመለከተው የማስከፈያ ልክ ግብር ይከፈልበታል።

2/ ባለስልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ፡-

ሀ) ንፋስ አመጣሽ ትርፍ ነው ሊባል የሚችለው የገቢ መጠን፣

ለ) በንፋስ አመጣሽ ትርፍ ላይ የተጣለውን ግብር ሊከፍሉ የሚገባቸውን የንግድ ሥራዎች ዓይነት፣

ሐ) በዚህ አንቀጽ መሠረት የሚከፈለው ግብር ሥራ ላይ የሚውልበትን ቀን፣

መ) የግብር አወሳሰኑን ዘዴ እና ለግብሩ አወሳሰን መሠረት የሚሆኑ ታሳቢዎችን፣ እንዲወስን ስልጣን ተሰጥቶታል።

3/ ባለስልጣኑ የንግድ ሥራ ባህሪያትን ከግምት ውስጥ በማስገባት ለተለያዩ የንግድ ሥራዎች ንፋስ አመጣሽ ትርፍ የሚባለው የገንዘብ መጠን እንዲለያይ ለማድረግ እንዲሁም የተለያየ የግብር ማስከፈያ ልክ ለመወሰን ይችላል።

4/ በዚህ አንቀጽ "ንፋስ አመጣሽ ትርፍ" ማለት ማንኛውም ያለ ልፋት የሚገኝ፣ ያልተጠበቀ ወይም ሌላ ተደጋግሞ የማይገኝ ትርፍ ነው።

**ዓንቀፅ 58.** **ዘይተኸፋፈለ ትርፊ**

ብመሰረት በዓል መዚ ዘውፅኦ መምርሒ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ግብሪ እንትከፋፈል ንኣባላት ዘይተኸፋፈለን ኢንቨስት ዘይተገበረን ዝተፃረየ ትርፊ እቲ ትካል 10% (ዓሰርተ ሚኢታዊ) ግብሪ ይኸፈሎ።

**ዓንቀፅ 59.** **ካልኦት ኣታዊታት**

ብመሰረት ሰደቓ ሀ ፣ ለ ፣ ሐ ን ካልኦት ድንጋገታት እዚ ሰደቓን ኣታዊ ግብሪ ዘይኸፈሎ ዝኾነ ካልእ ኣታዊ ዝረኸበ ሰብ ካብ ጠቕላላ ኣታዊኡ 15% (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ግቡእ ምኽፋል ኣታዊ ግብሪ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 60.** **ምስ ሰደቓ "መ" ዝተሓሐዙ ሓፈሻዊ ድንጋገታት**

1.ብመሰረት ሰደቓ "መ" ዝትከል ግብሪ ፣

ሀ) ኣብ ትሕቲ ካልኦት ሰደቓታት ግብሪ ንዝኸፈሎ ኣታዊ፣ ወይ

ለ) ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ኣብ ዝኾኑ ኣታዊታት ተፈፃምነት የብሉን።

1. ብመሰረት እዚ ሰደቓ ዝትከል ግብሪ ኣብቲ ኣታዊ ናይ መወዳእታ ግብሪ ይኸውን።
2. ኣብቲ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ዝረኸቦ ሮያሊቲ ፣ ብፅሒት ትርፊ ፣ ወለድ ወይ ብዓንቀፅ 59 ዝተደንገገ ግብሪ ዝኸፈሎ ሃፍቲ ብምምሕልላፍ ዝረኸቦ ኣታዊ ካብ ወፃኢ ሃገር ዝተረኸበ እንተኸውን እዚ ሰብ በዚ ሰደቓ ካብ ዝኸፍሎ ኣታዊ ኣብ ወፃኢ ሃገር ካብዚ ኣታዊ ኣብዚ ሰደቓ ካብ ዝኸፍሎ ኣታዊ ኣብ ወፃኢ ሃገር ነዚ ኣታዊ ዝኸፈሎ ግብሪ ካብ ባዶ ንታሕቲ እንተይወረደ ተቐናሲ ንክግበር ይፍቀደሉ።

**አንቀጽ 58.** **ያልተከፋፈለ ትርፍ**

ባለስልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ መሠረት በአንድ የግብር ዓመት ግብር ከተከፈለ በኋላ ለአባላቱ ያልተከፋፈለ እና መልሶ ኢንቨስት ያልተደረገ የተጣራ የድርጅቱ ትርፍ 10% (አሥር በመቶ) ግብር ይከፈልበታል።

**አንቀጽ 59.** **ሌሎች ገቢዎች**

በሠንጠረዥ ሀ፣ ለ፣ ሐ እና በዚህ ሠንጠረዥ ሌሎች አንቀጾች መሠረት የገቢ ግብር የማይከፈልበት ማንኛውንም ገቢ ያገኘ ሰው በጠቅላላ ገቢው ላይ 15% (አሥራ አምስት በመቶ) የገቢ ግብር የመክፈል ግዴታ ይኖርበታል።

**አንቀጽ 60.** **ከሠንጠረዥ "መ" ጋር የተያያዙ ጠቅላላ ድንጋጌዎች**

1.በሠንጠረዥ "መ" መሠረት የሚጣል ግብር፣

ሀ) በሌሎች ሠንጠረዦች ሥር ግብር ለሚከፈልበት ገቢ፣ ወይም

ለ) ከገቢ ግብር ነፃ በሆኑ ገቢዎች ላይ ተፈጻሚ አይሆንም።

1.በዚህ ሠንጠረዥ መሠረት የሚጣለው ግብር በገቢው ላይ የመጨረሻ ግብር ይሆናል።

2/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው ያገኘው የሮያሊቲ፣ የትርፍ ድርሻ፣ የወለድ ወይም በአንቀጽ 59 የተመለከተውን ግብር የሚከፈልበትን ሀብት በማስተላለፍ ያገኘው ገቢ ከውጭ ሀገር የተገኘ እንደሆነ፣ ይህ ሰው በዚህ ሠንጠረዥ ከሚከፈለው ገቢ ላይ በውጭ ሀገር በዚሁ ገቢ ላይ የከፈለው ግብር ከዜሮ በታች ሳይወርድ ተቀናሽ እንዲደረግ ይፈቀድለታል።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ተቐናሲ ዘይተገበረ ግብሪ ምስግጋር ኣይከኣልን።

4. ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ብመሰረት ምዕራፍ ዓሰርተ እዚ ኣዋጅ ግብሪ ቀኒሱ እንተኣትሪፉ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 49፣ 50፣ 51፣ 52፣ 53 ወይ 54 ብዝተመልከተ መሰረት እቲ ከፋሊ ግብሪ ዘለዎ ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ከምዝተዋፅአ ይቑፀር።

**<u>ምዕራፍ ሽድሽተ</u>**

**<u>ሰደቓ "ረ"</u>**

**ዓንቀፅ 61. <u>ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ዝኾነ ኣታዊ</u>**

1.ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ እንትበሃል ዝስዕቡ ኣታዊታት ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ እዮም።

ሀ) በዓል መዚ ኣብዚ ፊደል ተራ ቁፅሪ 2 ፣ 3 ፣ 4 ን 6 ን ኣብ ዝተመልከቱ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝገብሮ ገደብ ሕልው ኮይኑ ንተቖፃሪ ዝኽፈሉ ዝስዕቡ ኣታዊታት ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ እዮም።

(1)ሰራሕተኛ እንትሓምም ኣስራሒ ዝኸፈለሉ ክፍሊት ግልጋሎት ሕክምና፣

(2)ብመሰረት ውዕሊ ስራሕ ንሰራሕተኛ ዝኽፈል ኣበል ትራንስፖርት፣

3.ብምኽንያት ኣፀጋምነት ስራሕ ቦታ ወይ ኩነታት ስራሕ ንሰራሕተኛ ዝኽፈሎ ኣበል፣

4. ሰራሕተኛ ካብ ስሩዕ ስርሑ ወፃኢ ስርሑ ንምፍፃም እንትንቀሳቐስ ዝኽፈሎ ወፃኢ መጓዓዓዝን ውዕሎ ዓስብን፣

5. ወፃኢ መጓዓዓዚ ብመሰረት ውዕሊ ቁፃር ዝተኸፈለ እንተኾይኑ ካብቲ ስራሕ ቦታ ወፃኢ ተመልሚሉ ዝተቖፀረ ሰራሕተኛ

3/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) መሠረት ተቀናሽ ያልተደረገን ግብር ለማሸጋገር አይቻልም።

4/ ግብርን ቀንሶ የመያዝ ኃላፊነት ያለበት ሰው በዚህ አዋጅ ምዕራፍ አስር መሠረት ግብሩን ቀንሶ ያስቀረ እንደሆነ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 49፣ 50፣ 51፣ 52፣ 53 ወይም 54 በተመለከተው መሠረት ግብር ከፋዩ ያለበትን ግብር የመክፈል ግዴታ እንደተወጣ ይቆጠራል።

**<u>ምዕራፍ ስድስት</u>**

**<u>ሠንጠረዥ "ረ"</u>**

**አንቀጽ 61. <u>ከገቢ ግብር ነፃ የሆነ ገቢ</u>**

1/ ለዚህ አዋጅ አፈጻፀም ሲባል የሚከተሉት ገቢዎች ከገቢ ግብር ነፃ ናቸው፡

ሀ)ባለስልጣኑ በዚህ ፊደል ተራ (2) ፣(3) ፣(4) እና (6) በተመለከቱት ላይ በሚያወጣው መመሪያ የሚያደርገው ገደብ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ለተቀጣሪው የሚከፈሉ የሚከተሉት ገቢዎች ከገቢ ግብር ነፃ ናቸው።

(1) ሠራተኛው ሲታመም አሠሪው ለሠራተኛው ህክምና አገልግሎት የከፈለለት ገንዘብ፣

(2) በሥራ ውል መሠረት ለሠራተኛው የሚከፈል የትራንስፖርት አበል፤

(3)በሥራ ቦታው ወይም በሥራ ሁኔታው አስቸጋሪነት ምክንያት ለሠራተኛው የሚከፈል አበል፣

(4) ሠራተኛው ከመደበኛ ሥራው ውጪ ሥራውን ለማከናወን ሲንቀሳቀስ የሚከፈለው የመጓጓዣ ወጪ እና የውሎ አበል፣

(5) የመጓጓዣ ወጪው በቅጥር ውሉ መሠረት የተከፈለ ከሆነ ከሥራ ቦታው ውጪ ተመልምሎ ለተቀጠረ ሠራተኛ ወደ ሥራው ሲመጣ ወይም

ናብ ስራሕ ንኸመፅእ ወይ ስርሑ ወዲኡ እንትምለስ ዝኸፈል ወፃኢ መጉዓዓዚ ፣ ከምኡ እውን ሰራሕተኛ ወፃኢ ሃገር ካብ ሃገሩ እንትመፅእን ናብ ሃገሩ እንትምለስን ዝኸፈል ወፃኢ መጓዓዓዚ ፣

6. ኳዕቲ መዓድን ፣ ማኑፋክቸሪንግን ስራሕቲ ሕርሻን ዝሰርሕ ቆፃሪ ንተቖፃሪ ብናፃ ዘቕርቦ ምግብን መስተን፣

ለ) ኣባል ቦርድ ወይ ፀሓፊ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ወይ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ብምዃን ወይ መንግስቲ ፌደራል ፣ ክልል ወይ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ዘጣይሾም ጉጅለ መፅናዕቲ ኣባል ብምዃን ዝኸፈል ኣበል፣

ሐ) ንሰራሕተኛ ጥቕሚ ተባሂሉ ካብ ወርሓዊ መሃያ ተቖፃሪ ካብ 15% (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ብዘይበለፀ መጠን ብብወርሑ በቲ ቖፃሪ ዝዋፃእ መዋጮ ጡረታ ወይ ፕሮቪደንት ፈንድ ፣

መ) ብኣዋጅ ጡረታ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣዋጅ ጡረታ ሰራሕተኛታት ውልቀ ትካልን ካብ ግብሪ ናፃ ዝተገበረ ኣታዊ ጡረታ ፣

ረ) መንግስቲ ፌደራል ወይ ክልል ምስ ስሩዕ ስርሑ ብዝተሓሓዝ ዝረኽቦ ኣታዊ፣

ሰ) ብመሰረት ዓለም ለኸ ስምምዕነት ካብ ግብሪ ናፃ ዝኾነ መጠን ኣታዊ፣

ሸ) ብመሰረት ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተገበረ ስምምዕ (ካብዚ ንዳሓር "ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ምዃን ዘኽእል ዓንቀፅ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ዝኾነ ኣታዊ ካብ ግብሪ ናፃ ዝኸውን ዝስዕቡ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ እዩ።

(1) ስምምዕነት ዝተገበረ ንመንግስቲ ገንዘብ ፣ ቴክኒካዊ ፣ ሰብኣዊ ወይ ምምሕዳራዊ ሓገዝ ንምቕራብ እንተኾይኑ፣

ሥራውን አጠናቆ ሲመለስ የሚከፈለው የመጓጓዣ ወጪ፣ እንዲሁም የውጭ ሀገር ሠራተኞች ከሀገራቸው ሲመጡና ወደ ሀገራቸው ሲመለሱ የሚከፈል የመጓጓዣ ወጪ፣

(6)የማዕድን ማውጣት፣ የማኑፋክቸሪንግ እና የግብርና ሥራ የሚሠራ ቀጣሪ ለተቀጣሪው በነፃ የሚያቀርበው ምግብና መጠጥ፣

ለ) የመንግሥት የልማት ድርጅቶች ወይም የመንግሥት መስሪያ ቤቶች የቦርድ አባል ወይም ፀሐፊ እንዲሁም የፌደራልና የክልል መንግሥት እንዲሁም የከተማ አስተዳደሮች በሚያቋቁሟቸው የጥናት ቡድኖች አባል ወይም ፀሐፊ በመሆን የሚከፈል አበል።

ሐ) ለሠራተኛው ጥቅም ተብሎ ከተቀጣሪው የወር ደመውዝ 15% (አሥራ አምስት በመቶ) ባልበለጠ መጠን በየወሩ በቀጣሪው የሚዋጣ የጡረታ መዋጮ ወይም የፕሮቪደንት ፈንድ።

መ) በመንግሥት ሠራተኞች የጡረታ አዋጅ እና በግል ድርጅት ሠራተኞች የጡረታ አዋጅ ከግብር ነፃ የተደረገ የጡረታ ገቢ፣

ረ) የፌደራል ወይ ክልሉ መንግስት ከመደበኛ ሥራው ጋር በተያያዘ የሚያገኘው ገቢ፤

ሰ) በዓለም ዐቀፍ ስምምነት መሠረት ከግብር ነጻ የሆነ የገቢ መጠን፣

ሸ) በኢትዮጵያ መንግሥት በተደረገ ስምምነት (ከዚህ በኋላ "ከግብር ነፃ ማድረግ የሚያስችል አንቀጽ" ተብሎ የሚጠቀስ) መሠረት ማናቸውም ገቢ ከግብር ነፃ የሚሆነው የሚከተሉት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ ነው።

(1)ስምምነቱ የተደረገው ለመንግሥት የገንዘብ፣ የቴክኒክ፣ሰብአዊ ወይም አስተዳደራዊ እርዳታ ለማቅረብ የሆነ እንደሆነ፣

(2) ካብ ግብሪ ናፃ ምኳን ዘኽእል ዓንቀፅ ዝምልከት ሚኒስቴር ገንዘብን ትሕሕብር ቁጠባን ምስምዕምዑ ብፅሑፍ እንትገልፅ፣

ቀ) ብዝኾነ ዓውደ ስራሕ ንዝለዓለ ክንውን ስራሕ ወይ ብመሰረት ዓንቀፅ 134 ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ዝወሃብ ሽልማት፣

በ) ኣብ ልዕሊ ተቐባሊ ንዝበፅሐ ጉድኣት ወይ ብሞት ካልእ ሰብ ምኽንያት ዝኽፈል ካሕሳ፣

ተ) ድንጋገ ዓንቀፅ 56 እዚ ኣዋጅ ሕልው ኮይኑ ውህብቶ ናይ ቁፃር ፣ ክራይ ወይ ናይ ንግዲ ኣታዊ እንተዘይኮይኑ ብውህብቶ ወይ ብውርሲ ዝርከብ ጥረ ገንዘብ ወይ ንብረት፣

ቸ) ኣብ ትካል ትምህርቲ ብናፃ ንምምሃር ዝወሃብ ክፍሊት፣

ነ) ንቀለብ ወይ ንምድጋፍ ህፃውንቲ ዝወሃቡ ክፍሊታት፣

ኘ) ምስ ዝተጣየሸሉ ዕላማ ዘይራኽብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ እንተይሓወሰ ንትርፊ ዘይተጣየሸ ትካል ዝረኽቦ ኣታዊ፣

አ) ገንዘብ እንትቑፀር ንዝበፅሕ ጉድለት ንምክሕሓስ ዝኸውን መጠን ገንዝብ ጥራሕ ቆፃሪ ንተቖፃሪ ዝኸፍሎ ነዚ ዕላማ ምውዓሉ ዝተረጋገፀ መከሓሓሲ ክፍሊት፣

ከ) ኣብዚ ክልል ብዝፀንዐ ሕጊ መሰረት ብፍሉይ ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ዝተገበረ ኣታዊ፣

ኸ) ንሰራሕተኛ መንበሪ ገዛ ዝኽፈል መሃያ፣

1.ብመሰረት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ዘውፅኦ ደንቢ ቁጠባ ፣ ምምሕዳራዊ ፣ ወይ ማሕበራዊ ምኽንያታት ሓደ ኣታዊ ካብ ግብሪ ናፃ ክገብሮ ይኽእል።

(2) ከግብር ነፃ ማድረግ የሚያስችለውን አንቀጽ በሚመለከት የገንዘብና ኢኮኖሚ ትብብር ሚኒስቴሩ መስማማቱን በጽሑፍ ሲገልጽ፣

ቀ) በማንኛውም መስክ ለላቀ የሥራ ክንውን ወይም በግብሪ አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 134 መሠረት የሚሰጥ ሽልማት፣

በ) በተቀባዩ ላይ በደረሰ ጉዳት ወይም በሌላ ሰው ሞት ምክንያት የሚከፈል ካሳ፣

ተ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 56 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ስጦታው የመቀጠር፣የኪራይ ወይም የንግድ ስራ ገቢ ካልሆነ በስተቀር በስጦታ ወይም በውርስ የሚገኝ ጥሬ ገንዘብ ወይም ሀብት፣

ቸ) በትምህርት ተቋም ውስጥ ትምህርትን በነጻ ለመከታተል የሚፈጸም ክፍያ፣

ነ)ለቀለብ ወይም ለህጻናት ድጋፍ የሚሰጡ ክፍያዎች፣

ኘ) ድርጅቱ ከተቋቋመበት ዓላማ ጋር የማይገናኝ የንግድ ስራ ገቢን ሳይጨምር ለትርፍ ያልተቋቋመ ድርጅት የሚያገኘው ገቢ፣

አ) ገንዘብ በሚቆጠርበት ጊዜ ለሚደርሰው ጉድለት ማካካሻ በሚሆን መጠን ብቻ ቀጣሪው ለተቀጣሪው የሚከፍለው እና ለዚሁ ዓላማ መዋሉ የተረጋገጠ የጥሬ ገንዘብ ማካካሻ ክፍያ፣

ከ) በክልሉ ጸንቶ በሚሰራበት ሕግ መሠረት በተለይ ከገቢ ግብር ነጻ የተደረገ ገቢ፣

ኸ) ለመኖሪያ ቤት ሠራተኞች የሚከፈል ደሞዝ።

1/ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ለኢኮኖሚ፣ ለአስተዳደራዊ ወይም ለማህበራዊ ምክንያቶች አንድን ገቢ ከገቢ ግብር ነጻ ሊያደርግ ይችላል።

## ምዕራፍ ሸውዓተ
## ናይሓባር ድንጋገታት
## ክፍሊ ሓደ
## ሃፍቲ

**ዓንቀፅ 62. ሃፍቲ ምርካብ**

ሓደ ሰብ ሃፍቲ ረኺቡ ዝበሃል ሕጋዊ ሽም በዓል ዋንነት ካብ ዝተሓላለፈሉ ግዘ ጀሚሩ እንትኸውን እቲ ሃፍቲ መሰል ወይ ኣማራፂ እንትኸውን እዚ መሰል ወይ ኣማራፂ ዝተውሃበሉ ግዘ ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 63. ሃፍቲ ምትሕልላፍ**

1/ ሓደ ሰብ ሃፍቲ ኣመሓላሊፉ ዝበሃል ሃፍቲ እንትሸይጥ፣ እንትልውጥ ፣ ወይ ብካልእ ኣግባብ ኣብቲ ሃፍቲ ዝነበሮ ሽም መሰል ዋንነት እንተመሓላልፍ እንትኸውን ፣ ሃፍቲ ንኽሰረዝ ናብ ሕሉፍ በዓል ዋንኡ ንኽምለስ ፣ ንኽጠፍእ ፣ ንኽዓኑ ፣ ግዜ ንኽሓልፎ ወይ ንካልእ ተመሓላሊፉ ንኽወሃብ ምግባር ይሓውስ።

2/ ዝኾነ ሰብ ቅድሚኡ ዘይነበረ ሃፍቲ ናይ ካልእ ሰብ ንክኸውን እንተገይሩ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝተፈጠረሉ ግዘ ብሽሙ ዋንነት ዝነበረ ሃፍቲ ንካልእ ሰብ ከምዘመሓላለፈ ይቑፀር።

3/ ብውርሲ ወይ ብኑዛዘ ዝተመሓላለፈ ሃፍቲ ኣብ ዝመሓለለፈሉ ግዘ መዋቲ ሃፍቲ ከምዘመሓላለፈ ይቑፀር።

4/ ሃፍቲ ምምሕልላፍ ሓደ ክፋል ሃፍቲ ንግዲ ምምሕልላፍ እውን ይሓውስ።

5/ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ሃፍቲ ሓደ ሰብ ("በዓል ዋና" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ንመፃረዪ ፣ ኣብ ከይዲ ክሳራ ንዝተሰየመ በዓል ሓደራ ወይ ንተቐባሊ ምሃብ እቲ ሃፍቲ ከም ምምሕልላፍ

## ምዕራፍ ሰባት
## የወል ድንጋጌዎች
## ክፍል አንድ
## ሀብት

**አንቀጽ 62. ሀብት ስለማግኘት**

አንድ ሰው ሀብት አገኘ የሚባለው ሕጋዊ የሀብት ባለቤትነት ስም ከተላለፈለት ጊዜ አንስቶ ሲሆን ሀብቱ መብት ወይም ምርጫ በሚሆንበት ጊዜ ይህ መብት ወይም ምርጫ የተሰጠበትንም ጊዜ ይጨምራል።

**አንቀጽ 63. ሀብትን ስለማስተላለፍ**

1/ አንድ ሰው ሀብቱን አስተላለፈ የሚባለው ሀብቱን ሲሸጥ፣ ሲለውጥ ወይም በሌላ መንገድ በሀብቱ ላይ ያለውን የባለቤትነት ስም ሲያስተላልፍ ሲሆን፣ ሀብቱ እንዲሠረዝ፣ ለቀድሞ ባለቤቱ እንዲመለስ፣ እንዲጠፋ፣ እንዲወድም፣ ጊዜው እንዲያልፍ ወይም ለሌላ ተላልፎ እንዲሠጥ ማድረግን ይጨምራል።

2/ ማናቸውም ሰው ከዚህ ቀደም ያልነበረ ሀብት የሌላ ሰው ሀብት እንዲሆን ያደረገ እንደሆነ፣ ይህንን ያደረገው ሰው ሀብቱ በተፈጠረበት ጊዜ በባለቤትነቱ ስም የነበረን ሀብት ለሁለተኛው ሰው እንዳስተላለፈ ይቆጠራል።

3/ አንድ ሀብት በውርስ ወይም በኑዛዜ ከተላለፈ፣ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ ሟቹ ሀብቱን እንዳስተላለፈ ይቆጠራል።

4/ ሀብትን ማስተላለፍ የአንድን የንግድ ስራ ሀብት የተወሰነ ክፍል ማስተላለፍንም ይጨምራል።

5/ ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም የአንድን ሰው ሀብት("ባለቤቱ" ተብሎ የሚጠቀስ) ለአጣሪ፣ በኪሣራ ሂደት ለተሰየመ ባለአደራ፣ ወይም ለተቀባይ መስጠት ሀብቱን እንደ ማስተላለፍ

ዘይቑፀር ኮይኑ ምስዚ ሃፍቲ ዝተሓሓዝ ብመፃረዪ ፣ በዓል ሓደራ ወይ ብተቐባሊ ዝትግበር ተግባር በዓል ዋና ከምዝፈፀሞ ይቑፀር።

**ዓንቀፅ 64. <u>ንሃፍቲ ዝተገበረ ወፃኢ</u>**

1/ ድንጋገታት እዚ ዓንቀፅ ሕልዋት ኮይኖም ፣ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕ ንግዲ እንተይሓወሰ ወፃኢ ሓደ ሃፍቲ ድምር ዝስዕቡ ይኸውን፡-

ሀ) ሃፍቲ ኣብ ዝተረኸበሉ ግዘ ብዓይነት ዝርከብ ሃፍቲ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ ሓዊሱ በዓል ዋና ነቲ ሃፍቲ ዝኸፈሎ ዋጋ ኮይኑ ፣ እቲ ሃፍቲ ዝተሃነፀ ፣ ዝፈረየ ወይ ዝለምዐ እንትኸውን ንህንፀት ፣ ንምፍራይ ወይ ንምልማዕ ዝተገበረ ወፃኢ ይሓውስ።

ለ) ሃፍቲ ብምርካብ ብምምሕልላፍ ከይዲ ዝወፀ ዝኾነ ወፃኢ፣

ሐ) ሃፍቲ ንምትካል ፣ ንምቕያር ፣ ንምሕዳስ ፣ መሊስካ ንምህናፅ ወይ ንምምሕያሽ በዓል ሃፍቲ ዘውፅኦ ወፃኢ፣

2/ ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ፣ ሓደ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ወፃኢ ዝበሃል፣

ሀ) በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 26(7) ፊደል ተራ ሀ (1) ፣(2) ወይ (3) “ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ” ንዝብል ሓረግ ዝተውሃቦ ትርጉም ካብ ዝተገለፁ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሎም ሃፍትታት ስራሕ ንግዲ ብዝተሓሓዝ እዞም ሃፍትታት ንምርካብ ፣ ንምፍጣር ፣ ንምምሕያሽን ንምሕዳስን ከምኡ እውን እዚ ሃፍቲ ንምርካብ ወይ ንምትሕልላፍ ዝወፅእ ካልእ ጎናዊ ወፃኢ፣

ለ) በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 26(7) ፊደል ተራ (ሀ)

የማይቆጠር ሲሆን ከሀብቱ ጋር ተያይዞ በአጣሪው፣ በባለአደራው ወይም በተቀባዩ የሚከናወኑ ተግባራት ባለቤቱ እንዳከናወናቸው ይቆጠራሉ።

**አንቀጽ 64. <u>ለሀብት የሚደረግ ወጪ</u>**

1/ የዚህ አንቀጽ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ ግዙፋዊ ሀልዎት የሌላቸው የንግድ ሥራ ሀብቶችን ሳይጨምር የአንድ ሀብት ወጪ የሚከተሉት ድምር ይሆናል፡-

ሀ) ሀብቱ በተገኘበት ጊዜ በዓይነት የሚሰጥን ሀብት ትክክለኛ የገበያ ዋጋ ጨምሮ፣ባለሀብቱ ለሀብቱ የከፈለው ዋጋ ሲሆን ሀብቱ የተገነባ፣ የተመረተ፣ ወይም የለማ እንደሆነ ለግንባታ፣ ለማምረት ወይም ለማልማት የወጣውን ወጪ ይጨምራል።

ለ) ሀብቱን በማግኘት ወይም በማስተላለፍ ሂደት የወጣ ማንኛውም ወጪ፤

ሐ) ሀብቱ ለመትከል፣ ለመቀየር፣ ለማደስ፣ መልሶ ለመገንባት ወይም ለማሻሻል ባለሀብቱ ያወጣው ማንኛውም ወጪ፤

2/ የዚህ አንቀጽ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የአንድ ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ሥራ ሃብት ወጪ ነው የሚባለው፡-

ሀ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(7) ፊደል ተራ (ሀ) (1)፣(2) ወይም (3) "ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ስራ ሀብት" ለሚለው ሀረግ በተሰጠው ትርጉም ከተመለከቱት ግዙፋዊ ሀልዎት ከሌላቸው የንግድ ሥራ ሀብቶች ጋር በተያያዘ እነዚህን ሀብቶች ለማግኘት፣ ለመፍጠር፣ ለማሻሻል እና ለማደስ እንዲሁም እነዚህን ሀብቶች ለማግኘት ወይም ለማስተላለፍ የሚወጣ ሌላ ተጓዳኝወጪ፣

ለ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(7) ፊደል ተራ

(4) "ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ " ዝብል ሓረግ ኣብ ዝተውሃቦ ትርጉም ካብ ዝተገለፀ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ብዝተሓሓዝ ዝወፀ ወፃኢ እዩ።

3/ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 66(2) ብዝተደንገጉ ኩነታት መሰረት ብውህብቶ ዝርከብ ሃፍቲ ወፃኢ እቲ ሃፍቲ ብውህብቶ ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን ዝነበሮ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ እዩ።

4/ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ በዚ ኣዋጅ ተቐናሲ ንኽግበር ዝተፈቐደ ዝኾነ ወፃኢ ኣይሓውስን።

5/ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ በዓል ዋና እቲ ሃፍቲ ናይ ምርካብ መማረፂ ንኽህልዎ ምስ ምግባር ብዝተሓሓዝ ዝወፁ ወፃኢታት ይሓውስ።

6 ዋጋ ሓደ ሃፍቲ ኣብቲ ሃፍቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ምኽንያት ኣብ መዝገብ ሒሳብ በዓል ዋና እቲ ሃፍቲ ተመዝጊቡ ዝርከብ ተቐናሲ ሒሳብ ኣይሓውስን።

7/ ሓደ ሰብ ሓደ ሃፍቲ ብኽፋል እንትመሓላለፍ እዚ ሃፍቲ እንትትገዝእ ዝነበሮ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ሃፍቲ ኣብ መንጎ ዝተማሓላለፈሉን ኣብ ኢድ እቲ በዓል ዋና ዘሎን ብፅሒት ይከፋፈል።

8/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣብ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ከፋሊ ግብሪ ዝተኻተተ እንተዘይኮይኑ ዋጋ ሃፍቲ ሓደ ከፋሊ ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ ሃፍቲ እንትረክብ ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ ዝኾነ ድጎማ ተመላሲ ፣ ኮምሽን ወይ ካልእ ዝኾነ ድጋፍ ገንዘብ ኣይሓውስን።

9/ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ ንምውሳን ኣብ ግምት ክኣትዉ ዝግበኦም ካልኦት ዝርዝር ድንጋገታት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ

(ሀ) (4) "ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ሥራ ሀብት" ለሚለው ሀረግ በተሰጠው ትርጉም ውስጥ ከተመለከተው ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ሥራ ሀብት ጋር በተያያዘ የወጣ ወጪ ነው።

3/ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 66 (2) በተደነገጉት ሁኔታዎች መሠረት በስጦታ የሚገኝ ሀብት ወጪ ሀብቱ በስጦታ በተገኘበት ጊዜ የነበረው ትክክለኛ የገበያ ዋጋ ነው።

4/ የአንድ ሀብት ዋጋ በዚህ አዋጅ ተቀናሽ እንዲደረግ የተፈቀደውን ማንኛውንም ወጪ አይጨምርም።

5/ የአንድ ሀብት ዋጋ የሀብቱ ባለቤት ሀብቱን የማግኘት ምርጫ እንዲኖረው ከማድረግ ጋር በተያያዘ የወጡ ወጪዎችን ይጨምራል።

6/ የአንድ ሀብት ዋጋ በሀብቱ ላይ በደረሰ ጉዳት ምክንያት በሀብቱ ባለቤት የሂሳብ መዝገብ ላይ ተመዝግቦ የሚገኘውን ተቀናሽ ሂሳብ አያካትትም።

7/ አንድ ሰው ከአንድ ሀብት ውስጥ ከፊሉን ያስተላለፈ እንደሆነ፣ ይህ ሀብት ሲገዛ የነበረውን ትክክለኛ የገበያ ዋጋ ታሳቢ በማድረግ የሀብቱ ዋጋ በተላለፈው እና በባለሀብቱ እጅ ባለው ድርሻ መካከል ይከፋፈላል።

8/ በዚህ አዋጅ መሠረት በግብር ከፋዩ የንግድ ስራ ገቢ ውስጥ የተካተተ ካልሆነ በስተቀር፣ የአንድ ግብር ከፋይ ሀብት ዋጋ ግብር ከፋዩ ሀብቱን ሲያገኝ የተቀበለውን ወይም የሚቀበለውን ማንኛውንም ድጎማ፣ ተመላሽ፣ ኮሚሽን ወይም ሌላ ማንኛውንም የገንዘብ ድጋፍ አይጨምርም።

9/ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ የአንድን ሀብት ዋጋ ለመወሰን ከግምት ውስጥ ሊገቡ የሚገባቸው

ክውሰን ይኽእል።

**ዓንቀፅ 65. <u>ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ሃፍቲ ንግዲ</u>**

1/ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ እዩ ዝበሃል እቲ ሃፍቲ ንምርካብ ዝወፀ ወፃኢ ምስቲ ሃፍቲ ብዝተተሓሓዘ ብመሰረት ዓንቀፅ 26(1) እዚ ኣዋጅ ዝተፈቐደ ተቐናሲ ወይ ዓንቀፅ 26(3) እዚ ኣዋጅ ተግባራዊ እንተዘይግበር ነይሩ ዝፍቀድ ተቐናሲ ምስተቐነሰ ዝርከብ ውፅኢት እዩ።

2/ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ኣብ ዝስለሓሉ እዋን ዓንቀፅ 64(7) እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ዝግበር እንተኾይኑ፣ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ እቲ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ እዩ ዝበሃል ብመሰረት ዓንቀፅ 64(7) እዚ ኣዋጅ ብፅሒት እቲ ሃፍቲ እዩ ተባሂሉ ካብ ዝውሰድ ወፃኢ ብዓንቀፅ 26(1) እዚ ኣዋጅ ንከፋሊ ግብሪ ዝግበር ተቐናሲ ወፃኢ ወይ ድንጋገ ዓንቀፅ 26(4) እዚ ኣዋጅ ተግባራዊ እንተዘይግበር ነይሩ ተቐናሲ ክግበር ዝነበሮ ወፃኢ ምስተቐነሰ ዝተርፍ ሒሳብ እዩ።

**ዓንቀፅ 66. <u>ሃፍቲ ብምትሕልላፍ ዝርከብ ኣታዊ</u>**

1/ ሓደ ሰብ ሓደ ሃፍቲ እንተመሓላልፍ ካብዚ ሃፍቲ ዝተረኸበ ኣታዊ ኮይኑ ዝውሰድ እቲ ሃፍቲ እንተመሓላልፍ ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ ጠቕላላ መጠን ገንዘብ እንትኸውን ፣ ሃፍቲ ኣብ ዝተሓላለፈሉ እዋን ብዓይነት ዝተረኸበ ዝኾነ ጥቕሚ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ ይሓውስ፤

2/ ንትካል ገባሪ ሰናይ ኢትዮጵያ ወይ ክልል ወይ ማሕበር ኢትዮጵያ ወይ ክልል እንትይሓወሰ ሃፍቲ ብውህብቶ ዝተመሓላለፈ እንተኾይኑ ሃፍቲ ኣብ ዝተመሓላለፈሉ እዋን

ሌሎች ዝርዝር ድንጋጌዎችን ሊወስን ይችላል።

**አንቀጽ 65. <u>የንግድ ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ</u>**

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የአንድ የንግድ ስራ ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ነው የሚባለው ሀብቱን ለማግኘት ከወጣው ወጪ ላይ ከሀብቱ ጋር በተያያዘ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(1) መሠረት የተፈቀደው ተቀናሽ ወይም በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(3)ተግባራዊ ባይደረግ ኖሮ የሚፈቀደው ተቀናሽ ከተቀነሰ በኋላ የሚገኘው ውጤት ነው።

2/ የአንድ ግብር ከፋይ የንግድ ሥራ ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ በሚሰላበት ጊዜ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 64(7) ተፈፃሚ የሚደረግ ከሆነ፣ የንግድ ስራ ሀብቱ የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ነው የሚባለው በዚህ አዋጅ አንቀጽ 64(7) መሠረት ሀብቱ ድርሻ ነው ተብሎ ከሚወሰደው ወጪ ላይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(1) ለግብር ከፋዩ የሚደረገው የወጪ ተቀናሽ ወይም የዚህ አዋጅ አንቀጽ 26(4) ድንጋጌ ተግባራዊ ባይደረግ ኖሮ ተቀናሽ ይደረግ የነበረው ወጪ ከተቀነሰ በኋላ የሚቀረው ሂሣብ ነው።

**አንቀጽ 66. <u>ሀብትን በማስተላለፍ የሚገኝ ገቢ</u>**

1/ አንድ ሰው አንድን ሀብት ሲያስተላልፍ ከዚህ ሀብት የተገኘ ገቢ ሆኖ የሚወሰደው ሀብቱን ሲያስተላልፍ የተቀበለው ወይም የሚቀበለው ጠቅላላ የገንዘብ መጠን ሲሆን፣ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ በዓይነት የተገኘውን ማንኛውንም ጥቅም ትክክለኛ የገበያ ዋጋ ይጨምራል።

2/ ለኢትዮጵያ ወይ ለክልሉ የበጎ አድራጎት ወይም የኢትዮጵያ ወይም የክልሉ ማህበር ሳይጨምር ሀብት በስጦታ የተላለፈ እንደሆነ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ ያለው የሀብቱ ትክክለኛ

ዘሎ ትክክለኛ ዋጋ ዕዳጋ እቲ ሃፊቲ ካብቲ ሃፍቲ ዝተረኸበ ኣታዊ ከምዝኾነ ይወሰድ፤

3/ሓደ ሰብ ሃፍቱ ብምምሕልላፍ ዝረኸቦ ኣታዊ ፣ ምስ ምምሕልላፍ ሃፍቱ ብዝተተሓሐዘ ካብ ዝቐረበሉ መማረፂ ዝረኸቦ ጥቕሚ ይሓውስ። ኮይኑ ግና እዚ ጥቕሚ ከም ኣታዊ ኮይኑ ዝውሰድ ምስ ዝቐረበሉ መማረፂ ብዝተተሓሐዘ ኣብ ዝረኸቦ ጥቕሚ ግብሪ ዘይከፈለ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ፤

4/ ሓደ ሃፍቲ ዝጠፍአ ወይ ዝዓነወ እንተኾይኑ ፣ ዋጋ እዚ ሃፍቲ እዩ ዝበሃል በዓል ሃፍቲ ሃፍቱ ብምኽንያት ምጥፍኡ ወይ ብምዕናዉ ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ መጠን ካሕሳ እንትኸውን ዝስዕቡ ይሓውስ፡-

ሀ) ብመሰረት ፖሊሲ መድሕን ፣ ብምኽንያት ካሕሳ ወይ ብካልእ ስምምዕነት መጠን ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ መጠን ገንዘብ፣

ለ) ብምኽንያት ድርድር ዝቕበሎ መጠን ገንዘብ፣ ወይ

ሐ) ንውሳነ ቤት ፍርዲ ስዒቡ መጠን ዝተቐበሎ ወይ ዝቕበሎ ገንዘብ፣

5/ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ልውውጥ ዕዳጋ ክልተን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ሃፍትታት ዘመሓላለፈ እንተኾይኑን ዋጋ ሕድሕድ ሃፍቲ ተፈልዩ ዘይተፈለጠ እንተኾይኑ ፣ እቶም ሃፍትታት ኣብ ዝተመሓላለፉሉ እዋን ብዘሎ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ መሰረት ብመኽንያት ምምሕልላፉ ዝተረኸበ መጠን ገንዘብ ንዝተማሓላለፉ ሃፍትታት ከከምብፅሒቶም ይድልደል።

6/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ዋጋ ዝተማሓላለፈ ሃፍቲ ዘርኢ መረዳእታ ከቕርብ ዘይኻኣለ እንተኾይኑ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝተማሓላለፈሉ እዋን ዝነበረ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ ዋጋ እቲ ሃፍቲ ተገይሩ

የገበያ ዋጋ ከሀብቱ የተገኘ ገቢ እንደሆነ ተደርጎ ይወሰዳል፤

3/ አንድ ሰው ሀብቱን በማስተላለፍ ያገኘው ገቢ፣ ሀብቱን ከማስተላለፍ ጋር በተያያዘ ከቀረበለት ምርጫ ያገኘውን ጥቅም ይጨምራል። ሆኖም ይህ ጥቅም እንደገቢ ተደርጐ የሚወሰደው ከቀረበለት ምርጫ ጋር በተያያዘ ባገኘው ጥቅም ላይ ግብር ያልከፈለ ሲሆን ብቻ ነው፤

4/ አንድ ሀብት የጠፋ ወይም የወደመ እንደሆነ፣ የዚህ ሀብት ዋጋ ነው የሚባለው ባለሀብቱ ሀብቱ በመጥፋቱ ወይም በመውደሙ ምክንያት የተቀበለው ወይም የሚቀበለው የካሳ መጠን ሲሆን የሚከተሉትን ይጨምራል።

ሀ) በመድን ፖሊሲ መሠረት፣ በካሳ ወይም በሌላ ስምምነት ምክንያት የተቀበለውን ወይም የሚቀበለውን የገንዘብ መጠን፣

ለ) በድርድር ምክንያት የሚቀበለውን የገንዘብ መጠን፣ወይም

ሐ) የፍርድ ቤት ውሳኔን ተከትሎ የተቀበለውን ወይም የሚቀበለውን የገንዘብ መጠን፣

5/ አንድ ሰው በአንድ ግብይት ሁለትና ከዚያ በላይ የሆኑ ሀብቶችን ያስተላለፈ እንደሆነና የእያንዳንዱ ሀብት ዋጋ ተለይቶ ያልታወቀ እንደሆነ፣ ሀብቶቹ በተላለፈበት ጊዜ ባለው ትክክለኛ የገበያ ዋጋ መሠረት በማስተላለፉ ምክንያት የተገኘው የገንዘብ መጠን ለተላለፉት ሀብቶች እንደየድርሻቸው ይደለደላል።

6/ አንድ ግብር ከፋይ የተላለፈውን ሀብት ዋጋ የሚያሳይ ማስረጃ ማቅረብ ያልቻለ እንደሆነ ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ የነበረው ትክክለኛ የገበያ ዋጋ የሀብቱ ዋጋ ተደርጎ ይወሰዳል።

ይውሰድ።

**ዓንቀፅ** 67. **ጥቕሚ ወይ ክሳራ ምትሕልላፍ**

1/ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ እንትበሃል ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኮይኑ ብዝስዕቡ ኩነታት ሃፍቲ እንትመሓላለፍ ዝተረኸበ ዝኾነ ጥቕሚ ወይ ዝበፅሐ ክሳራ ንኣከፋፍላ ግብሪ ኣብ ግምት ኣይኣቱን።

ሀ) ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ዝፋትሕሉ እዋን ዝግበር ክፍፍል ሃፍቲ፣

ለ) ብምኽንያት ሞት ሓደ ሰብ ሃፍቱ ንመፃረዪ ውርሲ ወይ ንወራሲ እንትመሓላለፍ፣

ሐ) ብምኽንያት ሃፍቲ ምጥፍኡ ወይ ብምዕናዉ ወይ እቲ ሃፍቲ ንጥቕሚ ህዝቢ እንትበሃል ብመንግስቲ ብምውሳዱ (ካብዚ ንዳሓር" ዝተተክአ ሃፍቲ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ዝተረኸበ ኣታዊ እቲ ገንዘብ ብዝተቐበለ ሰብ ኣቢሉ እቲ ሃፍቲ ካብ ዝጠፍኣሉ ወይ ካብ ዝዓነወሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ተመሳሳሊ ሃፍቲ (ካብዚ ንዳሓር "ሃፍቲ መተካእታ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ንምፍራይ ዝወዓለ እንተኾይኑ፣ ወይ

መ) እቲ ሃፍቲ (ድሕሪ እዚ"ዝተተክአ ሃፍቲ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ዋግኡ ዝቕንስ ሃፍቲ እንተኾይኑን በዓል ሃፍቲ ዝተተክአ ሃፍቲ ካብ ዝጠፍአ ወይ ዝዓነወ እዋን ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ወይ በዓልመዚ ኣብ ዝፈቐዶ ዝነውሐ ግዘ ውሽጢ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ንምርካብ ዝውዕል ዋግኡ ዝቕንስ (ድሐሪ እዚ "መተክኢ ሃፍቲ"ተባሂሉ ዝፅዋዕ) ተመሳሳሊ ሃፍቲ እንተፍርዩ።

**አንቀጽ** 67. **ጥቅምን ወይም ኪሳራን ስለ ማስተላለፍ**

1/ ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም ሲባል፣ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ በሚከተሉት ሁኔታዎች ምክንያት አንድ ሀብት ሲተላለፍ የተገኘ ማናቸውም ዓይነት ጥቅም ወይም የደረሰ ኪሳራ ለግብር አከፋፈል ከግምት ውስጥ አይገባም።

ሀ) ባልና ሚስት በሚፋቱበት ጊዜ የሚደረግ የሀብት ክፍፍል፣

ለ) አንድ ሰው በመሞቱ ምክንያት ለውርስ አጣሪው ወይም ለወራሹ ሀብት ሲተላለፍ፣

ሐ) ሀብቱ በመጥፋቱ ወይም በመውደሙ ወይም ሀብቱ ለህዝብ ጥቅም ሲባል በመንግሥት በመወሰዱ ምክንያት (ከዚህ በኋላ "የተተካው ሀብት" ተብሎ የሚጠቀስ) የተገኘው ገቢ ገንዘቡን በተቀበለው ሰው አማካኝነት ሀብቱ በጠፋ ወይም በወደመ በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ ወይም ባለሥልጣኑ በሚፈቅደው ተጨማሪ ጊዜ ውስጥ ተመሳሳይ ሀብት (ከዚህ በኋላ "የመተኪያ ሀብት" ተብሎ የሚጠቀስ) ለማፍራት የዋለ እንደሆነ ፣ ወይም

መ) ሀብቱ (ከዚህ በኋላ "የተተካው ሀብት" ተብሎ የሚጠራ) ዋጋው የሚቀንስ ሀብት የሆነ እንደሆነና ባለሀብቱ የተተካው ሀብት በጠፋ ወይም በወደመ በስድስት ወር ጊዜ ወይም ባለሥልጣኑ በሚፈቅደው ከዚህ የረዘመ ጊዜ ውስጥ ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል የንግድ ሥራ ገቢ ለማግኘት የሚውል ዋጋው የሚቀንስ (ከዚህ በኋላ "የመተኪያ ሀብት" ተብሎ የሚጠራ) ተመሳሳይሀብት ያፈራ እንደሆነ፣

2/ ዝተተክአ ሃፍቲ ዝረኸበ ሰብ እዚ ሃፍቲ ንቖፃሊ ኣብ ዘመሓላልፈሉ ግዘ በዚ ኣዋጅ ክኸፈል ዝግበኦ ግብሪ ዘየለ እንተኾይኑ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ) ን (ለ) ን እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ተፈፃሚ ኣይኮኑን።

3/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ) ወይ (ለ) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ተፈፃሚ እንተኸውን ሃፍቲ ዝረኸበ ሰብ ሃፍቲ ዘመሓላለፍ ሰብ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዘማሓላልፈሉ እዋን ነቲ ሃፍቲ ብዘውፅኦ መጠን ገንዘብ ልክዕ ሃፍቲ ዝረኸበ ተገይሩ ይውሰድ።

4/ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ሐ) ወይ (መ) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዋጋ መተክኢ ሃፍቲ ካብ ዋጋ እቲ ዝተተክአ ሃፍቲ ዝበልፅ እንተኾይኑ ዋጋ መተክኢ ሃፍቲ ኮይኑ ዝውሰድ እቲ ሃፍቲ እንትመሓላለፍ ካብ ዋጋ ዝተተክአ ሃፍቲ ብሕልፊ ዝተርኣየ መጠን ገንዘብ ተወሲኹዎ እዩ።

5/ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሐ) ወይ (መ) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንዝተተክአ ሃፍቲ ዝተኸፈለ ዋጋ ካብ ዋጋ መተክኢ ሃፍቲ ዝበልፅ እንተኾይኑ ዋጋ መተክኢ ሃፍቲ ዝበሃል ሃፍቲ እንትመሓላለፍ ዝተተክአ ሃፍቲ ካብ ዝህልዎ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ብሕልፊ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ተቐኒሱ እዩ። ነገር ግን ትሕቲ ባዶ ኣይኸውንን።

6/ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ እቲ ሃፍቲ ንምንቕናስ ዘይወዓለ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 5 እዚ ዓንቀፅ ብትርፊ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ኣብ ኣታዊ ከፋሊ ግብሪ ክካተት ይግበኦ።

7/ ዝተሓላለፈ ሃፍቲ ዋግኡ ዝቕንስ ወይ ግዙፋዊ ህላዎት ዘይብሉ ሃፍቲ ስራሕ ንግዲ እንተኾይኑ፣

2/ የተተካውን ሀብት ያገኘው ሰው ይህንን ሀብት ለወደፊት በሚያስተላልፍበት ጊዜ በዚህ አዋጅ መሠረት ሊከፍል የሚገባው ግብር የሌለ ሲሆን፣ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1)(ሀ) እና (ለ) ድንጋጌዎች ተፈጻሚ አይሆኑም።

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1)(ሀ) ወይም (ለ) ድንጋጌዎች ተፈጻሚ በሚሆኑበት ጊዜ ሀብቱን ያገኘው ሰው ሀብቱን የሚያስተላልፈው ሰው ሀብቱ በሚተላለፍበትጊዜ ለሀብቱ ባወጣው የገንዘብ መጠን ልክ ሀብቱን እንዳገኘ ይቆጠራል።

4/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) (ሐ) ወይም (መ) ድንጋጌዎች ተፈጻሚ በሚሆኑበት ጊዜ የመተኪያው ሀብት ዋጋ ከተተካው ሀብት ዋጋ የበለጠ እንደሆነ የመተኪያው ሀብት ዋጋ ሆኖ የሚወሰደው ሀብቱ በተላለፈበት ጊዜ ከተተካው ሀብት ዋጋ ላይ በብልጫ የታየው የገንዘብ መጠን ተጨምሮበት ነው።

5/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) (ሐ) ወይም (መ) ድንጋጌዎች ተፈጻሚ በሚሆኑበት ጊዜ ለተተካው ሀብት የተከፈለው ዋጋ ከመተኪያው ሀብትዋጋ የሚበልጥ ከሆነ፤ የመተኪያው ሀብት ዋጋ ነው የሚባለው ሀብቱ በተላለፈበት ወቅት ያለው የተተካው ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ላይ በብልጫ የታየው የገንዘብ መጠን ተቀንሶ ነው። ነገር ግን ከዜሮ በታች መሆን የለበትም።

6/ የሀብቱን የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ለመቀነስ ያልዋለው በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 5 መሠረት በትርፍ የታየው የገንዘብ መጠን በግብር ከፋዩ ገቢ ውስጥ መካተት አለበት።

7/ የተላለፈው ሀብት ዋጋው የሚቀንስ ወይም ግዙፋዊ ሀልዎት የሌለው የንግድ ስራ ሀብት የሆነ እንደሆነ፡-

ሀ) ብንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ንሃፍቲ ብዘውፅኦ መጠን ገንዘብ ዝብል ኣገላልፃ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ተገይሩ ይውሰድ፣

ለ) ብንኡስ ዓንቀፅ 4 ን 5 ን እዚ ዓንቀፅ "ንዝተተክአ ሃፍቲ ዝተገበረ ወፃኢ" ዝብል ኣገላልፃ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ዝተተክአ ሃፍቲ ተገይሩ ይውሰድ።

**ዓንቀፅ** 68. **<u>ዝተመሓላለፈ ሃፍቲ ምምዝጋብ</u>**

ዝተመሓሓለፈ ሃፍቲ ንምቕባል ፣ ንምምዝጋብ ፣ ወይ ብዝኾነ ካልእ ኣግባብ ምትሕልላፍ ሃፍቲ ንምፅዳቕ ብሕጊ ስልጣን ዝተውሃቦ ዝኾነ ሰብ ብምኽንያት ምትሕልላፍ ሃፍቲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ክኽፈል ዝግበኦ ዝኾነ ግብሪ ምኽፋሉ እንተየረጋገፀ ምትሕልላፍ ክቕበል ፣ ክምዝግብ ወይ ክፅድቕ ኣይኽእልን።

**<u>ክፍሊ ክልተ</u>**

**<u>ካልኦት ድንጋገታት ውፅል</u>**

**ዓንቀፅ** 69. **<u>ዝተመለሰ ወፃኢ</u>**

ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ንዘውፅኦ ወፃኢ ተቐናሲ እንተተታሒዙሉ ወይ ዘይእከብ ዕዳ እንተተሰሪዝሉ ኣብ ቀፃሊ ግን ከፋሊ ግብሪ ብገንዘብ ወይ ብዓይነት ብተቐናሲ ዝተቐነሰሉ ወፃኢ ወይ ዝተሰረዘሉ ዘይእከብ ዕዳ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ዘከሓሕስ መጠን ገንዘብ እንተተቐቢሉ ከፋሊ ግብሪ ዝተቐበሎ መጠን ገንዘብ ኣብ ዝተቐበለሉ ዓመት ግብሪ ዝተረኽበ ኣታዊ ተገይሩ ዝውሰድ ኮይኑ ተቐኒስሉ ምስ ዝነበረ ኣታዊ ተመሳሳሊ ምድብ ይህልዎ።

ሀ) በዚህ አንቀጽ በንዑስ አንቀጽ (3) "ለሀብት ባወጣው የገንዘብ መጠን" በሚል የተመለከተው አገላለጽ የሀብቱ የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ተደርጎ ይወሰዳል።

ለ) በዚህ አንቀጽ በንዑስ አንቀጽ (4) እና (5) "ለተተካው ሀብት የተደረገ ወጪ" በሚል የተመለከተው የተተካው ሀብት የተጣራ የመዝገብ ዋጋ ተደርጎ ይወሰዳል።

**አንቀጽ** 68. **<u>የተላለፉ ሀብቶችን ስለመመዝገብ</u>**

የአንድን ሀብት መተላለፍ ለመቀበል፣ ለመመዝገብ ወይም በሌላ በማንኛውም መንገድ መተላለፉን ለማጽደቅ በህግ ሥልጣን የተሰጠው ማንኛውም ሰው በሀብቱ መተላለፍ ምክንያት በዚህ አዋጅ መሰረት መከፈል የሚገባው ማንኛውም ግብር መከፈሉን ሳያረጋግጥ መተላለፉን ሊቀበል፣ ሊመዘግብ ወይም ሊያፀድቅ አይችልም።

**<u>ክፍል ሁለት</u>**

**<u>ሌሎች የውል ድንጋጌዎች</u>**

**አንቀጽ** 69. **<u>የተመለሰ ወጪ</u>**

አንድ ግብር ከፋይ በአንድ የግብር ዓመት ላወጣው ወጪ ተቀናሽ የተያዘለት እንደሆነ ወይም የማይሰበሰብ ዕዳ የተሰረዘለት እንደሆነ እና በቀጣይ ግን ግብር ከፋዩ በገንዘብ ወይም በዓይነት በተቀናሽ የተያዘለትን ወጪ ወይም የተሰረዘለትን ዕዳ የሚያካክስ የገንዘብ መጠን የተቀበለ እንደሆነ ግብር ከፋዩ የተቀበለው የገንዘብ መጠን ገንዘቡን በተቀበለበት የግብር ዓመት እንደተገኘ ገቢ የሚቆጠር ሲሆን ይህም ገቢ ተቀናሽ ተደርጎለት ከነበረው ገቢ ጋር ተመሳሳይ ምድብ ይኖረዋል።

**ዓንቀፅ 70. ኣታዊ ዝርከቦ ስራሕ ምቁራፅ**

1/ ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ፦

ሀ) ኣብቲ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ቅድሚ ምርካቡ ካብ ዝተቛረፀ ስራሕ ንግዲ ፣ ምንቅስቓስ ወይ ኢንቨስትመንት ፣ ኣታዊ እንተረኺቡ፣

ለ) እዚ ኣታዊ ዝተረኸበ ስራሕ እቲ ንግዲ ፣ ምንቅስቓስ ስርሑ ወይ ኢንቨስትመንት ቅድሚ ምቁራፁ ዝተረኸበ እንተዝኸውን ነይሩ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ፣ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ፣ ስራሕ ምንቅስቓስ ወይ ኢንቨስትመንት ኣብ ዝተረኸበሉ ግዘ ከም ዝተቛረፀ ተሓሲቡ ኣብዚ ኣታዊኡ እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይግበር።

2/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ኣታዊ ንምርካብ ዝወፀ ወፃኢ በዚ ኣዋጅ ብዝፍቀድ መጠን ብተቐናሲ ይተሓዝ።

**ዓንቀፅ 71. ብዓይነት ዝተረኸበ መጠን ገንዘብ**

በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 13(4) ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ብዓይነት ዝተረኸበ መጠን ገንዘብ ወይ ዝተፈፀመ ክፍሊት ዋጋ መጠን እቲ መጠን ገንዘብ ኣብ ዝተረኸበሉ ወይ ክፍሊት ኣብ ዝተፈፀመሉ ግዘ እቲ ሃፍቲ ዝነበሮ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ እንትኸውን እዚ ዋጋ ኣብ ዝውሰነሉ ግዜ ኣብ መሰል ምትሕልላፍ እቲ ሃፍቲ ዝተቐመጠ ገደብ ኣብ ግምት ኣይኣቱን።

**ዓንቀፅ 72. ወፃኢ ምክፍፋል**

1/ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ሕልው ኮይኑ ፣ ዝኾነ ወፃኢ፦

ሀ) ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ዓይነታት ኣታዊ ንምርካብ ፣ ወይ

ለ) ሓደ ዓይነት ኣታዊ ንምርካብን ንካልእ ዕላማን እንትውዕል እቲ ስራሕ ወይ ዓይነት እቲ ወፃኢ ኣንፃራዊ ፀባይን መጠን ኣብ ግምት ብምእታው ወፃኢ ምኽንያታዊ ብዝኾነ ኣግባብ

**አንቀጽ 70. ገቢ የሚያስገኝ ሥራ ስለማቆም**

1/ ማናቸውም ግብር ከፋይ፦

ሀ) በግብር ዓመቱ ገቢው ከመገኘቱ በፊት ካቆመው የንግድ ሥራ፣ የሥራ እንቅስቃሴ፣ ወይም ኢንቨስትመንት ገቢ ያገኘ እንደሆነ እና

ለ) ገቢው የተገኘው የንግዱ ሥራ፣ የሥራው እንቅስቃሴ ወይም ኢንቨስትመንቱ ከመቆሙ በፊት ቢሆን ኖሮ በዚህ አዋጅ መሠረት ግብር የሚከፈልበት በሚሆንበት ጊዜ የንግዱ ሥራ፣ የሥራው እንቅስቃሴ ወይም ኢንቨስትመንቱ ገቢው በተገኘበት ጊዜ እንዳልቆመ ተቆጥሮ በገቢው ላይ ይህ አዋጅ ተፈጻሚ እንዲሆን ይደረጋል።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተመለከተውን ገቢ ለማግኘት የወጣ ወጪ በዚህ አዋጅ በሚፈቀደው መጠን በተቀናሽ ይያዛል።

**አንቀጽ 71. በዓይነት የተገኘ የገንዘብ መጠን**

የዚህ አዋጅ አንቀጽ 13(4) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ በዓይነት የተገኘ የገንዘብ መጠን ወይም የተፈፀመ ክፍያ ዋጋ የገንዘቡ መጠን በተገኘበት ወይም ክፍያው በተፈፀመበት ጊዜ ሀብቱ የነበረው ትክክለኛው የገበያ ዋጋ ሲሆን፣ ይህ ዋጋ በሚወሰንበት ጊዜ ሀብቱን በማስተላለፍ መብት ላይ የተጣለው ገደብ ግምት ውስጥ አይገባም።

**አንቀጽ 72. ወጪዎችን ስለማከፋፈል**

1/ የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ ማናቸውም ወጪ፦

ሀ) ከአንድ በላይ የሆኑ የገቢ ዓይነቶችን ለማግኘት፣ ወይም

ለ) አንድን የገቢ ዓይነት ለማግኘት እና ለሌሎች ዓላማዎች የዋለ እንደሆነ የሥራዎቹን ወይም የወጪዎቹን አንጻራዊ ባህርይና መጠን ግምት ውስጥ በማስገባት ወጪዎቹ ምክንያታዊ

ይከፋፈሉ።

2/ ዝስዕቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣታዊ ተገይሮም ይውሰዱ፣

ሀ) ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ፣

ለ) ገዛ ብምክራይ ዝርከብ ኣታዊ፣

ሐ) ኣታዊ ስራሕ ንግዲ፣

መ) ሕድሕድ ዓርሱ ዝኽእል ዓይነት ኣታዊ ኮይኑ ዝቐፀር ብሰደቓ "መ" ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ፣

ረ) ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ ዝኾነ ኣታዊ

**ዓንቀፅ 73. <u>ሸርፊ ገንዘብ</u>**

1/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝስላሕ መጠን ገንዘብ ብብር ክግለፅ ኣለዎ።

2/ መጠን ገንዘብ ካብ ብር ወፃኢ ብዝኾነ ገንዘብ እንተተታሒዙ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ እንትበሃል መጠን ገንዘብ ኣብ ሒሳብ መዝገብ ኣብ ዝግለፀሉ ግዘ ኣብ ወቕቱ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ብመሰረት ዘውፅኦ መጠን ሸርፊ ተሰሊሑ ናብ ብር ይቕየር።

3/ ብሸርፊ ወፃኢ ብዝግበር ልውውጥ ዕዳጋ ዝተረኽበ ረብሓ ወይ ዝበፅሖ ክሳራ ንኣከፋፍላ ግብሪ እንትበሃል ልውውጥ ዕዳጋ ኣብ ዝተገበረሉ ዓመት ግብሪ ከም ዝተረኽበ ረብሓ ወይ ዝበፅሖ ክሳራ ተገይሩ ክግለፅ ኣለዎ።

4/ በዓልመዚ ብልውውጥ ዕዳጋ ሸርፊ ወፃኢ ዝተረኽበ ረብሓ ወይ ዝበፅሖ ክሳራ ዝስለሐሉ ሜላን ገንዘብ ወፃኢ ናብ ብር ዝቕየረሉ ኩነታት ዝውስን መምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

በሆነ መንገድ ይከፋፈላሉ።

2/የሚከተሉት የተለያዩ የገቢ ዓይነቶች ተደርገው ይወሰዳሉ፡-

ሀ) ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ፤

ለ) ቤትን በማከራየት የሚገኝ ገቢ፣

ሐ) የንግድ ሥራ ገቢ፣

መ) እያንዳንዱ ራሱን የቻለ የገቢ ዓይነት ሆኖ የሚወሰደው በሠንጠረዥ "መ" ሥር ግብር የሚከፈልበት ገቢ፣

ረ) ከገቢ ግብር ነፃ የሆነ ገቢ፤

**አንቀጽ 73. <u>የገንዘብ ምንዛሪ</u>**

1/ በዚህ አዋጅ መሠረት የሚሰላ የገንዘብ መጠን በብር መገለጽ አለበት።

2/ የገንዘብ መጠን ከብር ውጪ በሆነ ገንዘብ የተያዘ ከሆነ፣ ለዚህ አዋጅ አፈጻጸም ሲባል የገንዘቡ መጠን በሂሣብ መዝገብ በሚመዘገብበት ጊዜ በወቅቱ የኢትዮጵያ ብሔራዊ ባንክ ባወጣው የምንዛሬ ተመን መሠረት ተሰልቶ ገንዘቡ ወደ ብር ይለወጣል።

3/ በውጭ ምንዛሪ በሚደረግ ግብይት የተገኘ ጥቅም ወይም የደረሰ ኪሳራ ለግብር አከፋፈል ሲባል ግብይቱ በተከናወነበት የግብር ዓመት ውስጥ እንደተገኘ ጥቅም ወይም እንደ ደረሰ ኪሳራ ሆኖ መገለጽ አለበት።

4/ ባለሥልጣኑ በውጭ ምንዛሪ ግብይት የደረሰ ኪሣራ ወይም የተገኘ ጥቅም የሚሰላበትን ዘዴ እና የውጭ ሀገር ገንዘብ ወደ ብር የሚቀየርበትን ሁኔታ የሚወስን መመሪያ ሊያወጣ ይችላል።

## ምዕራፍ ሸሞንተ

**ካብ ግብሪ ንምህዳም ን ዝግበር ፃዕሪ ምክልኻል**

**ዓንቀፅ 74. ኣታዊ ምምቕቓል**

1/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ርክብ ምስ ዘለዎ ሰብ ብዝህልዎ ልውውጥ ዕዳጋ ኣታዊኡ ንምምቕቓል እንተፈቲኑ ኣታዊኡ ብምምቕቓሉ ምኽንያት ዝቕንስ ኣታዊ ግብሪ ንምክልኻል በዓል መዚ ኣታውን ተቐናሲ ወፃኢን ክልቲኦም ሰባት ከመዓራሪ ይኽእል።

2/ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣታዊኡ ንምምቕቓል ፈቲኑ ዝበሃል፣

ሀ) ከፋሊ ግብሪ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣታዊኡ ወይ ኣታዊ ዝረኽበሉ መሰል ርክብ ንዘለዎ ሰብ እንተመሓላልፍ፣

ለ) ከፋሊ ግብሪ ጥሪ ገንዘብ ሓዊሱ ዝኾነ ሃፍቲ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ርክብ ንዘለዎ ሰብ እንተመሓላልፍን ሃፍቲ ዝተመሓላለፈሉ ሰብ ካብዚ ኣታዊ ወይ ጥቕሚ እንትረክብ ከምኡ እውን ሃፍቲ ዝተመሓላለፈሉ ምኽንያት ወይ ሃፍቲ ካብ ዝተመሓላለፈሉ ምኽንያታት ሓዲኡ ኣታዊ እቲ ዘመሓላለፈ ወይ ዝተመሓላለፈሉ ክትሕት ንምግባር እንትኸውን፣

3/ ኣታዊኡ ንምምቕቓል ዝፈተነ ምዃኑ ወይ ዘይምዃኑ ንምውሳን በዓልመዚ ንዝተማሓላለፈ ሃፍቲ ዝተውሃበ ዋጋ /እንተሃልዩ/ ኣብ ግምት ከእቱ ይግባእ።

**ዓንቀፅ 75. ዋጋ መሰጋገሪ**

1/ ብመትከል ዋጋ ዕዳጋ ዘይተገበረ ዝኾነ ልውውጥ ዕዳጋ እንትህሉ ፣ ትኽክለኛ ዋጋ ዕዳጋ ዝርአ ትኽክለኛ ኣታዊ ፣ ጥቕሚ ፣ ተቐናሲ ፣ ክሳራ ወይ መከሓሐሲ ንምውሳን እቲ በዓል መዚ እዞም ኣታውታት ፣ ጥቕምታት ፣ ተቐናሲ ወፃኢታት ፣ ክሳራታት

## ምዕራፍ ስምንት

**ከግብር ለመሸሽ የሚደረገውን ጥረት ስለመከላከል**

**አንቀጽ 74. ገቢን መከፋፈል**

1/ አንድ ግብር ከፋይ ግንኙነት ካለው ሰው ጋር በሚኖረው ግብይት ገቢን ለመከፋፈል ከሞከረ፣ ገቢው በመከፋፈሉ ምክንያት የሚደርሰውን የገቢ ግብር መቀነስ ለመከላከል ሲባል ባለሥልጣኑ የሁለቱን ሰዎች ገቢ እና ተቀናሽ ወጪ ሊያስተካክለው ይችላል።

2/ አንድ ግብር ከፋይ ገቢውን ለመከፋፈል ሞክሯል የሚባለው፡-

ሀ) ግብር ከፋዩ በቀጥታም ሆነ በተዘዋዋሪ መንገድ ገቢውን ወይም ገቢውን የሚያስገኘውን መብት ግንኙነት ላለው ሰው ሲያስተላልፍ፣

ለ) ግብር ከፋዩ ጥሬ ገንዘብን ጨምሮ ማናቸውንም ሀብት በቀጥታም ሆነ በተዘዋዋሪ መንገድ ግንኙነት ላለው ሰው ሲያስተላልፍና ሀብቱ የተላለፈለት ሰው ከተላለፈው ሀብት ገቢ ወይም ጥቅም ሲያገኝ፤እንዲሁም ሀብቱ የተላለፈበት ምክንያት ወይም ከተላለፈባቸው ምክንያቶች አንዱ የአስተላላፊውን ወይም የተላለፈለትን ሰው ገቢ ዝቅ ለማድረግ ሲሆን ነው።

3/ አንድ ሰው ገቢውን ለመከፋፈል የሞከረ መሆን አለመሆኑን ለመወሰን ባለሥልጣኑ ለተላለፈው ሀብት የተሰጠውን ዋጋ (ካለ) ግምት ውስጥ ማስገባት አለበት።

**አንቀጽ 75. ስለማሸጋገሪያ ዋጋ**

1/ በገበያ ዋጋ መርህ ያልተደረገ ማንኛውም ግብይት ሲኖር፣ በትክክለኛ የገበያ ዋጋ የሚታየውን ትክክለኛ ገቢ፣ ጥቅም፣ ተቀናሽ፣ ኪሳራ፣ ወይም ማካካሻ ለመወሰን ባለሥልጣኑ እነዚህን ገቢዎች፣ ጥቅሞች፣ ተቀናሽ ወጪዎች፣ ኪሣራዎች ወይም ማካካሻዎች ግብይቱን

ወይ መከሓሐሲታት ኣብ መንጎ ልውውጥ ዕዳጋ ዝፈፀሙ ወገናት ክከፋፍል ወይ ክድልድል ይኽእል።

2/ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ ልውውጥ ዕዳጋ ካብ ተወዓዓልቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝርከብን ኣብቲ ክልል ሓላፍነት ምኽፋል ግብሪ ዘለዎ እንትኸውንን እቲ ካልእ ወገን ድማ ካብቲ ክልል ወፃኢ ዝርከብ እንትኸውን ዝኾነ ክፍፍል ፣ ድልድል ፣ ክፍፍል ኣታዊ ፣ ጥቕሚ ፣ ሒሳብ ተቐናሲ ፣ ክሳራ ወይ መከሓሐሲ ግብሪ ዝግበር ብመሰረት በዓል መዚ ዘውፅኦ መምርሒ ይኸውን።

3/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ኣብ ክልል ንዘሎ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ወይ ኣብቲ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ካብ ክልል ወፃኢ ንዘሎ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ድልድል ኣታዊ ወይ ወፃኢ ዝግበር ብመሰረት በዓል መዚ ዘውፅኦ መምርሒ ይኸውን።

4/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝወፅእ መምርሒ ሙሉእ ብምሉእ ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ዝሳለጡ ልውውጣት ዕዳጋ ተፈፃሚ ክኸውን ይኽእል።

5/ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ነቲ ዓመት ግብሪ ኣብ ዘቕርቦ መፍለጢ ግብሪ ርክብ ምስ ዘለዎም ሰባት ዝገበሮም ዝርዝር ልውውጣት ዕዳጋ ሓቢሩ ከቕርብ ኣለዎ።

6/ ኣብዚ ዓንቀፅ "ብመሰረት ዋጋ ዕዳጋ ዝፍፀም ልውውጥ ዕዳጋ" ማለት ርክብ ዘይብሎም ሰባት ብመሰረት ዋጋ ዕዳጋ ዝፍፅምዎ ልውውጥ ዕዳጋ እዩ።

ባደረጉት ወገኖች መካከል ሊያከፋፍል ወይም ሊደለድል ይችላል።

2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ተፈጻሚ በሚሆንበት ግብይት ከተዋዋዩቹ አንዱ በክልሉ ውስጥ የሚገኝና በክልሉ ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያለበት ሲሆን እና የግብይቱ ሌላኛው ወገን ደግሞ ከክልሉ ውጭ የሚገኝ እንደሆነ ማንኛውም ክፍፍል፣ ድልድል፣ የገቢ ክፍፍል፣ ጥቅም፣ ተቀናሽ ሂሣብ፣ ኪሣራ ወይም የግብር ማካካሻ የሚደረገው ባለስልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ መሠረት ይሆናል።

3/ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በክልሉ ውስጥ ላለው በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት ወይም በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው ከክልሉ ውጭ ላለው በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት የገቢ ወይም የወጪ ድልድል የሚደረገው ባለስልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ መሠረት ይሆናል።

4/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 መሠረት የሚወጣው መመሪያ ሙሉ በሙሉ በክልሉ ውስጥ ለሚከናወኑ ግብይቶችም ተፈጻሚ ሊሆን ይችላል።

5/ አንድ ግብር ከፋይ ለግብር ዓመቱ በሚያቀርበው የግብር ማስታወቂያ ውስጥ ግንኙነት ካላቸው ሰዎች ጋር ያደረጋቸውን ግብይቶች ዝርዝር አብሮ ማቅረብ አለበት።

6/ በዚህ አንቀጽ "በገበያ ዋጋ መሠረት የሚደረግ ግብይት" ማለት ግንኙነት የሌላቸው ሰዎች በገበያ ዋጋ መሠረት የሚያደርጉት ግብይት ነው።

ዓንቀፅ 76. <u>ካብ ግብሪ ንምህዳም ዝግበሩ ትልምታት</u>

1/ በዓል መዚ ዝስዕቡ ኩነታት ተፈፂሞም እዮም ኢሉ እንትኣምን ድንጋገታት እዚ ዓንቀፅ ተግባራዊ ክገብር ይኽእል፣

ሀ) ካብ ግብሪ ንምህዳም ዝግበር ትልሚ እንትዳሎ ወይ ተግባራዊ እንትኸውን፣

ለ) ብመሰረት ትልሙ ሓደ ሰብ ረብሓ ግብሪ እንትረክብን፣

ሐ) መሰረታዊ ዋኒን ትልሙ ኣብ ግምት ብምእታው በዚ ትልሚ ዝተሰማዕመ ወይ እቲ ትልሚ ተግባራዊ ዝገበረ ሰብ እዚ ክገብር ዝኸኣለሉ ብሕታዊ ወይ ቀንዲ ዕላማ ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ራጋ ፊደል (ለ) እዚ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ጥቕሚ ግብሪ ንምርካብ እዩ ኢሉ ንምድምዳም ዝከኣል እንትኸውን።

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ካልእ ተፃራሪ ድንጋገ እንተሃለወ እውን ፣ እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ እንትኸውን በዓል መዚ ዝኾነ ዓይነት ስምምዕ ከምዘይተገበረ ወይ እቲ ስምምዕነት ተግባራዊ ከምዘይተገበረ ብምቑፃር ካብ ግብሪ ንምህዳም ዝተፈፀመ ተግባር ንምክልኻል ወይ ንምቕናስ ኣግባብነት ይህልዎ እዩ ዝብሎ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ዘለዎ ሰብ ወይ ምስ እቲ ትልሚ ርክብ ኣብ ዘለዎ ሰብ ግብሪ ክውስን ይኽእል።

3/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ውሳነ ግብሪ ዝተውሃበ እንተኾይኑ ፣ ነቲ ውሳነ ተግባራዊ ንምግባር ንክከኣል በዓል መዚ ውሳነ ግብሪ ኣመልኪቱ ንከፋሊ ግብሪ መፍለጢ ይህብ።

4/ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ፡-

ሀ) "ትልሚ" ዝስዕቡ ይሓውስ፡-

1. ኣብ ከይዲ ፍርዲ ተፈፃሚ ክኸውን ዝኽእል

አንቀጽ 76. <u>ከግብር ለመሸሽ የሚደረጉ ዕቅዶች</u>

1/ የሚከተሉት ሁኔታዎች ተፈፅመዋል ብሎ ሲያምን ባለሥልጣኑ የዚህን አንቀጽ ድንጋጌዎች ተግባራዊ ሊያደርግ ይችላል።

ሀ) ከግብር ለመሸሽ የሚያስችል ዕቅድ ሲዘጋጅ ወይም ተግባራዊ ሲሆን፣

ለ) በዕቅዱ መሠረት አንድ ሰው የግብር ጥቅም ሲያገኝ፣ እና

ሐ) የዕቅዱን መሠረታዊ ጉዳይ ግምት ውስጥ በማስገባት በዕቅዱ የተስማማው ወይም ዕቅዱን ተግባራዊ ያደረገው ሰው ይህንን ሊያደርግ የቻለበት ብቸኛው ወይም ዋነኛው ዓላማ በዚህ ንዑስ አንቀጽ ፊደል ተራ (ለ) የተመለከተውን የግብር ጥቅም ለማግኘት ነው ብሎ ለመደምደም የሚቻል ሲሆን ነው።

2/ በዚህ አዋጅ ውስጥ ሌላ ተቃራኒ ድንጋጌ ቢኖርም፣ ይህ አንቀጽ ተፈጻሚ ሲሆን ባለሥልጣኑ ምንም ዓይነት የዕቅድ ስምምነት እንዳልተደረገ ወይም ስምምነቱ ተግባራዊ እንዳልተደረገ በመቁጠር ከግብር ለመሸሽ የተደረገውን ተግባር ለመከላከል ወይም ለመቀነስ አግባብነት ይኖረዋል የሚለውን ሁኔታ ግምት ውስጥ በማስገባት ግብር የመክፈል ግዴታ ያለበትን ሰው ወይም ከዕቅዱ ጋር ግንኙነት ያለውን ሰው ግብር ሊወስን ይችላል።

3/ በዚህ አንቀጽ መሠረት የግብር ውሳኔ የተሰጠ ሲሆን፣ ውሳኔውን ተግባራዊ ማድረግ ይቻል ዘንድ ባለሥልጣኑ የግብር ውሳኔውን አስመልክቶ ለግብር ከፋዩ ማስታወቂያዎች ይሰጣል።

4/ ለዚህ አንቀጽ አፈፃፀም፡-

ሀ) "ዕቅድ" የሚከተሉትን ይጨምራል፤

1.በፍርድ ሂደት ውስጥ ተፈጻሚ ሊሆን የሚችል

ወይ ዘይኽእል እንተኾነውን ፣ ብግልጺ ወይ ብትርጉም ዝተገበረ እንተኾነ ወይ እንተዘይኮነ ፣ ስምምዕነት ፣ ምጥዕዓም ፣ ምእታው ቃል ወይ ሓደ ነገር ንምፍፃም ምስምማዕ፣

2.ዝኾነ ትልሚ ወይ ሓሳብ ምቕራብ ፣ ከይዲ ሓደ ተግባር ወይ ኣፈፃፅማ ሓደ ተግባር፣

ለ) " ጥቕሚ ግብሪ " ማለት

1.ዝኾነ ሰብ ክኸፍሎ ዝግባእ ግብሪ ምቕናስ፣

2.ምድንጓይ ሓላፍነት ምኽፋል ግብሪ ሓደ ሰብ፣ ወይ

3.ካልእ ዝኾነ ካብ ግብሪ ንምህዳም ዝከናወን ተግባር እዩ።

## ምዕራፍ ትሽዓተ

## ድንጋገታት ስነ ስርዓትን ምምሕዳርን

### ዓንቀፅ 77. ተፈፃምነት ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ

ድንጋገታት እዚ ምዕራፍ ሕልዋት ኮይኖም ፣ ንምምሕዳር እዚ ኣዋጅ ኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ተፈፃሚ ይኸውን።

### ዓንቀፅ 78. ምሓዝ መዝገብ

1/ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ዘለዎም ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሀ" ብመሰረት ብርክታት ኣቀራርባ ፀብፃብ ፋይናንስ ዝተዳለዉ ግቡእ ምሓዝ መዛግብቲ ሒሳብ ዘለዎም እንትኸውን ፣ ብፍላይ ዝስዕቡ መዛግብቲ ክሕዙ ኣለዎም ።

ሀ)ቀዋሚ ሃፍትታት ዝተገዝኡሉ ዕለት ፣ ዋጋ ዝተገዝኡሉ ፣ ነቲ ሃፍቲ ንምምሕያሽ ዝወፀ ወፃእን እዋናዊ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ ሃፍቲ ዘርኢ ሰነድ ሓዊሱ ሃፍትን ዕዳን ስራሕ ንግዱ ዘርኢ መዝገብ፣

ወይም የማይችል ቢሆንም፣ወይም በግልጽ ወይም በአንድምታ የተደረገ ቢሆንም ባይሆንም ፣ ስምምነትን ፣ ማመቻቸትን ፣ ቃል ኪዳን መግባትን ፣ ወይም አንድን ነገር ለመፈፀም መስማማትን።

2.ማንኛውንም ዕቅድ ፣ ወይም ሀሳብ ማቅረብ ፣ የአንድን ድርጊት ሂደት ወይም የአንድን ድርጊት አፈፃፀም።

ለ) "የግብር ጥቅም" ማለት

1.ማንኛውም ሰው ሊከፍል የሚገባውን ግብር መቀነስ፣

2.የአንድን ሰው ግብር የመክፈል ኃላፊነት ማዘግየት፣ ወይም

3.ሌላ ማንኛውም ከግብር ለመሸሽ የሚከናወን ድርጊት ነው።

## ምዕራፍ ዘጠኝ

## አስተዳደራዊና የሥነ-ሥርዓት ድንጋጌዎች

### አንቀጽ 77. የግብር አስተዳደር አዋጅ ተፈጻሚነት

የዚህ ምዕራፍ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ ይህንን አዋጅ ለማስተዳደር የግብር አስተዳደር አዋጅ ተፈጻሚ ይሆናል።

### አንቀጽ 78. መዝገብ ስለመያዝ

1/ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያለባቸው የደረጃ "ሀ" ግብር ከፋዮች በፋይናንስ ሪፖርት አቀራረብ ደረጃዎች መሠረት የተዘጋጁ የሂሳብ መዝገቦችን የመያዝ ግዴታ ያለባቸው ሲሆን፤ በተለይም የሚከተሉትን መዛግብት መያዝ አለባቸው።

ሀ) ቋሚ ሃብቶች የተገዙበትን ቀን፣ የተገዙበትን ዋጋ፣ ሀብቱን ለማሻሻል የወጣውን ወጪ እና የሃብቱን የወቅቱን የተጣራ የመዝገብ ዋጋ የሚያሳይ ሰነድን ጨምሮ የንግድ ሥራውን ሀብትና ዕዳ የሚያሳይ መዝገብ፣

ለ) ምስ ስራሕ ንግዲ ክፋሊ ግብሪ ዝተተሓሐዘ በብዕለቱ ዝተረኸበ ዝኾነ ኣታውን ወፃእን ዘርኢ ሰነድ፣

ሐ) ምስ ስራሕ ንግዱ ብዝተተሓሐዘ ዕድጊትን ሸይጣትን ከምኡ እውን ብከፋሊ ግብሪ ዝተውሃቡን ዝተረኸቡን ግልጋሎታት ብዝምልከት ዝስዕቡ ዘርኢ ሰነድ፡-

1.ዝርዝር ንዕዳጋ ዝዋዓሉ ወይ ዝተቐበሎም ኣቕሑት ንግድን ዝተውሃበ ወይ ዝተረኸበ ግልጋሎትን፣

2.ካብ ከፋሊ ግብሪ ኣቕሑት ንግዲ ወይ ግልጋሎታት ዝገዝኡ ወይ ንከፋሊ ግብሪ ዘቕረቡ ሰባት ሽምን መፍለዪ ቁፅሪ ከፋሊ ግብርን (ከምኩነታቱ)፣

3.ኣቐዲሙ ቁፅሪ ዝተውሃቦም መፍለዪ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ መቕረቢ ዝሓዙ ቅብሊታት፣

መ) ኣብ መወዳእታ እቲ ዓመት ግብሪ ኣብ ኢድ እቲ ከፋሊ ግብሪ ዝርከቡ ዓይነት ኣቕሑት ንግዲ ፣ መጠንን ዋጋን ከምኡ እውን ሜላ መገመቲ ዋጋ ዘርኢ ሰነድ፣

ረ) ሓላፍነት ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ንምውሳን ዘኽእል ካልእ ዝኾነ ሰነድ፣

2/ ሓላፍነት ምኽፋል ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ዘለዎም ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ለ" ግቡእ ምሓዝ ዝስዕቡ ሰነዳት ኣለዎም፡-

ሀ) መዓልታዊ ኣታውን ወፃእን ዘርኢ መዝገብ፣

ለ) ኩሎም ዕደጋታትን ሽይጣትን ዘርኢ መዝገብ፣

ሐ) መዝገብ መሃያን ኣበልን፣

መ) ሓላፍነት ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ንምውሳን ዘኽእል ካልእ ዝኾነ ኣግባብነት ዘለዎ ሰነድ፣

ለ) ከግብር ከፋዩ ንግድ ሥራ ጋር በተያያዘ በየቀኑ የተገኘውን ማናቸውንም ገቢ እና ወጪ የሚያሳይ ሰነድ፣

ሐ) ከንግድ ሥራው ጋር በተያያዘ የንግድ ዕቃዎችን ግዢና ሽያጭ እንዲሁም በግብር ከፋዩ የተሰጡ እና የተገኙ አገልግሎቶችን በተመለከተ የሚከተሉትን የሚያሳይ ሰነድ፣

1.ለገበያ የዋሉትን ወይም የተቀበላቸውን የንግድ ዕቃዎች እና የተሰጠውን ወይም የተገኘውን አገልግሎት ዝርዝር፣

2.ከግብር ከፋዩ ላይ የንግድ ዕቃዎችን ወይም አገልግሎቶችን የገዙ ወይም ለግብር ከፋዩ ያቀረቡ ሰዎችን ስም እና የግብር ከፋይ መለያ ቁጥር (እንደሁኔታው)፣

3.የአቅራቢውን የግብር ከፋይ መለያ ቁጥር የያዙ አስቀድሞ ቁጥር የተሰጣቸው ደረሰኞችን፣

መ) በግብር ዓመቱ መጨረሻ በግብር ከፋዩ እጅ የሚገኙ የንግድ ዕቃዎችን ዓይነት፣ መጠንና ዋጋ እና የዋጋ መገመቻ ዘዴን የሚያሳይ ሰነድ፣

ረ) የግብር ከፋዩን የግብር ኃላፊነት ለመወሰን የሚያስችል ሌላ ማንኛውምሰነድ፣

2/ የንግድ ሥራ ገቢ ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያላቸው የደረጃ "ለ" ግብር ከፋዮች የሚከተሉትን ሰነዶች የመያዝ ግዴታ አለባቸው፡-

ሀ) የየቀኑን ገቢ እና ወጪ የሚያሳይ መዝገብ፣

ለ) ሁሉንም ግዥዎችና ሽያጮችን የሚያሳይ መዝገብ፣

ሐ) የደመወዝንና የአበሎች መዝገብ፣

መ) የግብር ከፋዩን የግብር ኃላፊነት ለመወሰን የሚያስችል ሌላ ማንኛውም አግባብነት ያለውሰነድ፣

3/ ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሐ" ብመሰረት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ዘውፅኦ ደንቢ ዝውሰን ጠቕላላ ኣታዊ ሽይጣቶም ዘርኢ ወይ ካልእ ኣድላዪ መዝገብ ክሕዙ ይኽእሉ።

4/ብመሰረት ሰደቓ "ለ" እዚ ኣዋጅ ሓላፍነት ምኽፋል ግብሪ ዘለዎ ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ሀ" ወይ "ለ" ግቡእ ምሓዝ ዝስዕቡ ሰነዳት ኣለዎ፡-

ሀ) ካብ ክራይ ዝተቐበሎ ኣታዊ ዘርኢ ሰነድ፣

ለ)ምስ ገዝኡ ዝተተሓሕዘ ንመንግስቲ ወይ ንምምሕዳር ከተማ ዝተኸፈሉ ክፍሊታት ዘርኢ ሰነድ፣

ሐ) ዓንቀፅ 16(5)(ለ) እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት እንተዘይኮይኑ ፣ ምስቲ ገዛ ተተሓሒዙ ዝወፅአ ዝኾነ ወፃኢ ዘርኢ ሰነድ፣

መ) ዝካረ ህንፃ ዝተረኸበሉ ዕለት ፣ ህንፃ ዝተረኸበሉ ዋጋ ፣ እቲ ህንፃ ንምምሕያሽ ዝወፀ ወፃእን እዋናዊ ዝተፃረየ መዝገብ ዋጋ እቲ ህንፃ ዘርኢ ሰነድ፣

ረ) ነቲ ገዛ ብዝምልከት ዝኾነ ዝተገበረ ስምምዕነት ተኻራይን መካረይን ዘርኢ ሰነድ፤

5/ ብመሰረት ዓንቀፅ 56 እዚ ኣዋጅ ሓላፍነት ምኽፋል ግብሪ ዘለዎ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ ዝኽፈለሉ ሃፍቲ ዝተረኸበሉ መዓልቲ ፣ ዝተረኸበሉ ዋጋን ሃፍቱ ንምምሕያሽ ዝወፀ ዝኾነ ካልእ ወፃኢ ፣ እቲ ሃፍቲ ኣብ ዝተማሓላለፈሉ እዋን ዝተቐበሎ ኣታዊ ዘርኢ መዝገብ ናይ ምሓዝ ግቡእ ኣለዎ።

6/ ከፋሊ ግብሪ ሓደ ወፃኢ ብተቐናሲ ንኽትሓዘሉ ወይ ኣብ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ

3/ የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋዮች የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ በሚወሰነው መሠረት ጠቅላላ የሽያጭ ገቢያቸውን የሚያሳይ ወይም ሌላ አስፈላጊ መዝገብ ሊይዙ ይችላሉ።

4/ በዚህ አዋጅ ሠንጠረዥ "ለ" መሠረት ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያለበት የደረጃ "ሀ"ወይም"ለ" ግብር ከፋይ የሚከተሉትን ሰነዶች የመያዝ ግዴታ አለበት፡-

ሀ) ከኪራይ የተቀበለውን ገቢ የሚያሳይ ሰነድ፣

ለ) ከቤቱ ጋር በተያያዘ ለመንግሥት ወይም ለከተማ አስተዳደር የተከፈሉትን ክፍያዎች የሚያሳይ ሰነድ፣

ሐ) የዚህ አዋጅ አንቀጽ 16(5)(ለ) ተፈጻሚ በሚሆንበት ሁኔታ ካልሆነ በስተቀር፣ ከቤቱ ጋር ተያይዞ የሚወጣውን ማንኛውንም ወጪ የሚያሳይ ሰነድ፣

መ) የሚከራየው ሕንጻ የተገኘበትን ቀን፣ ሕንጻው የተገኘበትን ዋጋ፣ ሕንጻውን ለማሻሻል የወጣውን ወጪ እና የህንጻውን የወቅቱን የተጣራ የመዝገብ ዋጋ የሚሳይ ሰነድ፣

ረ) ቤቱን በሚመለከት የተደረገ ማንኛውንም የተከራይ አከራይ ስምምነት የሚያሳይ ሰነድ፣

5/ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 56 መሠረት ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያለበት ግብር ከፋይ ግብር የሚከፈልበት ሀብት የተገኘበትን ቀን፣ የተገኘበትን ዋጋ እና ሀብቱን ለማሻሻል የወጣ ሌላ ማንኛውንም ወጪ፣ ሀብቱ በሚተላለፍበት ጊዜ የተቀበለውን ገቢ የሚያሳይ መዝገብ የመያዝ ግዴታ አለበት።

6/ ግብር ከፋዩ አንድ ወጪ በተቀናሽነት እንዲያዝለት ወይም በአንድ ሃብት ዋጋ ውስጥ

ንኽካተተሉ ዘኽእሎ ሰነድ መረዳእታ ምቕራብ ዘይካኣለ እንተኾይኑ እቲ በዓል መዚ ንዝስዕቡ ክይፈቅድ ይኽእል ፡-

ሀ) ወፃኢ ብተቐናሲ ንክተሓዝ፣

ለ) ሓደ ወፃኢ ኣብ ዋጋ ሓደ ሃፍቲ ንኽካተት፣

7/ በዓል መዚ ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ መምርሒታት የውፅእ።

**ዓንቀፅ 79. ምፍላጥ ግብሪ**

1/ ሓደ ተቖፃሪ ኣብ ሓደ ወርሒ ልዕሊ ሓደ ንዝኾኑ ቆፀርቲ ዘይሰርሕ ወይ ግብሪ ቀኒሱ ግቡእ ኣታዊ ምግባር ዘለዎ እንተዘይኮይኑ ግብሩ ናይ ምፍላጥ ግቡእ የብሉን፤

2/ ሓደ ተቖፃሪ ኣብ ሓደ ወርሒ ልዕሊ ሓደ ዝኾኑ ቆፀርቲ ዘለዉዎ እንተኾይኑ ወይ ካብ ኣታዊኡ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምሓዝ ግቡእ ዘለዎ እንተኾይኑ ፣ እቲ ተቖፃሪ ድሕሪ መወዳእታ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ዘለዉ ኣብ ውሽጢ 30 ማዓልትታት መፍለጢ ክቕርብ ኣለዎ።

3/ ሓደ ተቖፃሪ ግቡእ ምፍላጥ ግብሪ ዘይብሉ እንትኾን ቆፃሪኡ ብመሰረት ዓንቀፅ 89 ንተቖፃሪ ዝወሃብ ግብሪ ተቐኒሱ ቀራዩ ምዃኑ ዘርኢ ቅብሊት ንዕላማ እዚ ኣዋጅን ኣዋጅ ምምሕዳር ግብርን ክበሃል በብወርሑ ክኽፍል ዘለዎ ግብሪ ኣብ ልዕሊ ቆፃሪ ዝተውሃበ ውሳነ ግብሪ ተገይሩ ይውሰድ።

4/ ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሀ" ን "ለ"ን ዓመታዊ ግብሪ እቲ ዓመት ግብሪ ኣብ ዝስዕቡ እዋናት ውሽጢ ከፍልጡ ግቡእ ኣለዎም፡-

ሀ) ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሀ" እቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተፈፀመሉ እዋን ጀሚሩ ዘለዉ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ፣

ለ) ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ለ" እቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተፈፀመሉ ግዜ ጀሚሩ ዘለዉ ኣብ

እንዲካተትለት የሚያስችለውን የሰነድ ማስረጃ ማቅረብ ያልቻለ እንደሆነ ባለሥልጣኑ የሚከተሉትን ላይፈቅድ ይችላል።

ሀ) ወጪ በተቀናሽነት እንዲያዝ፣

ለ) አንድ ወጪ በአንድ ሀብት ዋጋ ውስጥ እንዲካተት፣

7/ ባለሥልጣኑ ለዚህ አንቀጽ አፈጻጸም የሚያግዙ መመሪያዎችን ያወጣል።

**አንቀጽ 79. ግብርን ስለማሳወቅ**

1/ አንድ ተቀጣሪ በአንድ ወር ውስጥ ከአንድ በላይ ለሆኑ ቀጣሪዎች የማይሰራ ወይም ግብርን ቀንሶ ገቢ የማድረግ ግዴታ ያለበት ካልሆነ በስተቀር ግብሩን የማስታወቅ ግዴታ የለበትም።

2/ አንድ ተቀጣሪ በአንድ ወር ውስጥ ከአንድ በላይ ቀጣሪዎች ያሉበት እንደሆነ፣ ተቀጣሪው ከየሦስት ወሩ መጨረሻ በኋላ ባሉት 30 ቀናት ውስጥ የግብር ማስታወቂያ ማቅረብ ይኖርበታል።

3/ አንድ ተቀጣሪ ግብር የማሳወቅ ግዴታ የሌለበት ሲሆን ቀጣሪው በአንቀጽ 89 መሠረት ለተቀጣሪው የሚሰጠው ግብር ተቀንሶ ቀሪ መሆኑን የሚያሳየው ደረሰኝ ለዚህ አዋጅና ለግብር አስተዳደር አዋጅ ዓላማ ሲባል ቀጣሪው በየወሩ መክፈል በሚኖርበት ግብር ላይ እንደተሰጠ የግብር ውሳኔ ተደርጎ ይወሰዳል።

4/ የደረጃ "ሀ" እና "ለ" ግብር ከፋዮች የግብር ዓመቱን ግብር በሚከተሉት ጊዜያት ውስጥ የማሳወቅ ግዴታ አለባቸው፡-

ሀ) የደረጃ "ሀ" ግብር ከፋዮች የግብር ዓመቱ ከተጠናቀቀበት ጊዜ አንስቶ ባሉት የአራት ወራት ጊዜ ውስጥ፤

ለ) የደረጃ "ለ" ግብር ከፋዮች የግብር ዓመቱ ከተጠናቀቀበት ጊዜ አንስቶ ባሉት የሁለት ወራት

ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ፣

5/ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ዝቐርብ መፍለጢ ግብሪ ዝስዕቡ ክሕዝ ኣለዎ፦

ሀ) ንከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሀ" መግለፂ ትርፍን ክሳራን ፣ መግለፂ ሃፍትን ዕዳን እቲ ዓመት ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ ፣ወይ

ለ) ንከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ለ" መግለፂ ሒሳብ ትርፍን ክሳራን ዓመት ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ ፣

6/ ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ሐ" ብዓንቀፅ 80(4) እዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተወሰነ እዋን መፍለጢ ግብሩ ከቕርብ ኣለዎ።

7/ ብምኽንያት ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ ግብሩ ተቖናሲ ዝተገበረ ምኽኑ ናፃ እንተዘይተገይሩ ኣታዊ ሰደቓ "መ" ዘለዎ ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ኣታዊኡ ዘርከቦ ልውውጥ ዕዳጋ ካብ ዝተገበረ ጀሚሩ ኣብ ዘለዉ ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ መፍለጢ ግብሪ ከቕርብ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 80. <u>ምኽፋል ግብሪ</u>**

1/ ሓደ ተቖፃሪ ነቲ ወርሒ ክኸፍል ዝግብኦ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ እዋን መኽፈሊ ግብሪ ናይቲ ከፋሊ ግብሪ በብሰለስተ ወርሑ መፍለጢ ግብሪ ዘቕርበሉ እዋን እዩ።

2/ ከፈልቲ ግብሪ ብርኪ "ሀ" ወይ "ለ" ኣብቲ ዓመት ግብሪ ክኸፍልዎ ዝግባእ ግብሪ እቲ ከፋሊ ግብሪ ዓመታዊ ኣታዊኡ ከፍልጥ ኣብ ዘለዎ ግዜ ክኸፍል ኣለዎ።

3/ዓንቀፅ 79(7) እዚ ኣዋጅ ዝምልከቶ ከፋሊ ግብሪ ግብሪ መኽፈሊ እዋን ልውውጥ ዕዳጋ ኣመልኪቱ መፍለጢ ግብሪ ከቕርብ ኣብ ዝግበኦ እዋን ይኸውን።

ጊዜ ውስጥ፤

5/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (4) መሠረት የሚቀርብ የግብር ማስታወቂያ የሚከተሉትን መያዝ ይኖርበታል፦

ሀ) ለደረጃ "ሀ" ግብር ከፋዮች፣ የግብር ከፋዩን የግብር ዓመቱን ትርፍና ኪሳራ መግለጫ እና የሃብትና ዕዳ መግለጫ፣ ወይም

ለ) ለደረጃ "ለ" ግብር ከፋዮች፣ የግብር ከፋዩን የግብር ዓመቱን የትርፍና ኪሳራ የሂሳብ መግለጫ፣

6/ የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 80(4) በተወሰነው ጊዜ ውስጥ የግብር ማስታወቂያውን ማቅረብ አለበት።

7/ ካገኘው ገቢ ላይ ግብሩ ተቀናሽ የተደረገ በመሆኑ ምክንያት ነፃ ካልተደረገ በስተቀር የሠንጠረዥ "መ" ገቢ ያለው ግብር ከፋይ በግብር ዓመቱ ገቢውን ያስገኘው ግብይት ከተደረገ ጀምሮ ባሉት ሁለት ወራት ውስጥ የግብር ማስታወቂያ የማቅረብ ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 80. <u>ግብርን ስለመክፈል</u>**

1/ በአንድ ተቀጣሪ ለወሩ መክፈል የሚኖርበት ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ ግብር የመክፈያ ጊዜ የግብር ከፋዩ የየሶስት ወሩን የግብር ማስታወቂያ የሚያቀርብበት ጊዜ ነው።

2/ የደረጃ "ሀ" ወይም "ለ" ግብር ከፋዮች በግብር ዓመቱ ሊከፍሉበት የሚገባው ግብር ግብር ከፋዩ ዓመታዊ ገቢውን ማስታወቅ ባለበት ጊዜ መክፈል አለበት።

3/ የዚህ አዋጅ አንቀጽ 79(7) የሚመለከተው ግብር ከፋይ ግብር መክፈያ ጊዜ ግብይቱን አስመልክቶ የግብር ማስታወቂያ መቅረብ የሚኖርበት ጊዜ ይሆናል።

| | |
|---|---|
| 4/ ከፋሊ ግብሪ ብርኪ "ሐ" ብመሰረት ነዚ ኣዋጅ ስዒቡ ዝወፅእ ደንቢ ንሕድሕድ በጀት ዓመት ኣብ ውሽጢ ካብ 1 ክሳብ 30 ሓምለ ኣብ ዘሎ ግዜ ግብሩ ክኸፍል ኣለዎ። | 4/ የደረጃ "ሐ" ግብር ከፋይ በዚህ አዋጅ ስር በሚወጣ ደምብ መሠረት ለእያንዳንዱ በጀት ዓመት ከሐምሌ 1 ቀን እስከ ሐምሌ 30 ቀን ባለው ጊዜ ውስጥ ግብሩን መክፈል ይኖርበታል። |
| **ዓንቀፅ 81.** <u>**ግብሪ በብእዋኑ ምኽፋል**</u> | **አንቀጽ 81.** <u>**ግብርን በየጊዜው መክፈል**</u> |
| 1/ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሕልዉ ኮይኑ፣ ከፊልቲ ግብሪ ሰደቓ "ሐ" ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ካብ 6ይ ወርሒ ቀፂሉ ክሳብ መወዳእታ መዓልቲ ዝቕፅል ወርሒ ዝበፅሖ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ብኽፋሉ ክኸፍል ይኽእል። | 1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የሠንጠረዥ "ሐ" ግብር ከፋይ በግብር ዓመቱ ውስጥ 6ኛውን ወር ተከትሎ እስከሚመጣው ወር የመጨረሻ ቀን ድረስ የንግድ ሥራ ገቢ ግብሩን በከፊል ለመክፈል ይችላል። |
| 2/ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ን (4) ን እዚ ዓንቀፅ ሕልዋት ኮይኖም ፣ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ መኽፈሊ ግዘ ክኸፍሎ ዝኽእል ክፋል ግብሪ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግብሪ ካብ ዝተኸፈለ ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ፍርቂ ይኸውን። | 2/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) እና (4) እንደተጠበቁ ሆኖ፣ አንድ ግብር ከፋይ በአንድ የክፍያ ጊዜ መክፈል የሚችለው ከፊል ግብር ባለፈው የግብር ዓመት የተከፈለውን የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ግማሽ ይሆናል። |
| 3/ከፋሊ ግብሪ ኣብ ሕሉፍ ዓመት ግብሪ ኣታዊ ስራሕ ንግዲ ምኽፋል ሓላፍነት ዘይነበሮ እንተኾይኑ ብኽፋል ዝኽፈል መጠን ግብሪ ብጣዕሚ ተቐራራቢ ኣብ ዝነበረ ዓመት ግብሪ ዝነበረ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ፍርቂ ይኸዉን። | 3/ ግብር ከፋዩ ባለፈው የግብር ዓመት የንግድ ሥራ ገቢ ግብር የመክፈል ኃላፊነት ያልነበረበት ከሆነ በከፊል የሚከፈለው የግብር መጠን በጣም ቅርብ በነበረው የግብር ዓመት የነበረው የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ግማሽ ይሆናል። |
| 4/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ብኽፋል ክኸፍል ካብ ዝግበኦ ግብሪ ፣ እቲ ከፋሊ ግብሪ ብመሰረት ዓንቀፅ 85 እዚ ኣዋጅ ዝተኸፈለ ግብሪ ተቐናሲ ዝግበር ኮይኑ ፣ ተቐናሲ ተገይሩ ዝተርፍ ካብ ባዶ ንታሕቲ ክኾን ኣይኽእልን። | 4/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሠረት በአንድ ግብር ከፋይ በከፊል ሊከፈል ከሚገባው ግብር ላይ፣ ግብር ከፋዩ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 85 መሠረት የተከፈለው ግብር ተቀናሽ የሚደረግ ሲሆን፣ ተቀናሽ ተደርጐ የሚቀረው ከዜሮ በታች ሊሆን አይችልም። |
| 5/ከፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ብክፋል ዝኸፈሎ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ክኸፈል ካብ ዘለዎ ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ ይከሓሓስ። | 5/ ግብር ከፋዩ በግብር ዓመቱ በዚህ አንቀጽ መሠረት በከፊል የከፈለው ግብር በግብር ዓመቱ መክፈል ካለበት የንግድ ሥራ ገቢ ግብር ጋር ይካካሳል። |

6/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (5) እዚ ዓንቀፅ ክከሓሓስ ዝኽእል ክፋሊ ግብሪ ኣብ ሓደ ዓመት ግብሪ ብክፋል ዝኸፈሎ መጠን ኣብቲ ዓመት ግብሪ ክኽፈል ካብ ዝነበሮ ኣታዊ ግብሪ ዝበለፀ እንተኾይኑ፣ ብኣፈላላይ ዝተርአየ መጠን ገንዘብ ብመሰረት ዓንቀፅ 51 ኣዋጅ ምምሕደራ ግብሪ ኣብ ስራሕ ይዉዕል።

7/ በዚ ዓንቀፅ "ኣታዊ ግብሪ ስራሕ ንግዲ" ዝብል ኣገላልፃ "ኣታዊ ግብሪ ክራይ" ዝብል ኣገላልፃ ኣካቲቱ እዚ ዓንቀፅ ንክፋሊ ግብሪ ሰደቓ "ለ" እዉን ተፈፃምነት ይህልዎ።

8/ በዚ ዓንቀፅ " መኽፈሊ ግዜ ክፋፈልካ" ማለት ክፋሊ ግብሪ ዓመት ግብሪ ብዝምልከት ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመት ግብሪ ናይ መጀመርታ ሽድሽተ ወርሒ ዘብቀዐሉ መወዳእታ መዓልቲ እዩ።

**ምዕራፍ ዓሰርተ**

**ካብ ተኸፋሊ ሒሳብ ግብሪ ቀኒስካ ምትራፍ**

**ዓንቀፅ 82. ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ግብሪ ቀኒስካ ምትራፍ**

1/ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ሕልዉ ኮይኑ ፣ ዝኾነ ቆፃሪ ብመሰረት ዓንቀፅ 11 እዚ ኣዋጅ ካብ ቁፃር ዝርከብ ግብሪ ዝኸፈሎ ኣታዊ ንሰራሕተኛኡ ኣብ ዝኸፍለሉ እዋን ብመሰረት ድንጋገ ዓንቀፅ 12 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ብዝኸዉን ምጣነ ግብሪ ኣብ ሕድሕድ እዋን ክፍሊት ክኸፍል ዝግበኦ ኣታዊ ግብሪ ካብ ጠቕላላ ክፍሊት ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎ።

2/ ቖፃሪ ንተቖፃሪ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾነ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ከምዘለዎ ዝፈለጠን ካልእ ቆፃሪ ወይ ካልኦት ቆፀርቲ ብጠቕላላ ካብ ኣታዊ እቲ ተቖፃሪ ተመስሪቶም ካብ ኣታዊ ቀኒሶም ከምዘየትርፉ ዝፈለጠ እንተኾይኑ ቆፃሪ

6/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (5) መሠረት ሊካካስ የሚችለው ግብር ከፋዩ በአንድ የግብር ዓመት በከፊል የከፈለው የግብር መጠን በዓመቱ መክፈል ከሚኖርበት የገቢ ግብር የበለጠ እንደሆነ፤ በልዩነት የታየው የገንዘብ መጠን በግብር አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 51 መሠረት ሥራ ላይ ይውላል።

7/ በዚህ አንቀጽ "የንግድ ሥራ ገቢ ግብር" የሚለው አገላለጽ "የኪራይ ገቢ ግብር "የሚለውን አገላለጽ አካቶ ይህ አንቀጽ ለሠንጠረዥ "ለ" ግብር ከፋይም ተፈጻሚነት አለው።

8/ በዚህ አንቀጽ " ከፋፍሎ የመክፈያ ጊዜ" ማለት የግብር ከፋዩ የግብር ዓመት በሚመለከት በግብር ዓመቱ ውስጥ የመጀመርያው ስደስት ወር የሚያበቃበት መጨረሻ ቀን ነው።

**ምዕራፍ አሥር**

**ከተከፋይ ሂሳብ ላይ ግብርን ቀንሶ ስለማስቀረት**

**አንቀጽ 82. ከመቀጠር ከሚገኝ ገቢ ላይ ግብርን ቀንሶ ማስቀረት**

1/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ(2) እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ማንኛውም ቀጣሪ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 11 መሠረት ከመቀጠር የሚገኝ ግብር የሚከፈልበትን ገቢ ለተቀጣሪው በሚከፍልበት ጊዜ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 12 በተደነገገው መሠረት ተፈጻሚ በሚሆነው የግብር መጣኔ መሠረት በእያንዳንዱ የክፍያ ጊዜ መከፈል የሚኖርበትን የገቢ ግብር ከጠቅላላው ክፍያ ላይ ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ አለበት።

2/ ቀጣሪው ተቀጣሪው ከአንድ በላይ የሆነ ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ እንዳለው ያወቀና ሌላው ቀጣሪ ወይም ሌሎቹ ቀጣሪዎች በጠቅላላው የተቀጣሪው ገቢ ላይ ተመስረተው የገቢ ግብሩን ቀንሰው እንደማያስቀሩ ያወቀ እንደሆነ ቀጣሪው

ናይ ተቐፃሪ ኣታዊ ግብሪ ብምድማር ኣታዊ ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎም።

3/ ቖፃሪ ንተቖፃሪኡ ዝኸፍሎ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ንተቖፃሪኡ ካብ ዝፍፅሞ ክፍሊታት ብመስሪሒኡ ተቐናሲ ክኾኑ ካብ ዘለዎም ካልኦት ግቡኣት ቀዳምነት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 83.** <u>ኣብ ክልል ትግራይ ነበርቲ ንዘይኮኑ ሰባት ካብ ዝፍፀሙ ክፍሊታት ግብሪ ቀኒስካ ምትራፍ</u>

1/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብን ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብን ኣብዚ ክልል ንዝርከብ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ኣብዚ ክልል ነባራይ ንዘይኮነ ሰብ ብፅሒት ትርፊ ፣ ክፍሊት ንኡስ ተቛራፂ ስራሕ ፣ ወለድ ፣ ሮያሊቲ ፣ ክፍሊት ኣመራርሓ ስራሕ ፣ ክፍሊት ቴክኒክ ፣ ዕርቡን ቅድመ ክፍሊት መድሕን ወይ ካልኦት ኣታውታት ክፍሊት ዝፈፀመ እንተኾይኑ ከም ኣግባብነቱ ዓንቀፅ 37(4) ፣ 49(2) ፣ 52 ፣ 53 ፣ 54 ወይ 59 እዚ ኣዋጅ ብመሰረት ዝተደንገገ ምጣነ ግብሪ ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዘይኮነ ሰብ ካብ ዝፍፅሞ ጠቕላላ ክፍሊት ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ክሕዝ ኣለዎ።

2/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብን ኣብ ክልል ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ዘለዎ ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዘይኮነ መዘናግዒ ብመሰረት ዓንቀፅ 51 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈለሉ ክፍሊት ዝፈፀመ እንተኾይኑ ብመሰረት ዓንቀፅ 51(1) እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ምጣነ ግብሪ ንመዘናግዒ ካብ ዝፍፅሞ ጠቕላላ ክፍሊት ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ክሕዝ ኣለዎ።

የተቀጣሪውን ገቢ በማጠቃለል የገቢ ግብር ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ አለበት።

3/ ቀጣሪው ለተቀጣሪው ከሚከፍለው ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ ላይ ግብር ቀንሶ የማስቀረት ግዴታው ለሠራተኛው ከሚፈጽማቸው ክፍያዎች ላይ በቀጣሪው ተቀናሽ መደረግ ካለባቸው ሌሎች ግዴታዎች ቅድሚያ ይኖረዋል።

**አንቀጽ 83.** <u>በትግራይ ክልል ነዋሪ ላልሆኑ ሰዎች ከሚፈፀሙ ክፍያዎች ላይ ግብርን ቀንሶ ማስቀረት</u>

1.በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው እና በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በክልሉ ያለው በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት በክልሉ ነዋሪ ላልሆነ ሰው የትርፍ ድርሻ ፣ የንዑስ ሥራ ተቋራጭ ክፍያ ፣ የወለድ ፣ የሮያሊቲ ፣ የሥራ አመራር ክፍያ ፣ የቴክኒካል ክፍያ ወይም የመድን አረቦን ክፍያ ወይም የሌሎች ገቢዎች ክፍያ የፈፀመ እንደሆነ እንደ አግባብነቱ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 37(4) ፣ 49(2) ፣ 52 ፣ 53 ፣ 54 ወይም 59 በተደነገገው የግብር መጣኔ መሠረት በክልሉ ነዋሪ ላልሆነው ሰው ከሚፈጽመው ጠቅላላ ክፍያ ላይ የገቢ ግብር ቀንሶ መያዝ አለበት።

2/ የክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው እና በክልሉ በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት ያለው ነዋሪ ያልሆነ ሰው በክልሉ ነዋሪ ላልሆነ አዝናኝ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 51 መሠረት ግብር የሚከፈልበት ክፍያ የፈፀመ እንደሆነ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 51(1) በተደነገገው የግብር መጣኔ መሠረት ለአዝናኙ ከሚፈጽመው ጠቅላላ ክፍያ ላይ የገቢ ግብር ቀንሶ መያዝ አለበት።

3/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ዘይተኸፋፈለ ትርፊ ዘለዎ እንተኾይኑ ካብዚ ትርፊ ብመሰረት ዓንቀፅ 58 እዚ ኣዋጅ ቀኒሱ ክሕዝ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 84.**ካብ ብፅሒት ትርፊ ፣ ካብ ዘይተኸፋፈለ ትርፊ ፣ ካብ ወለድን ክፍሊታት ሮያሊትን ግብሪ ቀኒስካ ምትራፍ**

1/ ኣብ ክልልና ነባሪ ዝኾነ ሰብን ኣብ ክልልና ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ብመሰረት ዓንቀፅ 52 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፍሎ ክፍሊት ሮያሊቲ ኣብ ዝፍፀመሉ እዋን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነ ምጣነ ካብ ጠቕላላ ክፍሊት ቐኒሱ ክትርፍ ኣለዎ።

2/ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ትካል ከከም ኣግባብነቱ ብመሰረት ዓንቀፅ 53 ወይ ዓንቀፅ 58 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈለሉ ብፅሒት ትርፊ ክፍሊት ወይ ዘይተኸፋፈለ ትርፊ ኣብዚ ክልል ነባሪ ንዝኾነ ሰብ እንትፍፅም ወይ እንትሕዝ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነ ምጣነ ግብሪ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎ።

3/ኣብዚ ክልል ነባሪ ዝኾነ ሰብ ወይ ኣብዚ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ ብቐዋሚ ዝሰርሕ ትካል ብመሰረት ዓንቀፅ 54 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኸፈለሉ ወለድ ዝኸፈለ ወይ ዘይተኸፋፈለ ትርፊ እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነ ምጣነ ግብሪ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 85. **ኣብ ዉሽጢ ሃገር ካብ ዝፍፀሙ ክፍሊታት ግብሪ ቀኒስካ ምትራፍ**

1/ ደቀቕቲ ትካላት ንግዲ እንተይሓወሰ ትካል ፣ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ፣ ንትርፊ ዘይተጣየሸ ትካል ፣ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ከምኡ እዉን በዓል መዚ ብዘዉፅኦ መምርሒ ግብሪ ቀኒሶም ንክትርፉ ሓላፍነት ዝተዉሃቦም

3/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው ያልተከፋፈለ ትርፍ ያለው እንደሆነ ከዚህ ትርፍ ላይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 58 በተደነገገው መሰረት ግብሩን ቀንሶ መያዝ አለበት

**አንቀጽ** 84. **ከትርፍ ድርሻ፣ ካልተከፋፈለ ትርፍ፣ ከወለድ እና ከሮያሊቲ ክፍያዎች ላይ ግብር ቀንሶ ማስቀረት**

1/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው እና በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 52 መሠረት ግብር የሚከፈልበት የሮያሊቲ ክፍያ በሚፈፅምበት ጊዜ በዚያው አንቀጽ በተወሰነው መጣኔ መሠረት ግብሩን ከጠቅላላው ክፍያ ላይ ቀንሶ ማስቀረት አለበት።

2/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ድርጅት እንደ አግባብነቱ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 53 ወይም አንቀጽ 58 መሠረት ግብር የሚከፈልበት የትርፍ ድርሻ ክፍያ ወይም ያልተከፋፈለ ትርፍ በክልሉ ነዋሪ ለሆነ ሰው ሲፈጽም ወይም ሲይዝ በዚያው አንቀጽ በተወሰነው መጣኔ መሠረት ግብር ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ አለበት።

3/ በክልሉ ነዋሪ የሆነ ሰው ወይ በክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 54 መሠረት ግብር የሚከፈልበት ወለድ የከፈለ ወይም ያልተከፋፈለ ትርፍ እንደሆነ በዚያው አንቀጽ በተወሰነው የግብር መጣኔ መሠረት ግብሩን ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ** 85. **በሀገር ውስጥ ከሚፈፀሙ ክፍያዎች ላይ ግብር ቀንሶ ስለማስቀረት**

1/ ከጥቃቅን የንግድ ድርጅቶች በስተቀር ድርጅት፣ የመንግሥት መስሪያ ቤት፣ ለትርፍ ያልተቋቋመ ድርጅት ወይም መንግስታዊ ያልሆነ ድርጅት እንዲሁም ባለሥልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ ግብር ቀንሰው እንዲያስቀሩ ኃላፊነት

ከፈልቲ ግብሪ ንዝስዕቡ ልውውጣት ዕዳጋ ካብ ዝፍፅምሎም ጠቕላላ ክፍሊት 2% ግብሪ ቀኒሶም ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎም፡-

ሀ) ኣብ ዉሽጢ እዚ ሃገር ካብ ሓደ ግዝኢት ወይ ኣብ ሓደ ዉዕሊ ቀረብ ኣቕሓ ልዕሊ ብር 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ንዝኾነ ቀረብ ኣቕሓ ንዝፍፀም ክፍሊት፣

ለ) ኣብ ዉሽጢ እዚ ሃገር ኣብ ሓደ ግልጋሎት ዉዕሊ ካብ ብር 3,000.00 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ንላዕሊ ዝፍፀም ክፍሊት፣

2/ ኣቕሑት ወይ ግልጋሎታት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ካብ ዝተመልከተ ብዝንእስ መጠን ገንዘብ ተነፃፂሎም እንተቐሪቦምን እዞም ኣቕሑት ወይ ግልጋሎታት ብስሩዕ ኣሰራርሓ ኣብ ሓደ ቀረብ ከምዝቐርቡን ነቲ ቀረብ ዝኽፈሎ ገንዘብ እውን ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ካብ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ከምዝበልፅ ዝግመት እንተኾይኑ ፣ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ይኸውን።

3/ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ፣ በዓል መዚ መጠን ዘይተኸፈለ ግብሪ ብምዉሳንን መፍለጢ ፅሑፍ ብምሃብን ዘይተኸፈለ ተቐኒሱ ክተሓዝ ዝነበሮ ግብሪ ካብ መቕረቢ ወይ ዓዳጊ ክኽፍል ይኽእል።

4/ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ተፈፃሚ ዝኾነሉ መቕረባይ ግብሪ ቀኒሱ ንዘትርፍ ሰብ መፍለይ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ ዘይሃበ እንተኾይኑ ግብሩ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ዘለዎ ሰብ ካብ ዝፍፅሞ ጠቕላላ ክፍሊት 30% (ሰላሳ ሚኢታዊ) ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ኣለዎ።

የተሰጣቸው ግብር ከፋዮች ለሚከተሉት ግብይቶች ከሚፈጽሙት ጠቅላላ ክፍያ ላይ 2% ግብር ቀንሰው የማስቀረት ግዴታ አለባቸው፡-

ሀ) በዚህ ሀገር ውስጥ በአንድ ግዥ ወይም በአንድ የዕቃ አቅርቦት ውል ከብር 10,000.00 (አሥር ሺህ) በላይ ለሆነ የዕቃ አቅርቦት ለሚፈፀም ክፍያ፣

ለ) በዚህ ሀገር ውስጥ በአንድ የአገልግሎት ውል ከብር 3,000.00 (ሶሦት ሺህ ብር) በላይ በሚፈፀም ክፍያ፣

2/ ዕቃዎች ወይም አገልግሎቶች በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ከተመለከተው ገንዘብ በሚያንስ መጠን ተነጣጥለው ሲቀርቡና እነዚህ ዕቃዎች ወይም አገልግሎቶች በመደበኛው አሰራር በአንድ አቅርቦት እንደሚቀርቡና ለአቅርቦቱ የሚከፈለው ገንዘብም በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ከተወሰነው የገንዘብ መጠን እንደሚበልጥ የሚገመት ከሆነ፣ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ተፈጻሚ ይሆናል።

3/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 2 ተፈጻሚ በሚሆንበት ጊዜ፣ ባለሥልጣኑ ያልተከፈለውን የግብር መጠን በመወሰን እና የጽሑፍ ማስታወቂያ በመስጠት ያልተከፈለውን ተቀንሶ መያዝ የነበረበትን ግብር ከአቅራቢው ወይም ከገዥው ላይ ለማስከፈል ይችላል።

4/ የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 ተፈጻሚ የሚሆንበት አቅራቢ ግብር ቀንሶ ለሚያስቀረው ሰው የግብር ከፋይ መለያ ቁጥሩን ያልሰጠ እንደሆነ ግብሩን ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ ያለበት ሰው ከሚፈጽመው ጠቅላላ ክፍያ ላይ 30% (ሰላሳ በመቶ) ቀንሶ የማስቀረት ግደታ አለበት።

5/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (4) እዚ ዓንቀፅ ተታሒዙ ዝኽፈል ግብሪ ፣

ሀ) መቕረባይ ካብቲ ቀረብ ዝረኸቦ ኣታዊ ዝምልከት ናይ መወዳእታ ግብሪ ይኸዉን።

ለ) ብመምርሒ ወይ ብምምሕዳራዊ ዉሳነ ክተርፍ ምግባር ኣይከኣልን።

6/ ብንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ እቲ በዓል መዚ ብመምርሒ ክልዉጦ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 86. <u>ካብ ኣታዊ ስራሕኻ ግብሪ ቀኒስካ ምሓዝ</u>**

1/ ብዝኾነ ሕጊ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ንዘይብሉ ቖፃሪ ዝሰርሕ ሰብ ካብዞም ትካላት ካብ ዝቕበሎ ካብ ቁፃር ዝርከብ ኣታዊ ብመሰረት ድንጋገ ዓንቀፅ 82 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምሓዝ ግቡእ ኣለዎ።

2/ ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ ኣብዚ ክልል ነባራይ ዝኾነን ኣታዊ ዝረኸበ ሰብ ብመሰረት ዓንቀፅ 84 እዚ ኣዋጅ ባዕሉ ግብሩ ቀኒሱ ክትርፍ ኣለዎ፡-

ሀ)ብመሰረት ዓንቀፅ 52 ወይ 54 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊ ዝኸፍል ሰብ ኣብ ዉሽጢ ክልልና ብቐዋምነት ዝሰርሕ ትካል ዘይብሉን ኣብቲ ክልል ነባሪ ዘይኮነ ሰብ እንትኾን፣ ወይ

ለ) ብመሰረት ዓንቀፅ 53 እዚ ኣዋጅ ግብሪ ዝኽፈለሉ ኣታዊ ዝኸፍል ሰብ ኣብ ዉሽጢ እዚ ክልል ነባራይ ንዘይኮነ ትካል እንትኸውን፣

**ዓንቀፅ 87. <u>ብዛዕባ ካብ ግብሪ ናፃ ኣብ ዝኾኑ ኣታዊታት ግብሪ ተቐኒሱ ዘይትሓዝ ምዃኑ</u>**

ብመሰረት እዚ ክፍሊ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ዘለዎ ሰብ ካብ ግብሪ ናፃ ኣብ

5/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 4 መሠረት ተይዞ የሚከፈለው ግብር፡-

ሀ) አቅራቢው ከአቅርቦቱ የሚያገኘውን ገቢ በተመለከተ የመጨረሻ ግብር ይሆናል።

ለ) በመመሪያ ወይም በአስተዳደራዊ ውሳኔ ቀሪ ሊደረግ አይችልም።

6/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተወሰነውን የገንዘብ መጠን ባለስልጣኑ በመመሪያ ሊለውጠው ይችላል።

**አንቀጽ 86. <u>ከራስ ገቢ ላይ ግብር ቀንሶ ስለመያዝ</u>**

1/ በማናቸውም ህግ ከመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ ግብር ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ ለሌለበት ቀጣሪ የሚሰራ ሰው ከእነዚህ ተቋማት ከሚቀበለው ከመቀጠር የሚገኝ ገቢ ላይ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 82 በተደነገገው መሠረት ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ አለበት።

2/ ከዚህ በታች የተዘረዘሩት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ በክልሉ ነዋሪ የሆነ እና ገቢውን ያገኘው ሰው በዚህ አዋጅ አንቀጽ 84 መሠረት ራሱ ግብሩን ቀንሶ ማስቀረት አለበት፡-

ሀ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 52 ወይም 54 መሠረት ግብር የሚከፈልበትን ገቢ የሚከፍለው ሰው በክልሉ ውስጥ በቋሚነት የሚሠራ ድርጅት የሌለውና የክልሉ ነዋሪ ያልሆነ ሰው ሲሆን፣ ወይም

ለ) በዚህ አዋጅ አንቀጽ 53 መሠረት ግብር የሚከፈልበትን ገቢ የሚከፍለው ሰው በክልሉ ውስጥ ነዋሪ ያልሆነ ድርጅት ሲሆን፣

**አንቀጽ 87. <u>ከግብር ነፃ በሆኑ ገቢዎች ላይ ግብር ተቀንሶ የማይያዝ ስለመሆኑ</u>**

በዚህ ክፍሊ መሠረት ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ ያለበት ሰው ከግብር ነፃ በሆነ ገቢ ላይ ግብር

ዝኾነ ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ምሓዝ ኣይኽእልን።

**ዓንቀፅ 88. ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ተኸፊሉ ዝበሃለሉ እዋን**

ንኣፈፃፅማ ምዕራፍ እዚ ኣዋጅ እንትበሃል ፣ ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምሓዝ ግቡእ ንዘለዎ ሰብ ተኸፊሉ ዝበሃል ካብዞም ዝስዕቡ ሓዲኡ እንትፍፀም እዩ፡-

1/ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ክፍሊት ንዝፍፀመሉ ሰብ ብቐጥታ እንትኽፈሎ፣

2/ ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ብትእዛዝ ተኸፋሊ ወይ ብመሰረት ሕጊ ብሽም ተኸፋሊ እንትኽፈል፣

3/ ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ንጥቅሚ ተኸፋሊ እንትበሃል ኣብ ስራሕ እንተውዒሉ፣ እንተተዓቝሩ ወይ ንመርከቢ ካፒታል ሃፍቲ እንትዉዕል፣

4/ ግብሪ ተቐናሲ ዝግበረሉ ኣታዊ ንጥቅሚ ተኸፋሊ እንትበሃል ብሽም ተኸፋሊ እንትተሓዘሉ ።

**ዓንቀፅ 89. ግብሪ ተቐኒሱ ምሓዙ ዘረጋግፅ ቅብሊት ምሃብ**

ካብ ክፍሊት ግብሪ ተቐኒሱ ኣብ ዝተሓዘሉ እዋን ፣ ግብሪ ቀኒሱ ዝሕዝ ሰብ ክፍሊቱ ንዝቕበሎ ሰብ ብመሰረት በዓል መዚ ዘውፅኦ መምርሒ ተቐኒሱ ምሓዙ ዘረጋግፅ ቅብሊት ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 90.ምኽፋል ተቐኒሱ ዝተትሓዘ ግብሪ**

1/ ዝኾነ ግብሪ ቀኒሱ ናይ ምትራፍ ግቡእ ዘለዎ ሰብ ካብ ዝኸፍሎ ገንዘብ ቀኒሱ ዘትረፎ ግብሪ ክፍሊት ካብ ዝፈፀመሉ ወርሒ ቀፂሉ ኣብ ዘሎ 30(ሰላሳ) መዓልቲ ፣ ንበዓል መዚ ክኸፍል ኣለዎ።

ቀንሶ መያዝ አይችልም።

**አንቀጽ 88. ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ ተከፈለ ስለሚባልበት ጊዜ**

ለዚህ የአዋጁ ምዕራፍ አፈጻጸም ሲባል፣ ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ ባለበት ሰው ተከፈለ የሚባለው ከሚከተሉት አንዱ ሲፈጸም ነው፡-

1/ ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ ክፍያ ለሚፈጸምለት ሰው በእርግጥ ሲከፈል፤

2/ ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ በተከፋዩ ትዕዛዝ ወይም በሕግ መሠረት በተከፋዩ ስም ሲከፈል፣

3/ ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ ለተከፋዩ ጥቅም ሲባል ሥራ ላይ ከዋለ፣ ከተጠራቀመ፣ ወይም ለካፒታል ሀብት ማግኛ ሲውል፣

4/ ግብር ተቀናሽ የሚደረግበት ገቢ ለተከፋዩ ጥቅም ሲባል በተከፋዩ ስም ሲያዝለት።

**አንቀጽ 89. ግብር ተቀንሶ መያዙን የሚያረጋግጥ ደረሰኝ ስለመስጠት**

ከአንድ ክፍያ ላይ ግብር ተቀንሶ በሚያዝበት ጊዜ፣ ግብሩን ቀንሶ የሚይዘው ሰው ክፍያውን ለሚቀበለው ሰው ባለሥልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ መሠረት ግብር ተቀንሶ መያዙን የሚያረጋግጥ ደረሰኝ የመስጠት ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 90. ተቀንሶ የተያዘውን ግብር ስለመክፈል**

1/ ማንኛውም ግብር ቀንሶ የማስቀረት ግዴታ ያለበት ሰው ከሚከፍለው ገንዘብ ላይ ቀንሶ የሚያስቀረውን ግብር ክፍያ ከፈፀመበት ወር በኋላ ባለው 30 (ሰላሳ) ቀናት ውስጥ ፣ ለባለሥልጣኑ መክፈል ይኖርበታል።

2/ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ተቐኒሱ ዝሓዝ ግብሪ ዝኽፍል ግቡእ ግብሪ ቀኒሱ ምትሓዝ ዘለዎ ሰብ ተቐናሲ ኮይኑ ንዝተትሓዘ ግብሪ ብመሰረት ዝፀደቐ ቅጥዒ ንበዓል መዚ ናይ ምፍላጥን እቲ ግብሪ ሓቢሩ ናይ ምኽፋልን ግቡእ ኣለዎ።

3/ ዝኾነ ግብሪ ቀኒሱ ግቡእ ምሓዝ ዘለዎ ሰብ፡-

ሀ) ብመሰረት ድንጋገ ምዕራፍ እዚ ኣዋጅ ግብሪ ቀኒሱ ዘይሓዘ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ) ቀኒሱ ዝሓዞ ግብሪ ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ንበዓል መዚ ዘይከፈለ እንተኾይኑ ፤ ንበዓል መዚ ክኸፍል ዘለዎ ግብሪ ብዝምልከት ተሓታቲ ይኸውን።

4/ ዝኾነ ግብሪ ቀኒሱ ግቡእ ምሓዝ ዘለዎ ሰብ ብምኽንያት ግብሩ ቀኒሱ ዘይምሓዙ ብንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ንዝተመልከተ መጠን ግብሪ ተሓታቲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንሱ ዝኸፈሎ ግብሪ ክፍሊት ካብ ዝተፈፀመሉ ሰብ መሰል ምምላስ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 91.<u>ተቐኒሱ ንዝተትሓዘ ግብሪ ዝወሃብ መኪሓሓሲ ግብሪ</u>**

1/ ብመሰረት እዚ ክፍሊ ካብ ኣታዊ ዝተቐነሰ ግብሪ ብመሰረት ዓንቀፅ 11(5) ወይ 60(2) እዚ ኣዋጅ ናይ መወዳእታ ግብሪ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን ከፋሊ ግብሪ ተቐኒሱ ንዝተትሓዘ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ መሰል ምርካብ መካሓሐሲ ኣለዎ።

2/ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተኸፈለ ግብሪ ካብ ከፋሊ ግብሪ በብዓመቱ ካብ ዝድለ መጠን ግብሪ ዝናኣሰ እንተኾይኑ ከፋሊ ግብሪ ኣታዊኡ ኣብ ዘፍልጠሉ እዋን

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት ተቀንሶ የሚያዝ ግብር የሚከፍል ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ ያለበት ሰው ተቀናሽ ተደርጎ የተያዘውን ግብር በፀደቀው ቅጽ መሠረት ለባለሥልጣኑ የማስታወቅና ግብሩን አብሮ የመክፈል ግዴታ አለበት።

3/ ማንኛውም ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ ያለበት ሰው፡-

ሀ)በዚህ የአዋጁ ምዕራፍ በተደነገገው መሠረት ግብር ቀንሶ ያልያዘ ከሆነ፣ ወይም

ለ) ቀንሶ የያዘውን ግብር በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) በተደነገገው መሠረት ለባለሥልጣኑ ያልከፈለ እንደሆነ፤ ለባለሥልጣኑ መክፈል የሚኖርበትን ግብር በተመለከተ ኃላፊ ይሆናል።

4/ ግብር ቀንሶ የመያዝ ግዴታ ያለበት ሰው ግብሩን ቀንሶ ባለመያዙ ምክንያት በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 ለተመለከተው የግብር መጠን ኃላፊ በሚሆንበት ጊዜ እርሱ የከፈለውን ግብር ክፍያ ከተፈጸመለት ሰው ላይ የማስመለስ መብት አለው።

**አንቀጽ 91. <u>ተቀንሶ ለተያዘ ግብር የሚሰጥ የግብር ማካካሻ</u>**

1/ በዚህ ክፍል መሠረት ከገቢ ላይ የተቀነሰው ግብር በዚህ አዋጅ አንቀጽ 11(5) ወይም 60(2) መሠረት የመጨረሻ ግብር በማይሆንበት ጊዜ ግብር ከፋዩ ተቀንሶ ለተያዘው ግብር በግብር ዓመቱ ማካካሻ የማግኘት መብት አለው።

2/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት የተከፈለው ግብር ከግብር ከፋዩ ላይ በዓመቱ ከሚፈለገው የግብር መጠን ያነሰ እንደሆነ ግብር ከፋዩ ገቢውን በሚያስታውቅበት ጊዜ በልዩነት

ብኣፈላላይ ዝድለ ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

3/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተኸፈለ ግብሪ ካብ ክፋሊ ግብሪ ኣብቲ ዓመት ግብሪ ካብ ዝኸፈል መጠን ግብሪ በሊፁ እንተተረኺቡ ብሕልፊ ዝተኸፈለ ግብሪ ብመሰረት ድንጋገ ዓንቀፅ 51 ኣዋጅ ምምሕደራ ግብሪ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 92. ስልጣን ምውፃእ ደንብን መምርሕን**

1/ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ደምቢ የውፅእ።

2/ ኣብ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ንበዓል መዚ ዝተውሃቡ ስልጣን ምውፃእ መምርሕታት ሕሉዋት ኮይኖም ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ንዝወፅእ ደንብን ኣድለይቲ ዝኾኑ ካልኦት መምርሕታት በዓል መዚ ናብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ እናቕረበ የፅድቕ።

**ዓንቀፅ 93. ዝተስዓሩን ተፈፃምነት ዘይህልዎምን ሕግታት**

1/ ኣብ ዓንቀፅ 94 እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ካብዚ ንዳሓር "ዝተስዓረ ሕጊ" ተባሂሉ ዝጥቀስ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 281/2008 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

2/ ነዚ ኣዋጅ ዝፃባእ ዝኾነ ካልእ ሕጊ ኣብዚ ኣዋጅ ብዝተመልከቱ ዋኒናት ተፈፃሚ ኣይኾኑን።

የሚፈለገውን ግብር የመክፈል ግዴታ አለበት።

3/ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት የተከፈለው ግብር ከግብር ከፋዩ ላይ በግብር ዓመቱ ከሚፈለገው የግብር መጠን በልጦ የተገኘ እንደሆነ በብልጫ የተከፈለው ግብር በግብር አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 51 በተደነገገው መሠረት ተፈጻሚ ይሆናል።

**ምዕራፍ አሥራ አንድ**

**ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች**

**አንቀጽ 92. ደንብና መመሪያዎችን የማውጣት ሥልጣን**

1/ለዚህ አዋጅ ትክክለኛ አፈጻፀም ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ደንብ ያወጣል።

2/በዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች ለባለስልጣኑ የተሰጡ መመርያዎች የማውጣት ስልጣን እንደተጠበቀ ሆኖ ለዚህ አዋጅና በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 መሠረት ለሚወጣው ደንብ ትኽክለኛ አፈፃፀም አስፈላጊ የሆኑ ሌሎች መመሪያዎችን ከስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት እያቀረበ ያፅድቃል።

**አንቀጽ 93. የተሻሩ እና ተፈጻሚነት የማይኖራቸው ሕጎች**

1/ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 94 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ከዚህ በኋላ" የተሻረ ህግ" ተብሎ የሚጠቀስ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 281/2008 በዚህ አዋጅ ተሽረዋል።

2/ ይህን አዋጅ የሚቃረን ሌላ ማንኛውም ሕግ በዚህ አዋጅ በተመለከቱት ጉዳዮች ላይ ተፈጻሚ አይሆንም።

ዓንቀፅ 94. መሰጋገሪ ድንጋገታት

1/ ብኣዋጅ ምምሕዳር ግብሪ ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ፣ እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ምኻን ካብ ዝጅምረሉ ዓመት ግብሪ ቅድሚኡ ንዘሎ ዓመት ግብሪ በዚ ኣዋጅ ዝተስዓሩ ሕግታት ተፈፃምነቶም ይቕፅል።

2/ ኣብዚ ኣዋጅ "ሕሉፍ ዓመት ግብሪ ዝብል" ኣገላልፃ ከምኣግባብነቱ በቲ ዝተስዓረ ሕጊ ዘሎ ዓመት ግብሪ እውን ይሓውስ።

3/ ብመሰረት ዓንቀፅ 69 እዚ ኣዋጅ ቅድም ክብል ዝተገበረ ተቐናሲ ፣ ወፃኢ ፣ ክሳራ ወይ ዘይእከብ ዕዳ ዝብል ኣገላልፃ ብመሰረት ዝተስዓረ ሕጊ ንዝተቐነሰ ወፃኢ ፣ ክሳራ ወይ ዘይእከብ ዕዳ እውን ይሓውስ።

4/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ መግለፂ ትርፍን ክሳራን ወይ መግለፂ ኣታዊ ብመሰረት ኣዋጅ ኣደላልዋን ኣቀራርባን ፀብፃብ ፋይናንስ ዝዳሎ ብመሰረት ቦርድ ኣታሕዛ ሒሳብን ኦዲትን ኢትዮጵያ ዘውፅኦ ግዜ ሰሌዳ ይኸውን። እቲ ሰደቓ ግዜ ተፈፃሚ ክሳብ ዝኸውን እቲ ዝተስዓረ ሕጊተፈፃምነቱ ይቕፅል፤

5/ ኣብ ዓንቀፅ 4 እዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ብርኪ ከፈልቲ ግብሪ ዝምልከት ድንጋገ በዓል መዚ ካብ 1 ሓምለ 2009 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን። ክሳብ 30 ሰነ 2009 ዓ.ም ንዘሎ ግዜ ብርክታት ከፈልቲ ግብሪ ዝምልከት እቲ ዝተስዓረ ሕጊ ተፈፃሚ ይኸውን፤

6/ ብመሰረት ዝተስዓረ ሕጊ ዝወፀ ደንብን መምርሒታትን ነዚ ኣዋጅ ክሳብ ዘይተፃብኡን ብካልእ ደንብን መምርሒታትን ክሳብ ዝትክኡ እዚ ኣዋጅ ካብዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ንዝቕፅሉ ዓሰርተ ኽልተ ኣዋርሕ ተፈፃምነቶም ይቕፅል።

አንቀጽ 94. የመሸጋገሪያ ድንጋጌዎች

1/ በግብር አስተዳደር አዋጅ የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ይህ አዋጅ ተፈጻሚ መሆን ከሚጀምርበት የግብር ዓመት በፊት ላለው የግብር ዓመት በዚህ አዋጅ የተሻሩ ሕጎች ተፈፃሚነት ይቀጥላል።

2/ በዚህ አዋጅ "ያለፈው የግብር ዓመት" የሚለው አገላለፅ እንደ አግባብነቱ በተሻረው ህግ ያለውን የግብር ዓመትም ይጨምራል።

3/ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 69 መሠረት ቀደም ሲል የተደረገ ተቀናሽ፣ወጪ፣ ኪሳራ ወይም የማይሰበሰብ እዳ የሚለው አገላለጽ በተሻረው ሕግ መሠረት የተቀነሰን ወጪ፣ ኪሳራ ወይም የማይሰበሰብ ዕዳን ይጨምራል።

4/በዚህ አዋጅ መሠረት የትርፍ እና ኪሣራ ወይም የገቢ መግለጫ በፋይናንስ ሪፖርት አዘገጃጀትና አቀራረብ አዋጅ መሠረት የሚዘጋጀው በኢትዮጵያ የሂሣብ አያያዝና ኦዲት ቦርድ በሚያወጣው የጊዜ ሰሌዳ መሠረት ይሆናል። የጊዜ ሰሌዳው ተፈጻሚ እስከሚሆን ድረስ የተሻረው ሕግ ተፈጻሚነት ይቀጥላል።

5/ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 4 ላይ የተደነገገው የግብር ከፋዮች ደረጃ ከሐምሌ1/2009 ዓ.ም ጀምሮ ተፈጻሚ ይሆናል። እስከ ሰኔ 30/2009 ዓ.ም ድረስ ላለው ግዜየግብር ከፋዮች ደረጃ በሚመለከት የተሻረው ሕግ ተፈጻሚ ይሆናል።

6/ በተሻሩ ህጎች መሰረት የወጡ ደምቦች እና መመሪያዎች ከዚህ አዋጅ ጋር እስካልተቃረኑ እና በሌሎች ደምቦች እና መመሪያዎች እስከሚተኩ ድረስ ይህ አዋጅ ከወጣበት ግዜ ጀሚሮ ለሚቀጥሉት አስራ ሁለት ወራት ተፈፃሚነታቸው ይቀጥላል።

**ዓንቀፅ 95.** <u>ኣዋጅ ዝፀንዐሉ እዋን</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ ጥቅምቲ 18 /2009 ጀሚሩ ኣብ ዝተረኸበ ኣታዊ ተፈፃሚ ይኸውን።

ኣባይ ወልዱ

ፕሬዚዳንት

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

<u>መቐለ</u>

**አንቀጽ 95.** <u>**አዋጁ የሚፀናበት ቀን**</u>

ይህ አዋጅ ከጥቅምት 18 /2009 ዓ.ም ጀምሮ በተገኘ ገቢ ላይ ተፈጻሚ ይሆናል።

ኣባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዚዳንት

<u>መቐለ፣</u>